ንዓለም ኣይትፍተውዋ

ዎችማን ኒ

ትርጉም፡ ክፍሉ ገብረመስቀል

WATCHMAN NEE

LOVE NOT THE WORLD

© Angus I. Kinnear 1968

VICTORY PRESS
London and Eastbourne

ዶ/ር ክፍሉ ገብረመስቀል
ቁ.ሳ.ጾ. 2809
ኣስመራ ኤርትራ

ሰሌዳ ትሕዝቶ

መእተዊ iv

ምዕራፍ ሓደ፡ ብድሕሪ እቲ ስርዓት ዘለሙ ሓሳብ 1

ምዕራፍ ክልተ፡ ካብ ኣምላኽ እናረሓቐ ዝኸይድ ዝንባለ 8

ምዕራፍ ሰለስተ፡ ኣብ ትሕቲ ማይ ዘላ ዓለም 16

ምዕራፍ ኣርባዕተ፡ ንዓይ እተሰቐለት 25

ምዕራፍ ሓሙሽተ፡ እትፍለየሉ መለለዪ 32

ምዕራፍ ሽዱሽተ፡ ብርሃናት ዓለም 38

ምዕራፍ ሸውዓተ፡ ርእሰኻ ምእርናብ 44

ምዕራፍ ሸሞንተ፡ ሓድሕዳዊ ሕዳሰ 50

ምዕራፍ ትሽዓተ፡ ትእዛዝተይ ኣብ ልቦም 56

ምዕራፍ ዓስርተ፡ ሓይሊ እታ እትመጽእ ዓለም 63

ምዕራፍ ዓስርተ ሓደ፡ ኑዚ ሰራቒ ምብዝባዝ 70

መእተዊ

እቲ ዝበገሐ ክፉል ናይዛ መጽሓፍ ካብቲ ኒ ቶ-ሸንግ ብዎችማን ኒ ዝፍለጥ ናይ ኣምላኽ ሰብ ብዓል ኩተማ ፉችው፡ ነቶም ኣብ ኩተማ ሻንግሃይ ኣብ እዋን ምጅማር ውግእ ፓይኒጂፓን ዝነበሩ ኣመንቲ ብተኸታታሊ ካብ ዘቕረቦ ኣስተምህሮታት ዝተዋጽኤ እዩ። በዚ ምኽንያት እዚ እዩ ኸኣ ኣብ ገለ ክፍሊ እቲ ጽሑፍ እቲ ሽው ዝነበረ ቁጠባዊ ጸገም ዝንጸባረቐ። ብተወሳኺ ካብ 1938 ክሳዕ 1941 ኣብ ዝነበረ እዋን፡ ዎችማን ኒ ኣብ ዝተፈላለየ ቦታታት ብተመሳላሊ ኣርእስቲ ዘቕረቦ ትምህርትታት የጠቓልል። ንኣብነት ምዕራፍ ሰለስተ፡ ብግንቦት 1939 ኣብ ኩተማ ለንደን ኣብ ዝተገብረ ስርዓት ማይ ጥምቀት ካብ ዝሰበኾ ኣስተምህሮ ዝተበገሰ እዩ። ነዚ መጽሓፍ ክጽሕፎ ዝኸኣልኩ ኸኣ፡ ብዙሓት ኣሕዋት ብኢዶም ጽሒፎም ካብ ዘትረፍዎ መዘክርታ ክጥቀም ሰለ ዘፍቀዱለይ ኩይኑ፡ ምስጋናይ ንዓኣቶም ዓቢ እዩ።

ደራሲ፡ ንዓለም ክንዮ እቲ ዝርኤ ዘላ ክንዓቕ ዘይኽእል ሓይሊ ዘለዋ መንፈሳዊት ኣሃዱ ገይሩ እዩ ዘቕርባ። ንሳ ኣብ ህይወት እቲ ክርስትያን ብሓደ ሽንኽ፡ በቲ ሓደ ኸኣ ንሱ ኣብ ልዕሊኣ ዘለው ጽልዋታት ኣመልኪቱ ይጽሕፍ። ከመይ ገይሩ እቲ ኣማኒ ነቲ ተጋሪ፟ፍዊ ዝመስል ተራታት ማለት ክፍለን ክሳተፍን ከም ዘለዎ፡ በዚ ኸኣ ንሱ 'ክገዝእ' ከም ዝተመደበ የረድኣ። ከም ልማዱ፡ ዎችማን ኒ ካብ ካልእ ዘይተለቐሐ መበቆላዊ ዝኾነ ምግላጽን ኣተሓሳስባን ብምንጽብራቕ፡ ልብን ሓሳብን ኣንበብቲ ንውሳነ ዝቕሰብ ገይሩ ኣቕሪብዎ ኣሎ። ምንም እኳ፡ እቲ ምዕራፋት ካብዝን ካብትን ተዋጺኡ ዝተጠርነፈ እንተኾነ፡ ሓፈሻዊ ትሕዝቶ ናይታ መጽሓፍ ግን ውህደት ዘለዎ ኩይኑ እቲ ናይ ኣምላኽ ሰብ ኣብ ዓለም ክህልዎ ዝግባእ ስእሊ ኣጸቢቑ ዘረድኣ ክኸውን ጸሎተይ እዩ። ብተወሳኺ ከኣ፡ ነቶም ስም ክርስቶስ እንሰሚ ኾላትና ኣብ ዓለም ዘሎና ምምልላስ ትብዓት ዝመልኣን ኣምንታዊን ክኸውን፡ ኮሉ እንነብሮ ድማ ብመንጽር እቲ ኣምላኽ በቲ ፍቁር ወዱ ዝገብሮ ዘሎ ዘልኣለማዊ መደቡ ክኸውን ዝጽውዕ እዩ።

ኣንገስ ኣይ.ኪንያር
ለንደን 1968

– ምዕራፍ ሓደ –

ብድሕሪ እቲ ስርዓት ዘለሙ ሓሳብ

«ፍርዲ እዛ ዓለም እዚኣ ሕጂ በጽሒ። ገዛኢ እዛ ዓለም እዚኣ ሕጂ ንወጸኢ ኺድርበ እዩ። ኣነውን ካብ ምድሪ ልዕል ምስ በልኩ ንኹሉ ናባይ ክስሕቦ እየ።» ዮሃ 12፡31-32

ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ነዘን ቃላት ዝተዛረበን ኣብ ሓደ ወሳኒ ነጥቢ ናይ ኣገልግሎቱ ምስ በጽሔ እዩ ነይሩ። ንየሩሳሌም ብዓቢ ዓጀብ ተሰንዩ እዩ ኣትዩ ግን ብኡ ንብኡ ኽኣ ብዛዕባ ሞቱ እዩ ኣተንቢሁ፡ ሰማይ ድማ ምስቲ ሓሳብ ከም ዝተሰማምዐ ብጋህዲ ኣፍለጠ። ሽው ኽኣ እዩ ነዚ ክልተ ክፋል ዘለዎ ዓቢ መግለጺ ዝተዛረበ። ነቶም ኣዓጂቦሞ ናብ የሩሳሌም ዝኣተዉ፡ እቲ እተዛረቦ እንታይ ዓይነት መልእኽቲ ኸኮን ኣመሓላሊፍሎም ይኽውን ኢልና ርእስና ንሓትት ንኽውን። ተረዲእዎም እንተ ኾይኑ እቲ ቃል ንመብዛሕትኦም ኣንጻር እቲ ተሰፋ ዝገበርዎን ዝተጸበይዎን ዝኾነ ሓደ ርድኢት ከይሓደገሎም ኣይተርፍን እዩ። ነቶም ኣስተውዓልቲ ግን ብኽመይ ኣገባብ ከም ዝመውት ዘነጽር እዩ ነይሩ (ዮ 33)።

እዚ ቃል ምንም እኳ ንናይ ገለ ትጽቢታት ዘፍርስ እንተ ነበረ ኣብ ክንድኡ ግና ግሩምን ርጉጽን ዝኾነ ተስፋ ዝህብ እዩ ነይሩ። ምኽንያቱ ካብቲ እቶም ሃገራውያን ኣይሁድ ዝጽበይዎ ዝነበሩ ሓርነትን መንግስትን ንላዕሊ ዝበለጸ ዘበለጸ ብምኻኑ። «ኣነ'ውን ...» ብምባሉ ኽኣ ዘይከምቲ ኣቕዲሙ ዝተዛረቦ ቃላት፡ ንርእሱ ኣንጻር እቲ ደመኛ ጸላኢኡ፡ ገዛኢ እዛ ዓለም እዚኣ ዝበሉ ሰይጣን ንመኽተ ደዉ ኣበለ። ክሳዕ ሞት ተኣዚዙ፡ እዚ ናይ እግዚኣብሄር ስርናይ ወዲቹ፡ ነቲ ዕቡይ ገዛኢ እዛ ዓለም በቲ መስቀል ሰዒሩ ነቲ ብጸቕጥን ብፍርሃትን ነዛ ዓለም ዝገዝኣሉ ዝነበረ መስርሕ መወዳእታ ክገብረሉ እዩ። ብትንሳኤኡ ኽኣ ጽድቂ ዝገዝኣሉን ሰባት ብፍታው ፍቕዶም ንኣምላኽ ዘግዝእሉን ሓድሽ ዘመን ከኣቱ እዩ። ካብታ ኣብ ትሕቲ ፍርዲ ዘላ ዓለም ከኣ ሰባት በቲ ናይ ፍቕሩ ገመድ ልቦም ናብ የሱስ፡ እቲ ምእንቲ ክመውት ካብ ምድሪ ልዕል ዝበለ ግን ከኣ ልዕል ኢሉ ንኽገዝእ ዝትንስእ ወዲ ሰብ፡ ክሰሓቡ እዮም።

እዚ ቀውሳዊ ትርኢት'ዚ ኣብ 'ምድሪ' ዝፍጸም ኩይኑ እታ ቀንዲ መጋጨዊ ዓውዲ ግና 'ዓለም' እያ። ኣብዛ መጽሓፍ እምበኣር፡ እቲ መጽናዕትና ካብ ሓድሽ ኪዳን ኩይኑ፡ ኣብቲ ዓለም ብግሪኽ ኮዝሞስ (kosmos) ተባሂሉ ዘሎ ቃል ክንተኩር ኢና። ከምቲ ኣብቲ ግሪም

ዝተባህለ ደራሲ ጽሑፍዎ ዘለሙ ናይ ሓድሽ ኪዳን ግራኽ መዝገበ ቃላት፡ እዚ ኮዝሞስ ዝብል ቃል ሰፊሕን ብዙሕን ትርጉም ተዋሂብዎ ኣለሙ። ቅድም ግን ኣብቲ መበቆላዊ ግራኽ እንተ ረኣና፡ እቲ ኮዝሞስ ዝብል ቃል ክልተ ትርጉም ኣለዎ። ቀዳማይ፡ ዝተወሃሃደ ስርዓትን ኣገባብን፡ ካልኣይ ከኣ፡ መመልከኺ መጸባበቒ ወይ ስልማት (ሉቃ 21፡5 ራእ 21፡2 1ጴጥ 3፡3,5) ዝብል እዩ።

ናብ ሓድሽ ኪዳን እንተ መጻና ኽኣ፡ እቶም ጸሓፍቲ ነቲ ኮዝሞስ ዝብል ቃል

1ይ. ፍጥረተ ዓለም (ዩኒቨርስ) ወይ እዛ ከባቢ ምድሪ - ግብ 17፡24 ማቴ 13፡34-35 ዮሃ 1፡10ሀ ማር 16፡15
2ይ. ሀ. ነቶም ኣብ ዓለም ዘለዉ ሰባት - ዮሃ 1፡10ለ ዮሃ 3፡16, 12፡19, 17፡21
ለ. ካብ ኣምላኽ ዝረሓቑን ንክርስቶስ ዝጻረሩን ሰባት ኩሉሙ ብሓባር - እብ 11፡38 ዮሃ 14፡17 ዮሃ 14፡27 ዮሃ 15፡18
3ይ. ዓለማዊ ነገራት ከም እኒ ሃብትን ገንዘብን ንብረትን ኣቕሑትን፡ ተድላታትን መዘናግዒታትን ረብሓታትን መኽሰባትን ካልእ'ውን ነዚ ዝመስል ባዶን ከንቱን ነገራት ከኣ ኣምላኽ ክንርሕቖ ዝገብሩናን ነቲ ክርስቶስ ዝመጸሉ ዕላማ ዕንቅፋት ዝኾኑናን ኩሉ የጠቓልል። 1ዮሃ 2፡15 1ዮሃ 3፡17 ማቴ 16፡26 1ቆሪ 7፡31።

እቲ ቃል ንግኡዝን ነገራዊን ጥራይ ዘይኮነ ንረቂቕን መንፈሳዊን ሞራላውን ነገራት'ውን ንጥቀመሉ ኢና። 1ቆሪ 2፡12, 2፡19, 7፡31, ቲቶ 2፡12 2ጴጥ 1፡4, 2፡20 1ዮሃ 2፡16,17 ያእ 1፡27።

ዝኾነ ናይ መጽሓፍ ቅዱስ ተመሃራይ ከም ዝግንዘቦ፡ ሃዋርያ ዮሃንስ ነዚ ዓለም/ኮዝሞስ ዝብል ቃል ብተደጋጋሚ እዩ ዝጥቀመሉ። ናብ ቀንዲ ትርጉሙ ክንኣቱ ዝሕግዘና'ውን ጽሑፋት ናይ ዮሃንስ እዩ።

እዚ ኣብ ላዕሊ ዘርዚርናዮ ዘለሙና ሰለስተ መግለጺታት፡ ንዓለም ምሉእ ስእላ ክንርኢ ሓጋዚ እኳ እንተ ኾነ፡ ክንዮኡ ዝኽይድ ነገር ግን ኣለሙ። እዚ ኽኣ ካብቲ መበቆላዊ ግራኽ እንረኽቦ ናይ ዝተዋሃሃደ ስርዓትን ኣገባብን ሓሳብ እዩ። ብድሕሪ እዚ ዝርኢን ዝድህሰስን ዓለም፡ ዘይርኢን ዘይድህሰስን ረቂቕ ዝኾነ ዝተዋሃሃደ ስርዓት ከም ዘለሙ ንርዳእ። ብዛዕባዚ ስርዓት እዚ ክልተ ነገር ብንጹር ክፍለጥ ኣለዎ። ቀዳማይ፡ ካብቲ ኣዳም እከይ ክኣቱ ኣፍ ደገ ዝኸፍት እዋን ጀሚሩ እዚ ስርዓት ዓለም ምስ ኣምላኽ ዝጻባእ ምኻኑ ኣመስኪሩ እዩ። ኣብ 1ቆሪ 1፡21 «ዓለም ...

ካብ ዘይፈለጠቶ»፡ ኣብ ዮሃ 15፡18 ንክርስቶስ ከም ዝጸልኣቶ፡ ከምኡ ኽኣ ኣብ ዮሃ 14፡17 «ነቲ መንፈስ ሓቂ ... ክትቕበለሙ ኣይኮነላን» ይብል። ግብሪ ክፋእ ምኻኑ (ዮሃ 7፡7)፡ ፍቕሪ ንዓለም ንኣምላኽ ጽልኢ ምኻኑ (ያእ 4፡4) ኽኣ ተጻሒፉ ኣለሙ። ጐይታ ኽኣ «መንግስተይ ካብዛ ዓለም ኣይኮነትን» ዮሃ 18፡36፡ «ንዓለም ስዒረያ እየ» ዮሃ 16፡33 ኢሉ ኣለሙ። ኣብ 1ዮሃ 5፡4 ከኣ እታ ንዓለም እንስዕረላ ሰዕረት ክኣ፡ ንሳ በታ ብእኡ ዘለሙና እምነትና ምኻኑ ተጻሒፉ ኣለሙ። ኣብቲ መኽፈቲ ናይዛ ምዕራፍ ተጻሒፉ ከም ዘለሙ ድማ ንዓለም ተፈሪድዋ እዩ። ስለዚ ብሽንኻ እግዚኣብሄር፡ ናይ ዓለም ነገር ዘብቕዐን ዳግማይ ዋጋ ዕዳጋ ዘይግበሮን ውዱእ እዩ።

ካልኣይ፡ ብድሕሪ ዓለም ሓደ ሓሳብ (Mind) ኣለሙ። ዮሃንስ ብዙሕ ጊዜ ብዛዕባ መስፍን እዛ ዓለም ይዛረብ እዩ (ዮሃ 12፡31, 14፡30, 16፡11)። ኣብ መልእኽትታቱ ኽኣ «እቲ ኣብ ዓለም ዘለሙ» (1ዮሃ 4፡4)፡ «ብዘለሙ ዓለም በቲ እኩይ ተተሒዛ ኣላ» (1ዮሃ 5፡9) ኢሉ ጽሒፉ ኣለሙ። እዚ ድሕሪ ዓለም ዘለሙ ሓሳብ ክኣ እቲ ዓማጺ ገዛኢ እዛ ዓለም ዝኾነ ሰይጣን እዩ።

እምበኣር ነዚ ብዓለም ዝፍለጥ ዝተዋሃሃደ ስርዓትን ኣገባብን ብድሕሪት ኩይኑ ዝገዝኦን ዘመሓድሮን ሰይጣን እዩ። ጐይታ የሱስ ኣብ ዮሃ 12፡31 ፍርዲ እዛ ዓለም በጽሐ ክብለና ከለሙ ንፍጥረት ዓለምን ነቶም ኣብኣ ዝነብሩን ማለቱ ዘይኮነስ (ንሱስ ደሓር እዩ ዝፍረድ)፡ ነዚ ሰይጣን ባዕሉ ዝመርሖ ስርዓትን ኣገባብን ማለቱ እዩ። ኣብ ዮሃ 16፡11 ከም ዝገልጾ 'ገዛኢ እዛ ዓለም' እዩ ንሓዋሩ እተፈርዶን ካብ ዝፋኑ ተጓልዩ ንወጻኢ ዝድርብን።

ስለዚ እዚ ጽሑፍ ብዛዕባ ዓለም ዘለሙና ርድኢት ባዕሉ የዕምቐ። ብድሕሪ እዚ ነገራውን ግዳማውን ዘይርኣዩ ሓይልታት ከም ዘለዉ እንተ ዘየስተዋዕልናሉም ከኣ ብቐሊሉ ክንታለል ንኽእል ኢና። ናብቲ ኣቐዲምና ዝጠቐስናዮ 1ጴጥ 3፡3-4 ተመሊስና እንተ ረኣና «ግዳማዊ ስልማትክን (ኮዝሞስ) እቲ ናይ ስሩሕ ርእስን፡ ናይ ስልማት ወርቂ ምእሳርን ናይ ዘጊጸ ክዳውንቲ ምኽዳንን ዘይኮነስ እቲ ብሕቡእ ናይ ልቢ ሰብን ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ክቡር ዝኾነ ለዋህን ህዱእን መንፈስ ይኹን» ኢሉ ንኽልቲኡ የነጻጽር። እቲ ግዳማዊ ኽኣ ንኣምላኽ ፈጺሙ ከም ዘይጠቅም የርኢ። ምስዚ ጴጥሮስ ዝብሎ ዘሎ ቃላት ክኣ ብመጠን እቲ ዝረኽብናዮ ቅኑዕ ምርዳእ ኢና ንሰማማዕ። ናይቲ ዝብሎ ዘሎ ቁም ነገር ክኣ እዚ እዩ። ብድሕሪዚ ስልማትን ምጽብቓቕን፡ ሓደ ንናቱ ዕላማ ዝሰርሕ ሓይሊ ኣሎ እሞ እቲ ሓይልቲ ክይማርኽናና ንጠንቀቕ፡ ዝብል እዩ።

ኣብዚ ንገሳእ ርእስና ክንሓቶ ዘሎና፣ ንምኽኑ ነዚ ነገራት ክንግደሰሉን ክንደልዮን ዝድርኽና እንታይ እዩ። ጽቡቕ ንኽንርእን ንኽንርኤን ብንጹህ ሓሳብ እንገብሮ ምስ ርኽሰት ዘይራኸብ ብሰሩ'ውን ጉድለት ዘይብሉ ክኸውን ዝከኣል እዩ። ግን ከምኡ ኹይኑ'ውን ንምንታይ ንትንክፍ ከም ዘሎና ንፈልጥ ዲና? ነቲ ሰይጣን እቲ ጸላኢ ኣምላኽና ዘመሓድሮ ዝተዋሃህደ ስርዓትን ኣገባብን ናይዛ ዓለም ኢና ንትንክፍ ዘሎና እሞ ንጠንቐቕ።

መጽሓፍ ቅዱስ ኣምላኽ ሰማይን ምድርን ፈጠረ ኢሉ እዩ ዝጅምር። ግን ከምቲ ሕጂ ብዛዕባ ዓለም ንዛረበሉ ዘሎና መገዲ ገይሩ ኣይኮነን ንምድሪ ፈጢርዋ። ኣብ ሓድሽ ኪዳን እዩ እቲ መንፈሳዊ እንታይነት ዓለም ነጺሩ ዝግለጽ። ምናልባሽ ኣብ መዝሙርን ነብያትን ቅሩብ እቲ ሓሳብ ይትንክፍ እዩ። ቅድሚ ውድቀት ናይ ሰብ፣ ምድሪ ምስቲ ኵሉ ኣብኣ ዘሎን ፍጥረት ከም ዝነበረት እምበር ዝተዋሃህደ ስርዓትን ኣገባብን ዝነበራ ዓለም ገና ኣይነበረትን። ምስ ውድቀት ግና፣ ሰይጣን ነቲ ባዕሉ ዝመሃዘ ስርዓት ዓለም ናብ ምድሪ ኣተኣታትይዎ። ሰብ'ውን ከም ምድሪ ምስ ዓለም ኣብ መጀመርያ ዝኹነ ርክብ ኣይነበሮን። ምስ ሓጥኡ ግን ሰይጣን ቡቲ ዝተኸፍተሉ ኣፍ ደገ ተጠቒሙ ናብ ምድሪ ነቲ ክተኸሎ ዝመደቦ ስርዓት ዓለም ብውዱብ መልክዕ ኣተኣታተወ። ካብቲ እዋንቲ ጀሚሩ ምድሪ 'ኣብ ዓለም' ሰብ ከኣ 'ኣብ ዓለም' ኮኑ። ስለዚ ቅድሚ ውድቀት ምድሪ ነበረት፣ ድሕሪ ውድቀት ግና ዓለም ኮነት፣ ብምጽኣት ጉይታ ከኣ መንግስቲ ክትህሉ እያ። ልክዕ ከምቲ ዓለም ናይ ሰይጣን ዝኸኑት ከምኡ ኸኣ እታ መንግስቲ ናይ ጉይታ የሱስ እያ። እዛ መንግስቲ እዚኣ ኸኣ እያ ንዓለም ኣሕሊፋ ክትትክእ። ዳንኤል ከም ዝጸሓፎ እቲ 'ኢድ ከይተንከዮ እምኒ ተፈንቂሉ' ነቲ ዕቡይ ምስሊ ሰብ ምስ ወቕየን ዳዕመኸን(ዳኒ 2፡44-45) ኸው 'መንግስቲ ዓለም ናይ ኣምላኽና ናይቲ ቅቡኡን'(ራእ 11፡15) ክትከውን እያ።

ፖለቲካ ትምህርቲ ስነ ጽሑፍ ስነ ፍልጠት ስነ ጥበብ ሕጊ ንግዲ ሙዚቃ ከምዚ ዝመሰለ ኵሉ ኣብ ናይ ዕለት ህይወትና ንረኽቦ ንዓለም ዓለም ዝገብራ እዩ። ብዘይ እዚ ነገራት እዚ ዓለም፣ ዓለም ክትከውን ኣይትኽእልን። ኣብ ታሪኽ ከም እንመሃሮ ወዲ ሰብ በዚ ኵሉ መዳያት ዓቢ ዕብየትን ምዕባለን ኣርእዩ እዩ። ግን እቲ ሕቶ፣ እዚ ኵሉ ዕብየት ናበይ ገጹ እዩ ዘምርሕ ዘሎ፣ ዝብል እዩ። እቲ ናይ መወዳእታ ክብጻሕ ተደልዩ ዘሎ ዕላማ እንታይ እዩ? እቲ ጸረ ክርስቶስ ኣብ መወዳእታ ከም ዝግለጽን መንግስቱ ከኣ ኣብ ዓለም ከም ዘቕውምን ዮሃንስ ይነግረና (1ዮሃ 2፡18-22, 1ዮሃ 4፡3 2ዮሃ 7, ራእ 13)። እምበኣር ዓለም ናብዚ ገጻ እያ ትኸይድ ዘላ። ሰይጣን፣ ነዚ ኣብ ዓለም ዘሎ ህይወት

ዘይብሉ ነገራት ኵነ ሰባት ወይ'ውን ኣተሓሳስባታት ኵሉ ንመንግስቲ ጸረ ክርስቶስ ከምጽእ ይሰርሓሉን ይጥቀመሉን ኣሎ። ሰሪሑ ምስ ወድኡ እቲ ስርዓት ዓለም ኣብ ዝለዓለ ጥርዙ ክበጽሕ እዩ። ሽዑ ኣብ ኵሉ መዳያ ኵሉ ነገር ጸረ ክርስትያን ምኽኑ ንኽሉ ግሁድ ክኸውን እዩ።

ኣብ ዘፍጥረት ቅድሚ ውድቀት ምኽኑ ኣብ ገነት ዝኾነ ይኹን ናይ ቴክኖሎጂ ጥበብን መሳርሒታትን ኣይነበረን። ድሕሪ ውድቀት ግን፣ ደቂ ቃኢል ካብ ኣስራዝን ሓጺንን ኵሉ ዓይነት መሳለጥያታት ክሰርሑ ከም ዝጀመሩ ነንብብ። ክሳዕ ቅሩብ ኣማኢት ዓመታት፣ ንኣቕሑን መሳለጥያታትን ምስ መንፈስ ጸረ-ክርስቶስ ምትሕሓዝ መስመሩ ዝሰሓተ ኣተሓሳስባ ክመስል ይኽእል ነይሩ ይኸውን። ርግጽ እዩ ማሕረሻን ሴፍን ንነዊሕ ዘመን ካብ ቀደም ነይረን እየን። ሎሚ ግን ሓጻውን ናብ ኣዝዩ ልውል ዝኾነ ብረትን መሳርሒ ጥፍኣትን ተለዊጡም እዮም። ናብቲ መወዳእታ እናቕረብና ክንከይድ ከሎና ኸኣ እዚ እናገደደ ክኸይድ ምኽኑ ክገሃድ እዩ።

ኣብ ሙዚቃን ኢደ ጥበብን'ውን ከምኡ። መሰንቆን በገናን ብደቂ ቃኢል እዩ ተማሂዙ። ሎሚ መሳርሒታት ሙዚቃ ኣብ ኢድ ዘይተቐደሱ ኣእዳው ኣትየን`ኣብ ንአምላኽ ዝንዕቕ መደባት ይውዕላ ከም ዘለዋ ዝያዳ እናበርህ መጺኡ እዩ። ኢደ ጥበብን ስርሓት ኢድ'ውን ኣብ ብዙሕ ክፍሊ ዓለም ምስ ኣምልኮ ጣኦት ዝተተሓሓዘ ምኽኑ ተፈሊጡ እዩ። መዓልታት'ውን ይመጽእ ኣሎ፣ ሙዚቃን ሳዕስዒትን፣ ኣርትን ድራማን ንባህርይ እቲ ጸረ ክርስቶስ ዝያዳ ኣጕሊሑ ክርእዩ እዩ።

ንግድን ሽቕጥን ምስ ጸረ ክርስቶስ ምትሕሓዝ ከም ዘለዎ ዳርጋ ርዱእ እዩ። እቲ ቀዳማይ ነጋዳይ፣ ሰይጣን ኣብ ሄት ምስ ሄዋን ሓሳብ ብሓሳብ ንጥቕሙ ክሸቅጥን ክልውጥን ከሎ ንርእዮ። ኣብ ህዝ 28፡5'ውን ብዛዕባ ባህርያት ሰይጣን '... ብንግድኻ ሃብትኻ ኣብዛሕኻ። ብምኽንያት ሃብትኻ ኽኣ ልብኻ ተዓበየ' ይብል። ንግድን ሽቕጥን ሰይጣናዊ መበገሲታት ከም ዘለዎ መብዛሕትና'ውን ካብ ተመኩሮ ከም እነስተውዕሎ ብዙሕ ዘካትዕ ጉዳይ ኣይኮነን። ብዛዕባዚ ጸኒሕና ኣስፊሕና ክንዛረብ ኢና።

ግን ትምህርቲኽ? ትምህርቲ ደኣሞ እንታይ ኣበሳ ኣለዎ ኢልና ተቓውሞና ነስምዕ ንኽውን ኢና። ርግጽ እዩ ንደቅና ናብ ቤት ትምህርቲ ንሰዶም ኢና። ግን ትምህርቲ'ውን ካብ ንግድን ቴክኖሎጂን ዘይንእስ ሓደ ካብቲ ኣብ ዓለም ዘሎ ነገራት እዩ። ሰራውሩ ኣብታ ጽቡቕን ሕማቕን እተፍልጥ ኦም እዩ ዘሎ። ከም ኣመንቲ ስድራ ቤት ንደቅና ካብቲ ኣብ ዓለም ዘሎ ውጹእ እከይን ክፍኣትን ክንሕልዎም ብዙሕ ኢና

ንጋደል። ግን ከኣ ከነምሀርም ከም ዝግብኣና ንፈልጥ ኢና። እምበኣር እቲ ግድል ማለት ንደቅና ከመሃሩ ግና'ኸ ነቲ ስርዓት ዓለም ከይተንከፉ ክሕለዉ ከመይ ንግበር ዝብል እዩ።

ስነ ፍልጠትከ? እዚ'ውን ናይ ዓለም እዩ። ብዛዕባ ፍጥረትን ሰብን ኣዕሚቕና ክንመራመር ምስ እንጅምር ሓደ ሕቶ ይልዓል እዩ። ኣበይ እዩ ደረቱ? ክሳዕ ኣበይ ክንበጽሕ እዩ'ኸ እቲ ቅቡል? ክሳዕ ኣብዚ ጠቕሚ እዩ ካብዚ ንንየው ግን ጉዳኢ እዩ ኢሉ ዝሕብረና መስመርከ ኣበይ ኣሎ? ንፍልጠት ስኢብና ግን ከኣ ብመፈንጠራ ሰይጣን ከይተተሓገና ከመይ ኢልና ክንተርፍ ንኽእል?

እምበኣር ነዚ ሕቶታት እዚ ኢና ክንምልስ ክንፍትን። ንገለ ሰባት፡ ንነገራት ካብቲ ዝግብኦም ንላዕሊ ዚገንን ዘለኹ ኮይነ ክስምየም እየ፡ ግን ነቲ ዝሓሰብክዎ ምእንቲ ከረድእ ከምኡ ክገብር ግድነት ይኹነኒ እዩ። 1ዮሃ 2፡15 'ሓደኽ ንዓለም ዝፈትዋ እንተሉ ፍቕሪ ኣቦ ኣብኡ የለን' ይብለና። እምበኣር ኩሉ ሳዕ ንኣብ ዓለም ዘሎ ነገራት ምስ እንትንክፍ፡ ንርእስና ክንሓታ ዘሎና ሕቶ 'እዚ ነገር ነቲ ምስ ኣቦ ዘሎኒ ርክብ ብኽፍዩ ይጸልዎ ኣሎ' ዝብል እዩ።

ቀደም ጊዚ ነይሩ፡ ንዓለም ክንትንክፉ እንተ ደሊና ናብኣ ክንወጽእ ክንክዳ ግድን ነይሩ። ሎሚ እቲ ግዜ'ቲ ሓሊፉ እዩ። ሎሚ ዓለም ባዕላ ትመጸናን ተናድየናን ኣላ። ሎሚ ንሰባት ዝማርኽ ሓይሊ ወጺኡ እዩ። ናይ ዓለም ስሕበት ከምዚ ናይ ሎሚ ዶኽን ተሰሚዑና ይፈልጥ? ከም ናይ ሎሚ'ዶ ሰባት ብዛዕባ ገንዘብ ይዛረቡ እዮም? ከምዚ ናይዚ እዋንዶ ብዛዕባ መግብን ክዳንን ሓሲብና ንፈልጥ ኢና? ኣብ ዝኸደኑዮ ሰባት፡ ኣመንቲ'ውን እንተኸኑ፡ ዕላሎም ብነገራት እዛ ዓለም ኮይኑ ትረኽቦ። ዓለም፡ ንቕዱሳን ናብ ትሕቲኣ ንምእታው ክሳዕ ኣፍ ደገ ቢተክርስትያን ትብጽሕ ማዕቢላ ኣላ። ካብዚ ነገራትዚ ምእንቲ ከድሕና ኸኣ፡ ፍልጠት ሓይሊ መስቀሉ ከምዚ እዋን እዚ ገይሩ ኣድልዩና ኣይፈልጥን።

ቅድሚ ሕጂ ብዛዕባ ሓጥያትን ኣረጊት ሰብን ብዙሕ ተዛሪብና ኔርና። ሓጥያት ክብሃል ከሎ ቀልጢፉ እዩ ዝርድኣና። ግን ሽዑ ንዓለም ወይ ነቲ ኣብ ዓለም ዘሎ ምትንካፍ ብዙሕ ዘገድስ ኮይኑ ኣይተሰምዓናን። ሕጂ ግና ብድሕሪ ዓለም ከኣ ከፈንጥረና ዝደሊ ሓይሊ ከም ዘሎ ተረዲእና ኣሎና። እምበኣር ቅዱሳን ኩሉም ኣንጻር ሓጥያት ጥራይ ኣይኮኑን ክኸፍሉ ዘለዎም፡ ኣንጻር ገዛኢ እዛ ዓለም'ዚኣ ድማ እምበር። እግዚኣብሄር መንግስቲ ወዱ የሱስ ክርስቶስ ብምልኣት ክሳዕ ትግሃድ ንማሕበሩ ይሃንጻ ኣሎ። ሰይጣን'ውን ማዕረ ማዕሪኡ ግዝኣት ጸረ ክርስቶስ ክገሃድ ኣብቲ ስርዓት ዓለም ኣትዩ ይሰርሕን ይሃንጽን ኣሎ። እምበኣር ነዛ ጥፍኣታ ርግጽ ዝኾነ ግዝኣት ጸረ ክርስቶስ ዝኾነት ዓለም፡ ሰይጣን ክሃንጻ ከለሎ ብገለ መገዲ ክንሕማዝ ከይንርከብ ከመይ ርእስና ክንሕሉ ዘይግብኣና። ስለዚ ዝኾነ ምርጫ ኪንጥመና ወይ ክቕርበልና ከለሎ፡ እዚ ጽቡቕ ድዩ ክፉእ ወይ ጠቕሚ ድዩ ጉዳኢ ጥራይ ኢልና ክንሓትት ዘይኮነ ናይ ዓለም ድዩ ወይ ናይ ኣምላኽ ኢልና ክንሓትት ኣለና። ምኽንያቱ ኣብ ዩኒቨርስ ሓደ ተጻብኦ ጥራይ እዩ ዘሎ። ዝኾነ ተጋራጫዊ ግብረ ስጉምቲ ክገጥመና ከለሎ እቲ እንወስዶ ውሳነ ወይ ንእምላኽ ወይ ንሰይጣን ንሓዲኡ እዩ፡ ካብዚ ዝጐደለ ኣይኮነን።

– ምዕራፍ ክልተ –

ካብ ኣምላኽ እናረሓቐ ዝኸይድ ዝንባለ

ኮላትና ኣብ ትሕቲ ባርነት ሓጢኣት ንነብር ስለ ዝነበርና፣ ኮሉ ሓጢያት ሰይጣናዊ ምኽኑይ ብቐሊሉ ይርድኣና እዩ። ግን ዓለማዊ ዘበለኸ ማዕረኡ ሰይጣናዊ ምኽኑይ ንኣምን ዲና? ከም ዝመስለኒ መብዛሕትና በዚ ገና ጥርጥር ኣለና። እቲ ጽሑፍ ግን «ብዘላ ዓለም በቲ እኩይ ተታሒዛ ኣላ» (1ዮሃ 5፡19) ኢሉ የረጋግጸልና። ሰይጣን ነቶም ናይ ሓቂ ኣመንቲ ዝኹሎ ርኡይ ብዝኹሎ ሓጥያት ጊርካ ንኽተፈንጥሮም መብዛሕትኡ ጊዜ ውጽኢት ኣልቦ ምኽኑ ኣጸቢቑ ይርዳእ'ዩ። ምኽንያቱ እቲ ሓደጋ ቀልጢፉ ስለ ዝርድኣም ካብኡ ይሃድሙ እዮም። ስለዚ ኣብ ክንድኡ ሓደ ብረቂቕ ብልሓትን ተንኰልን ዝተኣልመ ነቶም ገርህታት ዝፍንጥር መርበብ እዩ ዘዳሉ። ካብ ስጋዊ ትምኒትን ርኽሰትን ንሃድም ኢና። ሓቅና ኽኣ። ግን ካብቲ ዘይጓዳእ ዝመስል ናይዛ ዓለም ነገራት ክመይ ብቐሊሉ ኢና ሚዛንና ኣጥፊእና ንሰድዕ።

ግን በቲ ጕይታና ኣብ ልዕሊ ዓለም ዘሕልፎ ናይ ፍርዲ ብይን፣ ኮሉ እቲ ኣብ ዓለም ዘሎ፣ ካብቲ ኣምላኽ ዝሓንጸጸ መደብ ወጻኢ ምኽኑ ፍሉጥ እዩ። ናይ ዓለም ነገር፣ ሓደ መሰረታዊ ስሕተትን ግጉይ ኣንፈትን እንተ ዘይህልዎ «ፍርዲ እዛ ዓለም እዚኣ ሕጂ በጽሑ» ዝብል ናይ ኮኑኔ ቃላት ክወጽእ ኣድላዪ ኮይኑ ኣይምተረኽበን። ቀጺሉ ኽኣ ጕይታ የሱስ «ገዛኢ እዛ ዓለም እዚኣ ሕጂ ንወጻኢ ክድርበ እዩ» ብምባሉ፣ ኣብ መንጉ ሰይጣንን ዓለምን ዝጠበቕ ርክብ ምህላዉ ጥራይ ዘይኮነ ናቱ ፍርዲ ምስ ዓለም ዝተተሓሓዘ ምኽኑ የረድኣ። ሎሚ ሰይጣን መስፍን ናይ ትምህርትን ስነ ፍልጠትን ባህልን ኣርትን ወዘተ ምኽኑን ምስኡ ኽኣ ከም ዝተፈርዶን ንቕበሎ ዲና? ሰይጣን ዋና ኣካያድን ሓለቓን ናይቲ ኽሉ ንዓለም ዓለም ዘብላ ነገራት ምኽኑ ንፈልጥ ዲና?

ብዛዕባ ሳዕስዒትን ለይታዊ ትልሂትን ክልዓል ከሎ ቀልጢፍና ኢና ተቓውሞና ንገልጽ። ምኽንያቱ ንዓና ዓለም ክንብል ከሎና ዳንኪራን ትልሂትን እዩ። ብኻልእ ሸነኽ ግን ብዛዕባ ሕክምና ሳይንስ ወይ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ክዝረብ ከሎ ምንም ዓይነት ተቓውሞ የብልናን። ብቃል ወይ ብዘይ ቃል ድጋፍና ኢና ንህብ። ኣብ መንገዚ ክልተ ጫፋት ክኣ ንኽፉኣ ኮነ ንጽቡቕ ጽልዋ ዝገብሩ ብዙሕ ካልኣ ዓውድታትን መዳያትን ኣለዉ። እቲ መፈላለዪ መስመር ናይ ክፉእን ጽቡቕን ግን ኣበይ ክሕንጸጽ ከሎ ዘለዎ ዳርጋ ሰምሰፅ የለን። ይኹን እምበር እዚ ብዘየገድስ ኣምላኽ ንገለ መዳያት ጥራይ ዘይኮነ ንኹሉ ናይዛ ዓለም ዘበለ ነገራት ብዘይ ኣፈላላይ ከም ዝኹነናን ዝፈረዶን ንገንዘብ።

ንርእስኻ ፈትን። እስኪ ናብዚ ደሓንዩ ዝብሃል መዳያት ዓለም ምስ ኣተኻ ሓደ ኻልእ መጺኡ «ኣስተውዕል ንዓለም ትትንክፋ ኣሎኻ» እንተ ዝብለካ ምስምበድካዶ? ምናልባኻ ኣይትስምብድን ትኽውን። ግን ሓደ ብመንፈሳዊ ዕበቱ እተኽብሮ ሓው ቀሪቡ ዕትብ ኢሉ «ሓወይ ምስ ሰይጣን ሕብረት ትገብር ኣሎኻ» እንተ ዝብለካ ብርግጽ ንርእስኻ ክትምርምር ምጀመርካ፣ ኣይኰነን ድዩ? ሕሰብ'ስኪ ሓደ መጺኡ «ንትምህርቲ ትትንክፍ ኣሎኻ» ወይ «ንሕክምና ትትንክፍ ኣሎኻ» ወይ «ንንግዲ ትትንክፍ ኣሎኻ» ክብለካን «ንሰይጣን ትትንክፍ ኣሎኻ» ክብለካን ሓደ ዓይነት ግብረ መልስን ጥንቃቐንዶ መርኣኻ? ንናይ ዓለም ነገራት ክንትንክፍ ከለና ነቲ ገዛኢ እዛ ዓለም እዚኣ ንትንክፎ ከም ዘሎና ብርግጽ ንኣምን እንተ ንኽውን ኣብ ኮሉ ንጥፈታትና ዓቢ ጥንቃቐን ምሕላውን ምገበርና። እቲ ቃል፣ ናይዛ ዓለም ክፋላ ዘይኮነ ብዘላ ማለት ብምልእታ ዓለም በቲ እኩይ ተታሒዛ ከም ዘላ እዩ ዝዛረብ። ሰይጣን ንእግዚኣብሄር ዝቃወሞ፣ ብሓጥያትን በቲ ኣብ ልቢ ሰብ ዘሎ ሲጋውንትን ጥራይ ኣይምሰለና፣ ብኹሉ ኣብ ዓለም ዘሎ ዓለማዊ ነገራት ድማ እምበር። ኣብ ዓለም ዘሎ ህይወት ዘይብሉን ማተርያላውን ብምኽኑ ንዓና ብመሰረቱ ክገሪእና ዝኽእል ሓይሊ የብሉን ዝብል ኣተሓሳሰባ ይርድኣኒ እዩ፣ ኣነ'ውን ይሰማምዓሉ እየ። ግን ንሰ'ውን እንተኹነ ከም ኮሉ ህይወት ኣምላኽ ዘይተንክፎ መዳያትን ነገራትን ነቲ ፍቓድ ኣምላኽ ዝጻረር ኮይኑ ይርከብ እዩ።

እቲ ኣብ ዘፍጥረት ቀዳማይ ምዕራፍ እንረኽቦ «ፍረ ከከም ዓይነቱ» ዝብል ሕጊ ምፍራይን ምብዛሕን ኣብ ህይወት ዘለዎም ፍጡራትን፣ ናይ ስነ ህይወት ዓለምን ብሓፈሻ ይዓዩ ኣለ። ግን ኣብቲ መንፈሳዊ ጽፍሒ ኣይዓይዩን እዩ። እዚ ማለት ንዘበናት ሰባት ንዕኣም ዝመስሉ ደቂ እኒ እንተ ወለዱ ብሰጋ ደኣምበር ብመንፈስ ንዕኣም ኣይመስሉን እዮም። ኣመንቲ ወለዲ ኣመንቲ ውሉድ ኣይወልዱን እዮም። ኮሉ መንፈሳዊ ዘበለ ኢድ ኣምላኽ ክድህሰሶን ክትንክፎን ክሓልፎን ኣለዎ።

እዚ ሕጊ ስነ ህይወት ኣብ ደቂ ሰብ ይገዝእ እዩ። ኮሉ ናይ ደቂ ሰብ ባህርይ ካብ ወለዶ ንወለዶ ባዕሉ ይቕጽል እዩ። ኮሉ መንፈሳውን ኣምላኻውን ዘበለ ግን ኢድ ኣምላኽ ኣብኡ ኣትዩ እንተ ዘይዓየየት የቋርጽ እዩ። ንሓደ ነገር ወይ መዳይ ዓለማዊ እንብሎ ኽኣ ብዘይ ሓገዝ ኣምላኽ ብዕሉ ክፈርን ክቕጽልን ዝኽእል እንተ ኽኾይኑ እዩ። ዓለምን እቲ ኣብ

ዓለም ዘሎን እምበአር ባዕሉ ብባህርያዊ መገዲ ይፋረን ይቕጽልን እዩ፡ ግን አብቲ መስርሕ መመሊሱ ካብ አምላኽን ፍቓዱን እናረሓቐ ክኸይድ እዩ ዝርከብ። እስኪ ነዚ ንኽንርዳእ ክሕግዘና ካብ ቃል አምላኽን ክርስትያናዊ ተመኩሮን ገለ አብነታት ክንወስድ ኢና።

ቅድም እምበአር ናይ ፖለቲካዊ ምምሕዳር መዳይ ክንርኢ። አብ ብሉይ ኪዳን እንተ ተመልከትና ዛንታ ደቂ እስራኤል አብነት ናይ ሓደ ብዙሕ ዝተጸገወ ህዝብን መንግስትን ምንባሩ ይምህረና። ደቂ እስራኤል ከምቶም አብ ዙርያኦም ዝነበሩ ህዝብታት ዝመርሖም ንጉስ ክወሃቦም ይሓቱ። ንግዚኡ ናይ ሳኦል ምሕራይ ንጉሢ ገዲፍና ናይ ዳዊት፡ ንእግዚአብሄር ከም ልቡ ዝኾነን ከም ፍቓዱ ገይሩ ኾነ መንግስቲ ክተክል ዘቕሞን ዝሓረዮን ሰብኣይ ንሕለፍ።

ሕጂ ምንም እኳ እግዚአብሄር ባዕሉ ዝተኾሎን ዝጀመሮን መንግስቲ እንተኾነ ምስ ጊዜ ግን እቲ ዝንባለ ከም ናይ ኵሎም ህዝብታት ካብ አምላኽ እናረሓቐ ከደ። እዚ ዝኾነ ከኣ መንግስታዊ ምምሕዳር ብመሰረቱ ናይ ዓለም ነገር ብምኻኑ እዩ። ዓለማዊ ብምኻኑ ኾነ ከም ኵሉ ዓለማዊ ነገራት ምስቲ አምላኻዊ መደብ ክጻረር ግድን እዩ። ዝኾነ መንግስቲ አብ ዝኾነ ክፍሊ ዓለም ኑቲ ክኸተሎ ዘለዎ ባህርያዊ አንፈቲ ክሰዕብ እንተ ፈኒንናዮ ካብ አምላኽ እናረሓቐ ይኸይድ እዩ። እዚ ኾነ አብቲ ንአምላኽ ዝውግድ ዓለማውን ሰብኣውን ስርዓታት ጥራይ ዘጋጥም ዘይኮነ አብቲ ብአምላኽ ዝተሓርየ ህዝቢ እስራኤል'ውን እዩ ኢጋጢሙ። አምላኽ ሰሊኡም ዝገብሮ ዝነበረ ምትእትታው እንተ አቋረጹ፡ መንግስቲ እስራኤል ናብ ጣኦታዊን ፖለቲካዊን ዝምድናታት ይዝንብሉ ነይሮም። ርግጽ እዩ ምምላስን ምጥንይን ነይሩ ግን ኵሉ አምላኽ ብዝገብሮ ዝነበረ ምትእትታው እዩ ተኻኢሉ። ብዘይ ብእኡ ግን ንታሕቲ ምንቁልቁሉም ዘይተርፍ እዩ ነይሩ።

አብ ናይ ንግድን ሸቕጥን መዳይ እዚ ንብሉ ዘሎና ሓቂ ምኻኑ ብዙሕ ዘደንቕ አይኮነን። ከም አብዚ መዳይ እዚ ንቕጥፈትን ንብልሹው አሰራርሓን ገይሩ ዝፍትን ካልእ መዳይ የለን። ኵላትና ብዛዕባዚ ገለ ንፈልጥ ኢና። ኵላትና አብ ናይ ንግዲ ዓለም ንጥፈታትካ ብቅኑዕ መገዲ ከተካይድ ከመይ ከኢና ምኻኑ ንፈልጥ ኢና። ብዙሓት ፈጺምካ ዘይክኣል እዩ ይብሉ። ርእሱ ናብ አምላኽ ብፍሉይ መገዲ ዘጥበቕ እንተ ዘይኮይኑ አይክኣልን እዩ።

ጉይታና የሱስ ብዛዕባ ክልተ ሰባት፡ እቲ ሓደ ንዓለም ኵላ ምእንቲ ክኸስብ ነፍሱ ዘጥፍእን (ማቴ 16:26)፡ እቲ ሓደ ኸአ ንሓንቲ ጽብቕቲ ዕንቁ ክዕድግ ዘለዎ ኵሉ ዝሸጠ ነጋዳይን (ማቴ 13:45-46) ምዂሩ አሎ። መንፈስ እግዚአብሄር ንሕይት ዘይኮኑ ነጋዶ ውልቀ ሰባትን ናይ ንግዲ ትካላትን እቲ ዝነበሮም መኽሰባት ናብ ምዝርጋሕ ወንጌልን ዝተፈላለየ አምላኻዊ ዕዮን ከውዕልዎ ከም ዝደረኽም ዝፍለጥ እዩ። ብዛዕባ ሓደ አነ ዝፈልጦ ንግዳዊ ትካል፡ ከመይ ንአምላኽ ዝፈርሀ ዝነበረ ሰብኣይ ከም ዘበገሶን ከመይ ኢሉ ከም ዝማዕበለን ይዝከረኒ። ፍርሃት እግዚአብሄር ግን ከህሉ ዝኽእል ክሳዕቲ ካብ ላዕሊ ካብ ሰማይ ደገፍ ዝተቕበለ ጥራይ እዩ። እቲ ንግዳዊ ክእለትን ብልሕን ጽፋፍ ውዳበን ግን ባዕሉ ክቕጽል ዝኽእል እዩ። አብቲ ቀዳማይ ወለዶ ናይቲ ትካል ብምኽንያት ናይቲ ጀማሪኡ ዝነበረ ናይ አምላኽ ሰብ ካብ አምላኽ ዝኾነ ዋሕዚ ህይወት ብቕጻሊ ስለ ዝነበሮ አብ ትሕቲ ስልጣን አምላኽ ኮይኑ ብዘተኣማምን ንጹህ መገዲ ክንብን ክድንፍዕን ጀመረ። አብቲ ካልኣይ ወለዶ ግን ቀስ ብቐስ እቲ ፍርሃት አምላኽ ምስ ተረፈ እቲ ትካል አብቲ ስርዓት ዓለም ፈጺሙ አትዩ ገና ኾነ ይስስን አሎ።

እስኪ ብዛዕባ ሕርሻ ኾነ ንሕሰብ እንታይ ዘስኽፍ ነገር ክህልዎ ይኽእል ከኣ ንብል። ድሕሪ ውድቀት፡ እግዚአብሄር ንአዳም «... ምድሪ ብዛዕባኻ ርግምቲ ትኹን። ኵሉ ዘመን ህይወትካ እንጌራኻ ካብኣ ብጻዕሪ ክትበልዕ ኢኻ...» ዘፍ 3:17-19 ክብሎ ከለ ንርኢ። አብ ገነት ኤደን ቅድሚ ውድቀት አብቲ አም ህይወት ዝነበረቶ፡ ሕርሻ ብአምላኽ ዝተሰርዐ ብምንባሩ፡ ዝኾነ ይኹን ጉድኣት ክህልዎ አይክኣልን። ግን ካብ ትሕቲ ኢድ አምላኽ ምስ ወጸ ቀልጢፉ አብ ሕማቕ ክወድቕ ንርኢ። ምድሪ ሰለ ዝተረገመት ፍረ ክትህብ ካብ ሰብ ብርቱዕ ጻዕርን ድኻምን ብምሕታታ፡ እቲ ዝእቶ ፍረ ወይ እንጌራ ናይ ሕሰም ኮነ። ናህ ድሕሪ ጥፍኣት ማይ አይሂ አብ ምድሪ ሓድሽ ምጅማር እኳ እንተ ጀመረ ቀልጢፉ እዩ ናብቲ ሕማቕ ዝተመልሰ። እቲ ቃል «ናህ ድማ ሓረስታይ ምድሪ ክኸውን ጀመረ፡ ወይኒ ኸአ ተኸለ። ካብ ወይኒ ሰትዩ ድማ ሰኸረ፡ አብ ማእከል ድንኳኑ ኾነ ጥራዩ ኸነ» (ዘፍ 9:20) ይብለና። ብገለ ርእሱ ሕርሻ ሓጥያት አይኮነን ግን አንፈቲ ካብ አምላኽ ክርሕቕ ከም ዝጀመረ ድሮኳ አብዚ ይርኢ። ኵሉ ደድሕሪ ባህርያዊ ዝንባለኡ ክነብ እንተ ተፈንዩ አንጻር አምላኽ ዝኾነ መገዲ ካብ ምስዓብ አይምለስን እዩ።

እታ ናይ አምላኽ ሕርሻ ወይኒ ዝኸነት ማሕበር ክርስቶስ ግን ሓደ ፍልይ ዝበለ ነገር አለዋ። ሳላ ጸጋ አምላኽን እቲ ሓዲርዋ ዘሎ መንፈስን አብ ውሽጣ ሓደ ናይ ህይወትን ሓይልን ድርኺት አለዋ። ነዚ ብዝግባእ እንተ ስዒባቶ ኸአ ኵሉ ሳዕ ናብ አምላኽ ገጻ እናቕረበት ክትከይድ ጥራይ ዘይኮነት እንተ ዘንበለት'ውን ዝመልሳ እዩ።

ናብ ትምህርትን ፍልጠትን እንተ ተመለስና፡ መጽሓፍ ቅዱስን ተመኩሮን ዝምህሩና ነገራት አለምም። ካብቶም እግዚኣብሄር ዝተጠቕመሎም ዮሴፍን ሙሴን ዳንኤልን ብቀጥታ ካብኡ ዘድልዮም ምግላጽን ምርዳእን ተቐቢሎም አብቲ ዓለማዊ ትምህርቶም ከይተወከሉ ንህዝቢ ዝጠቅም ኣገልግሎት ከም ዘበርከቱ ንፈልጥ ኢና። ሃዋርያ ጳውሎስ'ውን ኣቲ ብዙሕ ምህሮኡ ስለቲ ብሉጽ ፍልጠት ክርስቶስን ብእኡ ዝርከብ ጽድቅን፡ ንኹሉ ዝምክሓሉ ዝነበረ ከም ወጽዓን ከም ጕሓፍን ከም ዝቕጸሮ ነንብብ (ፊሊ 3፡8)። አብ መንጉ እቲ ካብ ኣምላኽ ዝመጽእ ጥበብን ካብ ዓለም ዝመጽእ ጥበብን ከኣ ኣነጺሩ ይፈላለ (1ቆሮ 1፡21-30)።

ግን ካብ ታሪኽ ዩኒቨርሲቲታት ዝርከብ ተመኩሮ ከም ዝምስክሮ፡ ምህሮ፡ ዓለማዊ ባህርይ ኣለዎ። መብዛሕትኤን አብ ምዕራብ ዓለም ዝተመስረታ ዩኒቨርሲታትን ኮለጃትን ፍርሃት ኣምላኽ ብዝነበሮም ሰባት እየን ተመስረትን። ዕላምኡን ከኣ አብ ትሕቲ ክርስትያናዊ ጽልዋ ፍልጠት ንምስናኽ ዝብል ነበረ። ብኾሉ ዘበን እዞም መስረትቲ እቲ ዓላማ ሸቶኡ ይሃርም ነበረ። ምኽንያቱ እቲ ትምህርቲ መንፈሳዊ ትሕዝቶ ክህልዎ ይገብሩን የስተብህሉን ስለ ዝነበሩ። ግን ንሳቶም ምስ ሓለፉ እቲ መንፈሳውነት ድማ ምስኣም ሓለፈ። እቲ ምህሮ ድማ ናብቲ ከምልጠሉ ዘይክእል ዓለማዊ ጸረ ኣምላኽ ኣንፈት ሓዘ። እዚ አብ ገሊኡ ንውሕ ዝበለ ጊዜ ስለ ዝወሰደ እቲ መንፈሳዊ ጽልዋ ብሓንሳእ ኣይሞተን። ግን ዳርጋ ብዘይ ተረፍ ኮለን ካብቲ ዝተመስረታሉ ዕላማ ወጺኤን አብ ካልእ ዘንቢለን እየን። ምድራዊ ነገራት አብ ትሕቲ መንፈሳዊ ቁጽጽር እንተ ኣልዮም ግቡእ ደጋፊ ተርኡም ይጸወቱ እዮም። ካብዚ ቁጽጽር ወጻኢ ኮይኖም እንተ ተለቒቖም ግና ቀልጢፎም ነቲ ብድሕሪኦም ዘሎ ሓይሊ የግህድም እዮም። እቲ አብ ባህርዮም ዘሎ ሕጊ ደፊኡ ይወጽእ፡ ዓለማዊ ምኽኑ ኸኣ በቲ ዝኾተሎ መገዲ ይፍለጥ።

እዚ ነገራት'ውን አብ ሃገርና ቻይና አብቲ ንወንጌል አብ ምዝርጋሕ አብ ዝተገብረ ጻዕሪ ተራእዩ እዩ። ልዕሊ ሚእቲ ዓመት ኣቢሉ ይገብር ቢተክርስትያን አብ ቻይና ንመንፈሳውነትን ንተልእኾ ወንጌልን ዝሕግዙ አብያተ ትምህርትን ሕክምናን ተኺላ ክትዓይ ጀሚራ። አብቲ መጀመርታ እዋናት ኮሉ እቲ ትካላት ንዕዮ ወንጌል ዘፋጥንን ዝድርኽን እዩ ነይሩ። ድሕሪ 10-15 ዓመት ግን እቲ ሀንጻታት ክፈርስ ተገይሩ አብ ክንድኡ ዝሰፍሐን ዝበለጸን ኮይኑ ተሰሪሑ። ግን ቁጽሪ እቶም ናብ እምነት ዝመጹ ሰባት ብቐጻሊ እናወሓደ መጸ። ሎሚ እተን ብሉጻት ትካላት ብዘይ ተረፍ ናይ ወንጌል ወይ መንፈሳዊ ኣሰር ዘይርኣየለን ብሱሩ ናይ ሲጋዊ ትምህርትን ሕክምናን ማእከላት ጥራይ ኮይነን ተረፈን ኣለዋ። እቶም ዝመስረትወን ናይ አምላኽ ሰባት በቲ ምስ አምላኽ ዝነበሮም ኣገዩ

ዝጠበቐ ህይወት ነተን ትካላት ንኽብሩን ዕላምኡን ክቕማ ኣጽኒየመን ነይሮም። ምስ ሞቱ ግና እተን ትካላት ናብ ዓለማዊ መዐቕኒታትን ዕላማታትን ቀልጢፈን ዘንቢለን። ከምኡ ብምኻነን ከኣ ክገርመና ኣይግብኣን።

አብቲ መጀመርታ ምዕራፉት ናይ ግብሪ ሃዋርያት ነቶም ድኻታት ናይታ ማሕበር ንምዕንጋል ትነጥፍ ሓንቲ ጉድለ ከም ዝተመዘዘት ንዝክር ኢና። እዚ ብህጹጽ ኮነታት ዝተበገሰ ማሕበራዊ ኣገልግሎት አምላኽ ዝባረኾ ይኹን ደኣ እምበር ተልእኾኡ ንሓጺር እዋን ጥራይ እዩ ነይሩ። ምናልባሽ ገለ ሰብ እቲ ተግባር ክቕጽል ነይርዎ ዝብል እንተሎ ንኣምላኽ ዘይፈልጠ ክኸውን ጥራይ እዩ ዘለዎ። ምኽንያቱ እቲ ናይ ምዕዳል መግቢ ኣገልግሎት እንተ ዝቕጽል ነይሩ ምስ ምጉዳል እቲ አብ ማእከሉም ዝዓዩ ዝነበረ መንፈሳውነት ናብ ዓለማዊ ኣንፈት ብርግጽ ምዝንባሉ ዘይተርፍ እዩ።

አብ መንጉ እታ ሀንጻ አምላኽ ዝኹነት ማሕበር እቶም ቅዱሳን በብጊዚኡ ካብ አምላኽ ራእይ ተቐቢሎም ዝምስርትወን ዝተፈላለያ ማሕበራዊን ናይ ግብረ ሰናይ ትካላትን ፍልልይ ኣሎ። ንሱ ኸኣ እዘን ትካላት ምንም እኳ ብምኽንያት መንፈሳዊ ራእይ እንተ ተተኽላ ዘይከምታ ብህይወት አምላኽ እትነብር ማሕበር ብርእሰን ክነብራ ዘኽእል ሓይሊ ኣለወን። እዚኤን ካብ እምነት ደቂ እግዚኣብሄር ዝተላዕለ ዝተጀመራን ዝተሃንደሳን ትካላት ሓንሳብ እግሪ ተኺለን ሞያዊ ብቕዓት ምስ ኣጥሪያ ብዘይ ገለ ጸገም እምነት ብዘይብሉም ናይ ዓለም ሰባት ክስስናንን ክቕጽላን ይኽእላ እየን።

ደጊመ ክብል፡ ማሕበር አምላኽ ንኽትነብር አብ አምላኽ ካብ ምውካል ተቋርጻሉ ጊዜ የብላን። እስኪ ብጸሎትን ብሕብረትን ምስክር ወንጌል አብ አባይትን ክባቢኣን ብምትካል ትነጥፍ ሓንቲ ህያው ማሕበር አብ ሓንቲ ከተማ ኣላ ንበል። ድሕሪ ቅሩብ ዓመታት ናብዛ ማሕበር እንተ መጻእና እንታይ ንረክብ? እቶም ኣመንቲ ንኣምላኽ እናተኣዘዙ ብእምነት እንተደኣ ይሰዕብዎ ነይሮም እታ ቤት ብህይወትን ብብርሃን አምላኽን ዝተመልኤት ናይቲ ቃል ሓይሊ ዝርኣየላ ካብ ቅድም ከኣ ኣጸቢቕ እናዓበየት ትኸይድ ኮይና ንረኽብ ኢና። ግን በንጻሩ እቶም ኣመንቲ፡ እቲ ዝነበሮም ራእይ ክርስቶስ ብሰሪ ዘይምእማን እንተ ኣጥፊኦሞ ክሕደት ዝሰበኽላ ሰፍራ ክትከውን ዝኽኣል እዩ። ክሳዕ ኣብኡ እንተ በጺሓ ኸኣ ማሕበር ምኽና ኣቋሪጻ ኣላ ግለት እዩ። ስለዚ ማሕበር ንኽትህሉ ቀጻሊ ዝኾነ ዘየቋርጽ ሓሓድሽ አምላኻዊ ህይወት ክትረክብን ክትማቐልን ኣለዋ። ብዘይ እዚ ንሓንቲ መዓልቲኳ ክትውዕል ኣይትኽእልን እያ።

ግን ኣብ ጐድኒ እዛ ማሕበር ኣምላኽ፡ በታ ማሕበር ወይ በቶም ኣባላት ዝተተኽለት ሓንቲ ቤት ትምህርቲ ወይ ቤት ሕክምና ወይ ቤት ማሕተም ኣላ ንበል። እቲ ኣገልግሎት ኣድላዪ ኩይኑ ስለ ዝተረኽበ ንዓሰርተ ዓመት ክቕጽል እንተ ዝድለ ንበል ብዘይ ናይ ብሕታዊ ወይ መንግስታዊ ደገፍ ከምቲ ዝሰበራ ኣፍራይነትን ብቕዓት ዕዮን እናሳለጠት ክትርከብ ዘለዋ ዕድል ዓቢ እዩ። እቲ ራእይ ክጠፍእ ይኽእል እዩ ግን እቲ ትካል ይቕጽል እዩ። ከም ኩሉ ካልእ ብዘይ ደገፍ ኣምላኽ ዝኸይድ ዓለማዊ ትካል ከምኡ እዩ። ከምዚ ዝበለ ኩሉ ከኣ ኣብቲ ጐይታ «ፍርዲ እዛ ዓለም ሕጂ በጽሐ» ዝበሎ እቱው እዩ።

«እንታይ እዩ ሰራሕካ?» ዝብል ሕቶ እንተ ዝቐርበልካ ንሰኻ ኽኣ «ሕክምና» ኢልካ መለስካ ንበል። እቲ ሰራሕካ ናይ ድንጋጸን ምሕረትን ብምኽኑ ሓበን እናተሰምዓካ ካልእ ዝተፈልየ ነገር ግን ዘይብልካ ኪንካ ትምልስ ኢኻ። ግን ኣነ ወሲኽ እዚ ሰራሕካ ልይጣን ዝቆጻጸሮ ስርዓት ዓለም እዩ እንተ ዝብለካኽ እንታይ ኩን ምበልካ? ከም ሰዓቢ ክርስቶስ ነቲ ዝበልኩኻ ብዕቱብ እንተ ትወስዶ ምሰምበድካ፡ ምናልባሽውን ሰራሕ ከትቅይርውን ሓሳብ ምኣተወካ። ኣይፋልካን ግን ሓኪም ምኽንካ ኣይትግደፍ የግዲስ ብጥንቃቐ ድኣ ተመላለስ ምኽንያቱ ኣብ ናይ ጸላኢ ስፍራ ኢኻ ዘሎኻ። ርእሰኻ እንተ ዘይሓሊኻ ከምቶም ብውዲቱ ዝወደቑ ክትወድቕ ትኽእል ኢኻ።

ሰራሕካ ምህንድስና ሕርሻ ሕትመት ወዘተ እንተኾነ'ውን ከምኡ። ምኽንያቱ ኩሉ እዚ ከም ሰራሕ እንዳ ሳዕስዒትን ርኽሰትን ናይዛ ዓለም እዩ። ብጥንቃቐ እንተ ዘይተመላሊስካ ኣብ ገለ፡ ብመጻወድያ ሰይጣን ተፈንጢርካ ነቲ ብክርስቶስ ዝነበረካ ሓርነት ክተጥፍኦ ኢኻ።

ካብዚ ኩሉ ምጥልላፉት ሰይጣን ግን ከመይ ጌርና ክንወጽእ ንኽእል ኢልካ ትሓስብ ትኽውን? ብዙሓት'ውን ንዓለም ከነምልጠላ እንኽእል ብምሉእ ልብኻ መመሊስካ ርእሰኻ ብምውፋይን ንኣምላኽ ብምሃብን እዩ ይብሉ እዮም። ግን ኣይፋሉን እቲ ጉዳይ ናይ ምድሓን ጉዳይ እዩ። ብባህርይና ኮላትና ኣብዚ ናይ ሰይጣን ስርዓት ዘሎናን መጻወድያ ዝተዘርግሓልናን ኢና። እግዚኣብሄር ብምሕረቱ እንተ ዘየናጊፉና መውጽኢ የብልናን። ኩሉ ተወፋይነትና ካብዚ ከውጽኣና ኣይክእልን እዩ። ክንድሕን ኣብ ምሕረቱን ኣብቲ ኣብ መስቀል ዝዝበር ናይ ምድሓን ግብሩን ጥራይ ክንውከል ኣሎና። ከድሕነና ኣጸቢቑ ይኽእል እዩ። ከመይ ገይሩ ከም ዝገብሮ ኣብ ዝቕጽል ምዕራፋት ክንርኢ ኢና። እግዚኣብሄር ነኢጋርና ኣብ ከውሒ ኣቕሑ ከም ዘይንደልዀ ክገብረና ይክኣሉ እዩ። ብእኡ ተደጊፍና ኽኣ ነቲ ሰራሕና ወይ ሞያና ክሳዕ እቲ ንሱ ዝደለዮ ናብ

ኣገልግሎት ፍቓዱ ክነውዕሎ ንኽእል ኢና።

ደጊመ ግን ክብል እደሊ፡ ኩሉ ናይዛ ዓለም ነገር ብባህርዩ ካብ ኣምላኽ ርሒቑ ናብ ሰይጣን እናዘንበለ ይኽይድ ኣሎ። ኣብ መወዳእታ ኽኣ ኩሉ ኣብ ዓለም ዘሎ ኣብ ሰይጣን እቲ ናይ መወዳእታ ዕላምኡ ክዘጽሕ እዩ። እምበኣር ኣብ ገለ ካብዚ መዳያቱ ክንትንክፍ ከሎና ከይፈለጥና ንመንግስቱ ንሕግዝ ኪንና ክይንርከብ ደው ኢልና ንሕሰብ።

- ምዕራፍ ሰለስተ -

ኣብ ትሕቲ ማይ ዘላ ዓለም

«ናብ ኮላ ዓለም ኪዱ፣ ንብዘሎ ፍጥረት ከኣ ወንጌል ሰበኹሉ። ዝኣመነን ዝተጠምቀን ክድሕን እቲ ዘይኣመነ ግን ክኾነን እዩ» ማር 16፡15-16።

ንመብዛሕትና እቲ ኣብቲ ካልኣይ ምሉእ ሓሳብ ናይዚ ጥቕሲ ዘሎ ናይ ቃላት ኣሰራርዓ የገርመና እዩ። የሱስ ዝኣመነን ዝደሓነን ክጥመቕ እዩ ኣይበለን። ኣይፋሉን ነዚ ገልቢጡ እዩ ኣቕሚጥም፣ እቲ ዝኣመነን ዝተጠምቀን ክድሕን እዩ፣ እዩ ዝበለ። ጉይታ ንዝበሎ ብኢደ ወነንና ቀይርና ካልእ ዘይበሎ እንተ ሰዓብና ጉድኣቱ ኣብ ልዕሊና እዩ። ኮሉ ንሱ ዝበሎ ቃል ዘገድስ እዩ፣ ግለቲ ኩይኑ ኽኣ እዩ ኢልም። ስለዚ ኣብኡ እምነት ብምግባርን ብምጥማቕን ጥራይ ኢና እንድሕን። ገሊኦም በዚ ይደናገሩ እዮም። እንታይ ማለትካ እዩ፣ ኢሎም ከኣ ተቓውሞኦም የስምዑ ይኾኑ። ኣይትደናገሩ ምሳይ ከኣ ኣይትብኣሱ። ምኽንያቱ ኣነ ኣይኮንኩን ከምኡ ኢለ፣ ጉይታ እዩ ከምኡ ዝበለ። ንሱ እዩ ነቲ መስርዕ ኣቕሚጥም፣ ቅድም እምነት ደሓር ጥምቀት ደሓር ምድሓን። ምስ ድልየትና ክሰማማዕ ኢልና ነቲ መስርዕ፣ እምነት ድሕነት ጥምቀት ደኣ ይኹነልና ኢልናውን ክንቅይሮ ኣይግባእን። እቲ ጉይታ ዝበሎ ክጸንዕ ኣለዎ፣ ምሕላዉ ኽኣ ናትና ግደ ይኽውን።

እዚ ካብ ማር 16፡16 ጀሚሩ ዘሎ ጽሑፍ ጉይታ የሱስ ዝተዛረቦ ቃላት ኣይኮነን ዝብሉ ሰባት ከም ዘለዉ ይፈልጥ እየ፣ ግን ኣነ ነዚ ቃል፣ የሱስ ከም ዝበሎ ኣይጠራጠርን እየ። መርትየ ክቕርበሉውን ኣየድልየንን እዩ። ሓደ እዋን ምስ ችየን ዝተባህለ ኣብ ገጠር ዝነብር ሰፋይ ክዳን እራኽብ። ወንጌል ማርቆስ ረኺቡ ባዕሉ እናንበበ ብጉይታ ይኣምን፣ ኣብዚ ክፍሊ ጽሑፍ ከኣ ይብጽሕ። ኣብቲ ቦታ ካልእ ዝኣመኑ ስለ ዘይነበሩ ዘጠምቐ ሰብ ኣይነበረን። ዝገብሮ ስለ ዝጠፍኦ ምንባቡ ይቕጽል ኣብ ጥቕሲ 20 ከኣ ይብጽሕ። ኣምላኽ ባዕሉ ኽኣ ቃሉ ከረጋግጸሉ ይጅምር። ብገርህነት ከኣ ነቲ ኣብ ጥቕሲ 18 ዘሎ ተስፋታት ክፍትኖ ይጅምር። ነቶም ኣብ ከባቢኡ ዝነብሩ ኮሎም ሕመማት ከኣ እናጸለየ ብስም የሱስ ኢዱ ኣንቢሩሎም ናብ ገዝኡ ተመልሰ። ከም ዝሓበረኒ ከኣ ኮሎም እቶም ዝጸለየሎም ብዘይ ተረፍ ሓወዩ። እዚ ንዕኡ እኹል መረጋገጺ ነበረ። እምነቱ ደልዲሉ ስራሕ ስፍየቱ እናዝበረ እሙን ምስክር ኩይኑ ወንጌል ጉይታ እናነገረ እየ ረኺቡዮ። እሞ ንዕኡ ካብ ሰርሓሉ ነዚ ክፍሊ ጽሑፍ ከኣ ከም ቃል ኣምላኽ ካብ ወሰዶ ንዓይክ ኣየኽደኒንዶ?

ስለዚ «ዝኣመነን ዝተጠምቀን ክድሕን እዩ» ኢለ ደጊመ ኣዛረብ ኣለኹ። ግን እንታይ ማለትካ እዩ? ሰብ ኣብ እዋን ጥምቀት እዩ ዳግም ዝውለድ ዲኻ ክትብለኒ ደሊኻ? (ጥምቀታዊ ዳግመ ልደት) ትብሉኒ ትኽኾኑ። ኣይፋልን ከምኡ ኣይኮንኩን ዝብል ዘለኹ። ምኽንያቱ የሱስ «እመንካ ተጠመቕ ሽዑ ከም ብሓድሽ ክትውለድ ኢኻ» ኣይኮነን ዝበለ። ከምኡ ስለ ዘይበለ ከምኡ ኢለ ክኣምን ኣየድልየንን እዩ። ንሱ «ዝኣመነን ዝተጠምቀን ክድሕን እዩ» እዩ ዝበለ፣ እምበኣር በቲ ብጥምቀት ዝርከብ ምድሓን (ጥምቀታዊ ምድሓን) እየ ዝኣምን።

እቲ ዝለዓል ሕቶ እምበኣር እዛ ጽሕፍቲ እንታይ ማለት ኮን እያ? ሉቃስ ኣብ ግብሪ ሃዋርያት ከም ዝመዝገቦ ሃዋርያ ጴጥሮስ ነቶም ሰባት «ካብዚ ቁናን ወለዶዚ ድሓኑ» ምስ በሎም «እቶም ዘረባኡ ባህ ኢልዎም እተቐበሉ ተጠምቁ» ይብለና ግን እዚኽ እንታይ ማለት እዩ?

ነዚ ንኽንምልሶ ብቀዳምነት ትርጉም ናይዚ 'ክድሕኑ' 'ድሓኑ' ዝብል ቃል ክንፈልጥ ኣሎና። ብዛዕባ ምድሓን ዘሎና ርድኢት ግቡይ ክይከውን እፈርህ ኣለኹ። መብዛሕትና ምድሓን ክንብል ከሎና ዝርድኣና፣ ካብ ገሃነም እሳት ከም እንድሕን ናብ መንግስተ ሰማያት ከም እንኣቱ ምስኡ ኽኣ ካብ ሓጥያትና ድሒንና ቅዱስ ህይወት ከም ንመርሕ ዝብል ጥራይ እዩ። ግን ተጋጊና ኣሎና። ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ምድሓን ክንዮዚ ዝበልናዮ ዝኸይድ እዩ። ምስ ሓጥያትን ገሃነም እሳትን ምስ ቅድስናን መንግስተ ሰማያትን ዘይኮነስ ብቕዳምነት ምስ ካልእ እዩ ዝተሓሓዝ።

ኮሉ እቲ እግዚኣብሄር ዘቕረበልና ጽቡቕ ህያብ ንኣንጻሩ ዝኾነ ክፉእ ምእንቲ ክምክተልና እዩ ዝህበና። ጽድቂ ዝህበና ወይ ዘጽድቕና ኮነኔ ስለ ዝሎ እዩ። ናይ ዘልኣለም ህይወት ዝህበና ሞት ስለ ዘሎ እዩ። ሕድገት ሓጥያት ዝህበና ሓጥያት ስለ ዘሎ እዩ። ግን ምድሓን ዘቕርበልና ነንምንታይ ኩን ይኽውን? ጽድቂ ንኮነኔ፣ መንግስተ ሰማያት ንገሃነም እሳት፣ ሕድገት ንሓጥያት። ምድሓን ግን ምስ ምንታይ እዩ ዝተሓሓዝ? ምድሓን ምስ ዓለም ወይ ኮዝሞስ እዩ ዝተሓሓዝ። ከምኡ ምኻኑ ካብዚ ቀጺልና ክንርኢ ኢና።

ሰይጣን ውልቃዊ ጸላኢ ክርስቶስ እዩ። በቲ ኣብ ሰብ ዘሎ ሲጋዊ ባህርይ እናሰርሐ ኽኣ ንኾላትና ኣሳቲፉ ነዚ ዘሎና ሃለዋት ከምጽእ በቒዑ። ንዚ ኹሉ ዓለማዊ ቅዲ ኽኣ ብፍሉይ መገዲ ንእግዚኣብሄር እቦ ዝጻረር እዩ። እቶም ሰለስተ ናይ ጸልማት ሓይልታት ማለት ዓለም ሲጋ ሰይጣን ኣእንጻር እቶም ሰለስተ ስላሴ ብኣንጻሮኑ ከም ዝተሰለፉ ኮላትና ንፈልጥ ይመስለኒ። ስጋ ኣንጻር መንፈስ ቅዱስ ከም ጸራቕሊጦስ ዝተሰለፈ ክኽውን

ከለ፡ ሰይጣን ኣንጻር ክርስቶስ ከም ጐይታ፡ ዓለም ከኣ ኣንጻር ኣቦ ከም ፈጣሪ፡ እዮም ዝሰለፉ።

ንዓለም ከምቲ ዝገለጽናያ ኩሉ ናታ ዘበለ ኣንጻር እግዚኣብሄር ብፍላይ ከም ኣቦን ምንጪ ኩሉን ዝቕመ እዩ። እቲ ናይ ዘልኣለም ምሽሩ ኣብ ዘፍጥረት «ብዙሕ ጽቡቕ ኩነ» ኢሉ ከም ዘተንበሆ፡ ንዕኡ ከምጽእ ምዕያይ ኣየቋረጸን። እዚ ኽኣ ቅድሚ ምስራት ዓለም ነቲ ኣብ ልቡ ክንብር ዝመደቦ ምኽሩ ኣብ ምድሪ ሰብ ብመገዱ ብምምልላሱን ንዕኡ ብምግዝኡን ገዛኢ ክኸውንን ናይ ወዱ ባህርይ ክርእን ዝብል እዩ። ግን ሰይጣን እዚ ምእንቲ ክይኸውን ኣብ መንጐ ኣትዩ ኣባላሸዩ። ንምድሪ ከም መበገሲኡ ንሰብ ከኣ ከም ናውቱ ወሲዱ ነቲ ፍጥረት ኣምላኽ ንዕኡ ከም ዘንጸባርቕን ኣብኡ ከም ዝምእከልን ክገብሮ ጨወዮ። ነቲ ኣምላኻዊ መደብ ብቀጥታ ዝጻረር ጓና ዝኾነ ስርዓት ከኣ ኣታኣታተወ።

ስለዚ ሉሚ፡ ክልተ ዓለማት፡ ክልተ ሰልጣናት፡ ክልተ ፈጺሞም ዝጻረሩ ባህርያት ኢና እንረክብ። እዚ ኽኣ ንዓይ ኣብ መጸኢ እንበጽሖ መንግስተ ሰማያትን ገሃነም እሳትን ጥራይ ኣይኮነን። እቲ ሕቶ ሉሚ ካብዘን ክልተ ዓለማት ናበየኑን ኢና ዝብል እዩ። ናብታ ክርስቶስ ሉኡሳዊ ጐይታ ኩይኑ ዝነግሰላዶ ወይስ ነታ ሰይጣን ሓለቓኣ ዝኾነ ተጻራሪት ስርዓት ዓለም?

ስለዚ ምድሓን ክንብል ከሎና ብቐዳምነት ናይ ሓጥያትካ ምሕዳግን ካብ ገሃነም ምሳላጥን ዝብል ጥራይ ኣይኮነን። የግዳስ ካብቲ ዓለማዊ ስርዓት ምውጻእ ዘመልክት እዩ። ስለዚ ክድሕን ከለኹ ነታ ሓንቲ ዓለም ብምልእታ ሓዲገ ናብ ካልእ እየ ዝኣቱ። ሕጂ ድማ ኣነ ካብታ ሰይጣን ንመደብ ኣምላኽ ብምጽራር ዝሰርሓ ውድብቲ ግዝኣት ዓለም ደሒነ እየ።

እዚ ንኹሉ ፍጥረት ዓለም ዝጥርንፍ ግዝኣት ብዙሕ ገጻት ዘለዎ እዩ። ሓጥያት ብርግጽ ኣብኡ ቀዳማይ ቦታ ኣለዎ፡ ከምኡ ድማ ዓለማዊ ትምኒታት። ግን ካብኡ ብዘይ ውሕድ ኩሉ እቲ ኣብ ዓለም ዘሎ መምዚታትን ኣሰራርሓታትውን ከምኡ። ኣእምሮ ሰብ ምስ ኩሉ ባህልታቱን ፍልስፍናታቱን ግሕሪ ሰባዊ ይኹን ፖለቲካዊ ኣተሓሳስባታት ኩሉ ኣብኡ እቲው እዩ። ምስዚ ብዘይ ጥርጥር ኣብ ዓለም ዘለዋ ሃይማኖታትን ካብ ዓለም ዘይተፈልየ ክርስትናን ይጠቓለል እዩ። ኣብቲ ሓይልን ጸዕርን ናይ ሰብ ዝዓብለሉ መዳይ ዘበለ ኩሉ፡ ቀጥታዊ ዝኾነ ናይ ሰይጣን ድርኺት ኣሎ።

እምብኣር ዓለም ከምዚ እንተ ኾይና ምድሓን ደኣ እንታይ ማለት እዩ? ምድሓን ማለት ኣነ ካብኣ የምልጥ ማለት እዩ። ካብቲ ንኹሉ ዘጕልብብ ጽልዋኣ እወጽእ። ደጊም ናይቲ ሰይጣን ዝሰርየ ኣገባብ ኣይኮንኩን። ልበይ ከኣ ኣብ ልዕሊ እቲ እግዚኣብሄር ልቡ ዘንበረሉ ኣቕምጥ። ነቲ ክርስቶስ ዘልኣለማዊ ኣምላኽ ዘለዎ መደቡ ከም ዕላማይ ገይረ እወስዶ፡ ናብኡ ኽኣ እኣቱ፡ ካብ ዓለም ከኣ እናገፍ።

እቲ ኣሚኑ ዝጥመቕ ንሱ ክድሕን እዩ። የሱስ ዝበሎ ከምኡ እዩ። ኣነ ኽኣ ናይ እምነት ስንጭቲ እወስድ። ኣሚነ ኽኣ እጥመቕ፡ ዝደሓነ ሰብ ኩይነ ኽኣ እወጽእ። እዚ ኽኣ እዩ እቲ ምድሓን። ስለዚ ንጥምቀት ከም ንእሽቶ ነገር ጊርና ኣይንርኣዮ። ዓቢ ቁም ነገር ዝሓዘለ እዩ። ካብ ክልተ ብሓይሊ ዝጋጨዋ ዘለዋ ዓለማት ካብ ሓንቲ ወጺእካ ናብታ ሓንቲ ከም ምእታው ማለት እዩ።

ኣብ ቅዱስ ጽሑፍ ንጥምቀትን ንምድሓንን ዘተኣሳስር ካልእ ጽሑፍ ኣሎ። ኣብ 1ጴጥ 3፡20-21 «ትዕግስቲ ኣምላኽ ብመዓልትታት ኖህ ምስ ተጸበየት፡ እታ መርከብ ክትሰራሕ ከላ ብእኣ ሒደት ማለት ሾመንተ ነብሲ ብማይ ዝደሓናላ ነቶም ቀደም ዘይኣመኑ ሰበኽሉም። እቲ ማይ ድማ ሎሚ ብተምሳሉ ማለት ጥምቀት የድሕነኩም ኣሎ። ...» ይብል። ስለዚ ጥምቀት ሕጂ የድሕነና እዩ ይብል እቲ ሃዋርያ ማለት ከምቲ ኖህ ብማይ ሓሊፉ ዝደሓነ ንሕናውን ብጥምቀት ከም ንድሕን። ንዘከር ግን ዳግም ልደት ኣይኮንኩን ዝብል ዘሎኹ። ካብቲ ዓለማዊ ስርዓት ፈጺምና እንበትከሉ ዘገድስ ጉዳይ ደኣ እዩ።

ናብ ዘፍ ምዕራፋት 6-8 እንተ ተመለስና ነዚ ጴጥሮስ ዝብሎ ዘሎ ዝያዳ ክንርድኦ ንኽእል። ኣብ ጊዜ ኖህ ዝነበረት ዓለም ፈጺማ ዝተበላሸወት ነበረት። ብኣምላኽ ተፈጢራ ክሳ በቲ ክፉእ ግብሪ ሰባት ምድሪ ተባላሽያ። ሓጥያት ሓንሳእ ምስ ኣተወ ቀልጢፉ ስለ ዝበዝሐን ስለ ዝዓበለለን መንፈስ ኣምላኽ ይኣክል ክብል ከሎ ንርኢ። ነገራት ከኣ ብጀካ ብፍርዲ ምውጋድ እንተ ዘይኮይኑ ብኻልእ ፈውሲ ክርከቦ ዘይክኣል ደረጃ በጽሐ።

ስለዚ ኣምላኽ ንኖህ መርከብ ክሃንጽን ንስድራኡን ነቶም ዝበሉ እንስሳታትን ከኣ ናብኣ ክእቱ ኣዘዞ። ብድሕሪዚ እቲ ማይ ኣይሂ ወረደ። ግን እቲ ማይ ንኹሉ ነዋሕቲ ኣኹራናት ውሒጡ ነታ መርከብ በይና ንላዕሊ ክብ ኣቢሉ ኣንሳፈፋ። ኩሉ ህያው ዘበለ ሰብን እንስሳን ብዘይካ ኣቶም ኣብ ውሽጢ እታ መርከብ ዝነበሩ ጠፍኤ። ኣብዚ እቲ ዘገድስ ጥዒ፡ ናህን ቤቱን በቲ ማይ ከይሞቱ ኣምሊጦም ዝብል ኣይኮነን። እቲ

ቀንዲ ነጥቢ፣ ካብታ ኣብ ትሕቲ ማይ ዘላ ብልሽውቲ ዓለም ኣምሊጦም ዝወጹ ሰባት ንሳቶም ጥራይ ምኻናም ዝብል እዩ። ካብታ ዓለም ብምውጻእ ህይወት፣ ኣብኣ ብምትራፍ ግን ጥፍኣት ስዒቡ። እምበኣር ምድሓን ባዕሉ እቲ ምውጻእ እዩ እምበር ሳዕቤን ናይቲ ምውጻእ ኣይኮነን። እቲ ፍልልይ ዓቢ ስለ ዝኾነ ነስተውዕሎ። ምድሓን ብሱሩ ካብቲ ድሮ ዝተፈርደ ስርዓት ናይ ሰይጣን ሕጂ ምውጻእ እዩ።

ኣምላኽ ዝተመስገነ ይኹን ወጺኦም። ከመይ ኢሎም? በቲ ማይ። እምብኣር ሎሚ ኣመንቲ ክጥመቐ ከለዉ ብተምላሉ ብማይ እዮም ዝሓልፉ ልክዕ ከምቲ ናህ ኣብታ መርከብ ኮይኑ በቲ ማይ ዝሓለፈ። እዚ ብማይ ምሕላፎም ከኣ፣ ካብ ዓለም ምምላጦምን ካብቲ ብኣምላኽ ዝተፈርደ ስርዓት ናይ ሰይጣን ምውጽኦምን የመልክተና። ሎሚ ንዓኻትኩም እትጥመቑ ዘለኹም ብፍላይ እብለኩም ኣለኹ (እዚ ስብኪት እዚ ዝተዋህበ ኣብ ለንደን ወርሒ ግንቦት 1939 ስርዓት ማይ ጥምቀት ኣብ ዝፍጸመሉ እዋን እዩ ነይሩ) ኣብቲ ማይ ንስኻትኩም ክትኣትዉ ከሎኹም ንስኹም በይንኹም ጥራይ ኣይኮንኩምን እትኣትዉ። እዚ ዘክሩ ሓንቲ ዓለም ብምልእታ ምሳኹም ክትወርድ እያ። ካብቲ ማይ ክትወጹ ከሎኹም ምስ ክርስቶስ(እታ ኣብ ልዕሊ እቲ ማይ ዘላ መርከብ) ክትወጹ ኢኹም። ዓለምኩም ግና ኣብኡ ክትተርፍ እያ። ከምቲ ናይ ናህ ዓለም በቲ ማይ ዝተዋሕጠት፣ ዓለምኩም ከኣ በቲ ሞት ክርስቶስ ሞይታ መሊሳ ህይወት ዘይትረክብ ኮይና እያ። ነዚ ኽኣ ብጥምቀት ጌርና ኢና «ንሞይታይ ንዓለመይ ብድሕረይ እርሕሩ ኣለኹ። ካብኣ ንዘልኣለም መስቀል ፈልዩኒ እዩ» ብምባል ንእውጆ።

ብስእላዊ ኣዘራርባ እምበኣር በቲ ናይ ጥምቀት ማያት ክትሓልፉ ከለኹም ናይቲ ኣረጊት ስርዓት ዘበለ ኩሉ መሊሱ ናባና ከይመለስ ካባና በቲ ማይ ይቀ(ቅ)ረጽ እዩ። ንስኻ በይንኻ ጥራይ ኢኻ እትወጽእ። ናብ ካልእ ዓለም፣ ርግኒትን ሓድሽ ቁጽሊ ኣውሊዕን እትረኽበሉ መሲጋገሪኻ እዩ። ካብ ሓንቲ ኣብ ትሕቲ ፍርዲ ዘላ ዓለም ወጺእካ ናብ ካልእ ብሓድሽ ኣምላኻዊ ህይወት እትልለ ምእታው ማለት እዩ።

ደጊመ ክሕምረሉ ዝደሊ፣ ክትጥመቕ ከሎኻ በይንኻ ጥራይ ኣይኽርካን ናብቲ ማይ ዝወረድካ። ዓለምካውን ምላኻ ወሪዳ እያ፣ ኣብኡ ኽኣ ተሪፋ። ካብዚ ሕጂ ዘለኻዮ ሓድሽ ህይወት ኪንካ እቲ ማይ ነቲ ቀደም ዝነበርካሉ ዓለም ኵሉ ከዲንዎ ከም ዘሎ ክትርእዮ ኢኻ። እቲ ንኖህን ንቤተሰቡን ዘድሓነ ዕልቕልቕ ማይ ንሱ ነታ ዝነበርዋ ዓለም ኣሰጢሙ ኣጥፍኣ። ስለዚ እቲ ማይ ብሓደ ሽነኽ ንዓኹምን ንዓይን ብክርስቶስ ኣብ በሪኽ ስፍራ ምድሓን ከቕምጠና ኽሎ፣ በቲ ሓደ ሽነኽ ግን ነቲ ናይ ሰይጣን

ስርዓት ብምሉኡ ይቕብሮ እዩ። ኣብ ጥምቀት ከም ውሉድ ኣዳም ዘሎካ ታሪኽ ጥራይ ኣይኮነን ዘብቕዕ ዓለምካውን ኣብኡ ተብቕዕ። ኣብ ክልቲኡ ማለት ማይ ኣይሂ ኮነ ማይ ጥምቀት፣ ሞትን ቀብርን እምበር መሊሱ ዝተንስኤ ዋላ ሓደ የለን። ናይ ኩሉ መወዳእታ እዩ።

ስለዚ ካብቲ ናይ ቀደም ዓለምካ፣ ናብዛ ሓዳሽ ተሰኪምካዮ ክትከይድ ትኽእል ነገር የለን። ነቲ ናይ ቀደም ብኣዳም ዝነበረ ኣብኡ እዩ ዝተርፍ፣ መሊስካ ክትስሕቦ ዘይክኣል ይኽውን እዩ። ቀደም ምናልባሽ ሰራሕተኛ ናይ ሓደ ድኺን ወይ ቤት ጽሕፈት ወይ ድማ ናይ ሓደ ንግዳዊ ትካል ኣካያዲ ወይ ሓላፊ እንተኔርካ ሎሚውን ገና ከምኡ ሰራሕተኛ ወይ ሓላፊ ኪንካ ትህሉ። ግን ኣብ ኣምላኻዊ ነገራት ግለት ማሕበር ኣምላኽን ኣገልግሎትን መጺእና ባርያ ወይ ጭዋ ኣይሁዳዊ ወይ ኣህዛብ ወይውን ከምኡ ዝመሰል ኣብ ኣዳም ዝፈላሊ ብዙሕ መዳያት የለን። የግዳስ ንርእስኻ ብክርስቶስ ሓደ ሓድሽ ሰብ ከም ዘሎ ጌርካ ጥራይ ትርእያ። ናብ ኦም ኣውሊዕን ቁጽሊ ኣውሊዕን ዘለዎ ናይ ምንባር ሚስጢር ኣምላኽ ዝኾነ ሓድሽ ስርዓት ኢኻ ኣቲኻ ዘሎኻ። ንኹሉ መጻኢኻ ብዓይኒ ትንሳኤ የሱስ ክርስቶስ (1ጴጥ 3፡21) ኢኻ ትርእዮ። እዚ ኽኣ ናብቲ ኣምላኽ ዝፈጥሮ ዘሎ ሓድሽ ነገር ፈጺምካ ከም ዝኣተኻ ዘረድእ እዩ። ብዙሓት ተንተንቲ መጽሓፍ ቅዱስ ከም ዝሰማምዑሉ እቲ ኣራራት ዝብል ስም ብቀንዱ 'ቅዱስ ስፍራ' ማለት እዩ። ዝደለየ ይኹን፣ግን እታ መርከብ ነቶም ፍጥረታት ሒዛ ብተምሳል ሓድሽ ፍጥረት ኣብቲ ዝዓረፈትሉ፣ ዝተሓደሰት መሬት ብምዕላባ ንእግዚኣብሄር ምስጋና ይኹኖ። ካብቲ ሞት ክርስቶስ ከኣ እግዚኣብሄር ሓደ ሓድሽ ፍጥረት ናብ ህላወ የምጽኦ ኣሎ። ሰባት ከኣ ምስቲ ዝተንስኤ ክርስቶስ ክነብሩ እናገበረ ናብዚ የእትዎም ኣሎ። ብክርስቶስ ንስኻትኩምን ኣነን ኣብኡ ኣሎና።

እንተ ዘይተጠመቕናዶ፣ሞ እንታይ ኣለዎ እዩ ኢልኩም ትሓቱ ትኽኡ። ግን መልሰይ፣ ጐይታ ዝኣዘዘ እዩ እየ ዝብለኩም (ማቴ 28፡19)። ንርእሱ ባዕሉ'ውን ነቲ ጥምቀት ክጐሰዮ ተሓቲቱ ኣብዩ ወሲድዎ እዩ (ማቴ 3፡13-15)። ጴጥሮስ ንጥምቀት ክገልጾ ከሎ ከም ናይ ሰናይ ሕልና ልማኖ ወይ ምስክርነት ኣምላኽ ኢልዎ ኣሎ። ምስክርነት እምበኣር ኣዋጅ እዩ። ስለዚ በዚ ግብሪዚ ኣበይ ቈምካ ከም ዘሎኻ ብዘይ ቃል ብግብርኻ ትምስክር። በቲ ማይ ብምሕላፍካ ከኣ ነቲ ኩሉ ፍጥረት ዓለም፣ ዓለምካን ንድሕሪት ሓዲግካ ናብ ሓደ ብኹሉ ሓድሽ ዝኾነ ከም ዘኣተኻ ትእውጅ ኣሎኻ። እዚ እዩ ኽኣ ምድሓን። ኣብቲ ኣምላኽ ኣብ ክርስቶስ ዘቕመጠካ ስፍራ ደው ብምባል ግሁድን ኩሉ ዝርእዮን መርገጺ ትወስድ።

ንምድሓን ምስ ገሃነም ሓጥያትን ጥራይ እንተ ኣገናዚብናዮ፣ ንገለ ክፍሊ ጽሑፋት መጽሓፍ ቅዱስ ክንትርጉሞም ዘጸግመና ንምብራህ፣ እዚ ንብሎ ዘሎና ሓጋዚ እዩ። ንኣብነት ኑቲ ጳውሎስን ሲላስን ኣብ ግብሪ ሃዋርያት 16 ኑቲ ሓላው እሱራት ዝበልዎ ንምርዳኡ ዝኸብድ ቃላት የብርሃልና እዩ። እቲ ሰብኣይ «ምእንቲ ክድሕንሲ እንታይ ክገብር ይግብኣኒ?» ኢሉ ሓተቶም።። እቲ መልሲ ኸኣ «ብጐይታና የሱስ እመን እሞ ንስኻን ቤትካን ክትድሕኑ ኢኹም» ዝብል መጸ። ንስኻትኩምውን እንተ ትሕተቱ፣ ጥዑያት ወንጌላውያንን ሰበኽትውን እንተ ኹንኩም መልስኹም ብርግጽነት ከምቲ ዝተባህለ እዩ ዝኸውን። ግን ነስተውዕል ሃዋርያ ጳውሎስ «ንስኻን ቤትካን» ዝብላ ቃላት ወሲኹለን እዩ።

ግን ገለ ሰብ ስማዕስከ ኣነ ብጐይታ የሱስ ክርስቶስ እንተድኣ ኣሚነ ኣነን ቤተይን ኮላትና ክንድሕን ማለት ድዩ? ኢሉ ይሓተኒ ይኸውን። ሕጂውን ደጊምና ጥንቃቐ ክድልየና እዩ። ጳውሎስ «ብጐይታና የሱስ ክርስቶስ እመን እሞ ንስኻን ቤትካን ዳግም ክትውለዱ ኢኹም» ኣይበሎን፣ «ክትድሕኑ ኢኹም» እዩ ዝበለ። ንዘክር ኣብዚ ጳውሎስ፣ እቲ ሓላው እሱራት ካብቲ ዘሎ ስርዓት ክወጽእ እዩ ዝደልዮ ዘሎ። እዚ ሰብኣይ ከም ርእሲ ናይ ቤቱ ካብታ ሰዓት እቲኣ ጀሚሩ ንሱን ቤቱን ንኣምላኽ ከም ዘገልግሉ እንተ ኣዊጁ እዚ ድማ ኮሉ ዝፈለጠ ብጋህዲ እንተ ኹይኑ፣ ሓለፍቲ መገዲ ሰባት ክይተረፉ በቲ ጥቓ ገዝኡ ክሓልፉ ከለዉ 'እዚኣምኮ ናይ ክርስቶስ እዮም' ይብሉ እዮም።

ሰለዚ ምድሓን እምበኣር ከምዚ ማለት እዩ፣ ናይ ካልእ ስርዓት ከም ዝኹንካ ትእውጅ። ሰባት ብኢደም ኣመልኪቶም «እወ እቲኣም ክርስትያን ስድራ ቤት እዮም ናይ ክርስቶስ እዮም» ይብሉና። እቲ ጐይታ ንዓና ዝሃበና ዝበሃገልና ምድሓን ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ብወግዒ «ዓለመይ ከይዳ እያ ናብ ካልእ እኣቱ ኣለኹ» ኢልና እንምስክረሉ እዩ። ኣምላኽ ንርእስና ካብታ ዝተፈርደት ኣረጊት ዓለምና ካብ ሱራ ተግሒና ኣብታ ሓዳስን ኣምላኻዊትን ግን ደልዲልና እንስረተሉ ዓይነት ምድሓን ይህበና።

ነዚ ኹሉ ሓደ ክዙርን ኣምንታዊን ዝኸነ መዳይ ስለ ዘለም ምስጋና ንኣምላኽ ይኹን። ሃዋርያ ጴጥሮስ «ብትንሳኤ የሱስ ክርስቶስ» ኢና ንድሕን ድሕሪ ምባል ኣብ ቁ 22 «ንሱ ናብ ሰማይ ዓሪጉ ኣብ የማን ኣምላኽ ኣሎ፣ ንእኡ መላእኽትን ስልጣናትን ሓይልታትን ይግዝእም ኣለዉ» ይብል። ኣምላኽ ንወዱ ኣብ ልዕሊ ኮሉ ገይሩ ኹሉም ስልጣናት ከግዝኦም ገይሩ እዩ። እምበኣር እዚ ክገብር ዝተኻእሎ

ኣምላኽ፣ ንዓይ ከኣ ስጋይን ነፍሰይን ናብ ካልእ ግዝኣት ከሰጋግረኒ ኣጸቢቑ ይኸእል እዩ።

ሰለዚ ነዚ ኹሉ ዝበልናዮ ክንክልሶ፣ ክልተ ዓለማት እየን ዘለዋና። ብሓደ ሸነኽ ኣብ ትሕቲ ጽኑዕ ባርነት ሰይጣን ኣብ ኣዳም ዘላ ዓለም፣ በቲ ሓደ ሸነኽ ከኣ ኣብ ክርስቶስ ዘላ ሓድሽ ፍጥረትን መንፈስ ቅዱስ ዝነጥፈላ ሃዋህውን እየን። ካብቲ ናይ ኣዳም ወጺኤ ከመይ ገይረ ናብታ ናይ ክርስቶስ እሰግር? ነዛ ሕቶ ንምምላስ ርግጸኛ እንተ ዘይኸንካ እሰኪ ካልእ ሕቶ ክሓተካ? ብሱሩኽ ከመይ ኢልካ ኢኻ ኣብ ኣዳም ኪንካ ወይ ኣቲኻ? ምኽንያቱ እቲ መእተዊና እንተ ፈሊጥናዮ እቲ መውጺኢኡ ኣይጽግመናን እዩ። ኣብ ኣዳም ዝኣቱኻ ካብኡ ስለ ዝተወለድካ እዩ። ከመይ ኢልካኽ ካብኡ ትወጽእ? ግሉጽ እዩ ብሞት። ሕጂኽ፣ ኣብቲ ናይክ ርስቶስ ከመይ ኢልካ ትኣቱ? እቲ መልሲ ሓደ እዩ ብልደት እዩ። ናብቲ ስድራ ቤት ኣምላኽ እንኣቱ ብናይ የሱስ ክርስቶስ ትንሳኤ ካብ ምውታት ብብዝሒ ምሕረቱን ንህያው ተስፋ ብሓድሽ ልደት (1ጴጥ 1፣ 3-4) እዩ። ብተምላል ሞቱ ድማ ምስኡ ሕቡራት ካብ ንኽውን፣ ብተምላል ትንሳኤኡ ኽኣ ምስኡ ንሓብር ኢና (ሮሜ 6፡5)። ሞት ምስታ ኣረጊት ዓለም ዝነበረካ ርክብ ከም ዘኽተሞ፣ ትንሳኤ ኽኣ ምስታ ሓዳስ ዓለም ህያው ምትሕሓዝ ክትገብር የኽእለካ።

ኣብ መንጉ እዘን ክልተ ዓለማት ዘሎ ሃንፍ ወይ መሰጋገሪ እንታይ ኮን ይኸውን ኢልና ኣብ መወዳኢታ እንተ ሓተትና ቀብሪ እዩ። ከምኡዶ ኣይኮነን? «... ከምኡ ኽኣ ንሕና ብሓዳስ ህይወት ምእንቲ ክንመላለስ ናብ ሞት ብጥምቀት ምስኡ ተቐበርና» ሮሜ 6፡4። «ናብ ሞት ... ተቐበርና» ዝብላ ቃላት መምለሲ ዘይብለን ደምደሞቲ እየን። ኣብ ኣዳም ዝነበረኒ ታሪኽይ ድሮ ብሞት የሱስ ክርስቶስ ተዛዚሙ እዩ። ድሕሪ እቲ ምቕባረይ ከኣ ኣነ ዘብቃዕኩ ሰብ እየ ክብል ይኸእል እየ። ግን ክንዮኡ ክብል ይኸእል እየ፣ ክብሪ ንኣምላኽ ይኹን። «ከምቲ ክርስቶስ ... ካብ ምውታት ዝተንስኤ» ኣነ ኽኣ ካብቲ ማይ «ብሓዳስ ህይወት ምእንቲ ክመላለስ» (ሮሜ 6፡4) ኢለ ወጺኤ መገደይ ክኸይድ ይኸእል እየ። እዚ እዩ ኽኣ እቲ ክንንእእሶ ዘይግብኣና ካልኣይ ገጽ።

እዚ ድርብ ውጽኢት ናይቲ መስቀል ከኣ ኣብ ሮሜ 6፡3 «ወይስ ብክርስቶስ የሱስ እተጠመቕና ዘበልና ኮላትና ብ(ወይ ናብ) ሞቱ ከም እተጠመቕናዶ ኣይትፈልጡን ኢኹም?» ተመልኪቱ ኣሎ። ኣብዛ ሓንቲ ጥቕሲ እቲ ክልተ ሸነኻት ማይ ጥምቀት ተኣሚቱ ኣሎ። ናብ ክልተ ነገራት ኢና ንጥመቕ። ቀዳማይ እቶም ኣሚንና ዘሎና «ብ(ወይ ናብ) ሞቱ ተጠሚቕና» ኣሎና። እዚ ኣገዩ ዓቢ ፍጻመ እዩ ግን ንሱ ጥራይ

ድዩ? አይኮነን። ምኽንያቱ አብቲ ካልኣይ ክፋል ናይታ ጥቕሲ «ብ(ወደ ናብ) ክርስቶስ የሱስ ተጠሚቕና» ስለ ዝብል። ናብቲ ሞት የሱስ ክርስቶስ ብምጥማቕይ ምስ ዓለም ዝሐበረኒ ዝምድና ይውድኦ፡ ግን ከኣ ናብ ክርስቶስ የሱስ ህያው ሰብኣት ዘለዎ ርእሲ ሓድሽ ዓሌት ዝኹነ ብምጥማቕይ ፈጺሙ ሓድሽ ዝኹነ ዓለም ይኽፍተለይ። ናብቲ ማይ ብምውራድ ጥራይ ነዚ ብምሉኡ እፍጽሞ። ብግሀዶ ድማ ካብታ ወዲ ሰብ ካብ ምድሪ ልዕል ኢሉ ንዓይ ናብኡ ዝሰሓበላ መዓልቲ ጀሚረ ፍርዲ እዛ ዓለም በጽሐ ኢለ እእውጅ።

ንኽኑ ፍጥረት ክሰበኽ ዘለዎ ከመይ ዝበለ ወንጌል!

- ምዕራፍ ኣርባዕተ -

ንዓይ እተሰቕለት

ንኣምላኽ ክትፍለይን ካብ ዓለም ኽኣ ዝተፈለኻ ክትከውንን ቀዳማይ መትከል ህይወት ክርስትና እዩ። ዮሃንስ ኣብቲ ናይ የሱስ ክርስቶስ ራእዩ፡ ክልተ ፈጺመን ክዕረቕ ዘይኽእላ ብዘለወን ሞራል ክኣ ኣዝየን ዝቃረና ዓለማት እዩ ርእዩ። ቅድም ነታ ኣደ ኣመናዝርን ርኽሰት ምድርን ዝኽኑት ባቢሎን ክርኢ ብመንፈስ ናብ በረኻ ወሰደኒ ይብል (ራእ 17፡3)። ኣብ ራእ 21፡10 ክኣ ብመንፈስ ናብ ዓብዪን ነዊሕን ከረን፡ ንየሩሳሌም እታ መርዓትን ሰበይቲ እቲ ገንሸልን ክርኢ ወሰደኒ ይብል። እቲ ኣብ መንጐኤን ዘሎ ፍልልይ ኣዝዩ ንጹርን ጐሊሑ ዝርኢን እዩ።

ሙሴ ንኹን በልኣም ክምቲ ኣምላኽ ገይሩ ንነገራት ዝርእዮም ክንርኢ ምእንቲ ክንክእል ክም ዮሃንስ ኣብ ጫፍ ከረን ክንድይብ ኣሎና። ብዙሓት፡ ነቲ ዘልኣለማዊ መደብ ኣምላኽ ክርእይዎ ኣይክእሉን እዮም፡ እንተ ረኣይዎ'ውን ክም ሓደ ደረቕን ንቑጽን ትምህርቲ ገይሮም ስለ ዝወሰድዎ ብናብራ ጉላጉል ዕጉባት እዮም። ርድኢት ጥራይ በይኑ ንቕድሚት ክሰጉመና ኣይክእልን እዩ፡ ምግላጽ ግን የሰጉመና እዩ። ካብቲ በረኻ ብዛዕባ ባቢሎን ገለ ኣፍልጦ ንረክብ ንኽውን ኢና ግን ነታ ሓዳስ የሩሳሌም ክንርኢ መንፈሳዊ ምግላጽ ክድልየና እዩ። ሓንሳእ እንተ ርኢናያ ኽኣ መሊስና ክም ናይ ቀደምና ኣይክንከውንን ኢና። ክም ኣመንቲ እምበኣር ንኽኑ ካብ ምኽፋት ኣዒንቲን ፍልጠትን ጥራይ ንደልዮ ንኽውን ኢና ግን ምእንቲ ኽንምኩሮን ክንጥዕሞን ካብቲ ተራን ልሙድን ወጺእና ክንድይብ ኣሎና።

እታ ኣመንዝራ ባቢሎን ኮኑ ሳዕ 'እታ ዓባይ ከተማ' እያ (ራእ 16፡19)፡ ንዕቢታን ንልዕልናኣን ጥራይ እያ ኽኣ እተትኩረሉ። በንጻራ ግና፡ እታ ሓዳስ የሩሳሌም 'እታ ቅድስቲ ከተማ' እያ(ራእ 21፡2,10)፡ ኣብቲ ንኣምላኽ ምእንቲ ክትከውን ምፍላይ ዝብል እያ ኽኣ እተተኩረ። ንሳ ካብ ኣምላኽ እያ፡ ንሰብኣያ ኢላ ኽኣ እያ እትዳሎ ዘላ። በዚ ምኽንያት እያ ኽኣ ክብሪ ኣምላኽ ዘለዋ። እዚ ንዓና ንኽኑልና ናይ ተመኩሮ ጉዳይ እዩ። ቅድስና ማለት እቲ ካብ ኣምላኽ ዝኽኑን፡ ንነርስቶስ ብምሉኡ ዝኽውንን ንእኡ ዝተፈልየን እዩ። እዚ ነቲ 'ካብ ሰማይ ዝነቐለ ጥራይ እዩ ናብ ሰማይ ዝምለስ' ዝብል ሕጊ ዝኽተል እዩ። ምኽንያቱ ካብዚ ወጻኢ ቅዱስ ዝበሃል የለን። ነዛ መትከል ቅድስና እዚኣ ፈኒና እንተ ሓዲግናያ ግን ብቕጽበት ናብ ባቢሎን ክንኣቱ ኢና።

ስለዚ እዩ እምበኣር ዮሃንስ ነታ ሰማያዊት ከተማ ክገልጻ ከሎ በቲ ቀጽራ ዝጀመረ። ኣምላኽ ብእኡን ክኣቱን ክወጽእን ዝጥቀመለን ደጊታት ኣለዋ፣ ግን ቅድሚ እዘን ደጊታት እቲ ቀጽሪ እዩ ብኣገዳስነት ዝጥቀስ። ምፍላይ፣ ቀዳማይ መትከል ክርስትና ምኻኑ ደጊመ እብል ኣለኹ። ኣምላኽ ንኽተማኡ ከምኡ ገይሩ ሰፊሩን ኣኽቢሩን ካብ ፈለያ፣ ንሕና'ውን ሎሚ ኣብ ልብና እቲ ቀጽሪ ክህሉ ክንነድቆ ኣሎና። እዚ ኽኣ ተግባራዊ ዝኽውን፣ ነቲ ካብ ኣምላኽ ዝኽሩ ኮሉ ብኽብሪ ብምሕላውን፣ ነቲ ናይ ባቢሎን ክኣ ምስ እንኣብዮን እንነጽጉን እዩ። እዚ ብምባለይ ኣብ መንጉ ክርስትያን ኣሕዋት ምፍልላይ ክህሉ ኣለዎ ማለተይ ኣይኮነን። ምንም እኳ ምስቲ ሓደ ሓደ ዝገብርዎ ዘይንሓብር እንተኼንና ነሕዋትና ብቀንዶም ክሳዕ እንርሕቆም ኣይንብጻሕ። ነሕዋትናስ ነፍቅሮምን ንቀበሎምን ደኣ፣ የግዳስ እቲ ካብ ዓለም ዘሎና ምፍላይ ዘይንቕነቕን ዋጋ ዕዳጋ ዘይግበሮን መትከላዊ ክኽውን ኣለዎ።

ነህምያ ብዘመኑ ነቲ ፈረሱ ዝነበረ መካበብያ መሊሱ ክሃንጽ ክኢሉ እዩ፣ ግን ብርቱዕ ምጽራር እዩ ኣጓኒፍዎ። ምኽንያቱ ሰይጣን ዝተፈለኻ ክትከውን ይጸልእ እዩ። ሰባት ርእሶም ንኣምላኽ ክፈልዩ እሞ ኽኣ ፈጺሙ ኣይጸወሮን እዩ። ነህምያን ብጾቱን እምብኣር ኣጽዋሮም ዓጢቕም ንውግእ ድሉዋት ኩይኖም እዮም ነቲ መንደቕ ፈጺሞምዎ። እቲ ክንከፍሎ ክንዓሉ ዘሎና ዋጋ ቅድስና እምበኣር ከምዚ እዩ።

ገኒት ኤደን ጸላእቲ ክይኣትዉ ዝከላኽል ዝኽሪ ይኹን መንደቕ ወይ ሓጹር ስለ ዘይነበራ ሰይጣን ክኣቱ ክኢሉ። እግዚኣብሄር ግን ኣዳምን ሄዋንን ንገዛእ ርእሶም ሞራላዊ ሓጹር ገይሮም ኣንጻሩ ክቕርብዎ ኢሉ እዩ 'ክሕልዋን' (ዘፍ 2፡15) ኣብኣ ዘቕመጦም። ሎሚ፣ ብክርስቶስ፣ ኣምላኽ ኣብ ልቢ እቶም ዝዓደጎም ህዝቡ፣ ሰይጣን ዝኽሪ ግደ ክረኽበሉ ዘይክእል ዕጪት መደብ እዩ ሓንጺጹ ዘሎ። 'እቶም ኣብቲ ናይቲ ገንሸል መጽሓፍ ህይወት እተጸሕፉ ደኣ እምበር ገለ ርኽሰት ወይስ እቲ ዘፈንፍን ሓሶትን ዝገብር ዘበለ ኽኣ ናብኣ ክቶ ኣይኣቱን እዩ' ራእ 21፡27።

መብዛሕትና፣ ሃዋርያ ጳውሎስ ብዛዕባ እታ ማሕበር ኣምላኽ ፍሉይ ዝኽሪ ምግላጽ ከም እተዋህበ ንሰማምዓሉ ጉዳይ እዩ። ንዮሃንስ ከኣ ከምኡ ብዛዕባ ባህርይ ዓለም ፍሉይ ምግላጽ ዝተዋህበ ይመስል። ኮዝሞስ/ዓለም ትብል ቃል ግን ዳርጋ ናይ ዮሃንስ እያ። እቶም ካልእት ወንጌላት 15 ጊዜ (ማቴዎስ 9 ማርቆስ 3 ሉቃስ 3)፣ ጳውሎስ ከኣ ኣብ 8 መልእኽታቱ 47 ጊዜ፣ ዮሃንስ ግን ብጠቕላላ 105 ጊዜ (78 ኣብ ወንጌል፣ 24 ኣብ መልእኽትታቱ፣ 3 ኣብ ራእይ) ተጠቒሞምሉ ኣለዉ።

ኣብ 1ዮሃ 2፡16 ዮሃንስ «ኮሉ እቲ ኣብ ዓለም ዘሎ ፍትወት ስጋን ፍትወት ኣዒንትን ንብረትን ትዕቢትን፣ እዚ ካብ ዓለም እዩ እምበር ካብ ኣቦስ ኣይኮነን» ኢሉ ጽሒፉ ኣሎ። ዮሃንስ ኣብ ዓለም ዘሎ እንታይ ምኽኑ ክገልጽ ከለ ምስቲ ንሄዋን ዝቐረበላ ፈተና (ዘፍ 3፡6) ኣጸቢቹ ዝመሳሰል ቃላት እዩ ተጠቒሙ። ኮሉ እቲ ኣብ ትሕቲ ክፉእ ትምኒት ወይ ፍትወት ክኣቱ ዝኽእል፣ ኮሉ እቲ ሰሱዕ ህንጡይነት ዘለዓዕል፣ ኮሉ እቲ ትዕቢት መነባብሮን ሃብትን ዘበግስ፣ እዚ ኮሉ ካብቲ ናይ ሰይጣን ስርዓት እዩ። ምናልባሽ ኣብዘን ቀዳሞት ክልተ ሓሳባት ሕጂ ብዙሕ ክንብል ኣይንደልን፣ ግን ሓንሳእ እስኪ ብዛዕባ እታ ላልሰይቲ ማለት ንብረት ትዕቢት ክንዛረብ። ኮሉ እቲ ትዕቢት ክስምዓና ዝገብር ናይ ዓለም እዩ። ተፈላጥነትን ሃብትን ጸማን ፍረን ዓወትን እዚ ኮሉ ዓለም እተመጉሶ ነገር እዩ። ሰባት'ውን ብዝረኽብዎ ኣሳልጠን ዓወትን ብዝተገብኤ ይኹሮው እዮም። ግን ዮሃንስ ነዚ ኹሉ ካብ ዓለም እዩ ኢሉ የመልክተሉ።

እምበኣር እንረኽቦ ኮሉ ኣሳልጠን ዓወትን (ሕማቕትን ዘይነድምዕን ንኹን ግን ማለተይ ኣይኮነኩን)፣ እቲ ዓወት ንርእሱ ኣበሳ ዘለዎ ብምኽኑ፣ ካባና ቅጽበታዊ ትሕትናን ንስሓን ዝጽውዕ እዩ። ምኽንያቱ ክንዕወት ክለና ነቲ ስርዓት ዓለም ምትንካፍና ስለ ዝኽኑ። በቲ ዝረኽብናዮ ዓወት ዕግበት ክስምዓና ከሎ ንዓለም ከም ዝተንከፍናያ ቅጽበት ንፈልጥ፣ ንርእስና'ውን ኣብ ትሕቲ ፍርዲ ኣምላኽ ነምጽእ። ምኽንያቱ ኮላ ዓለም ድሮ ከም ዝተፈርዳ ኣይተረዳዳእናን ዲና? (ዮሃ 12፡31-32)። እምበኣር እቶም ነዚ ኣስተውዒሎም ንስሓ ከም ዘድልዮም ዝርድኡ ንሶም ጥራይ እዮም ርእሶም ዘድሕኑ።

እቲ ሕቶ ግን ክንደይ ካባታትና ኢና ኣድላዪነት ናይዚ ዝርድኣና? እቶም ብሕት ኢልና ዕለታዊ መነባብሮና እነካይድ ልክዕ ከምቶም ፍሉጣትን ውሩያትን ገበርቲ ቅያን ናይ ትዕቢት ግዳይ ክንከውን ንኽእል ኢና። ሓንቲ ኣደ ኣብቲ ክሽንኣን ገዝኣን ከላ መግቢ እናኽሸነት ወይ ኣጋይሽ እናኣንገደት በቲ ዝስምዓ ዕግበት ንዓለም ክትንክፋ ትኽእል እያ። ኮሉ ክብሪ፣ ንኣምላኽ ክብሪ ዘይክውን እንተ ኹይኑ ክንቲ ጃህራ እዩ። ኣብ ዝኹራዕናሉ ነጥቢ ንዓለም ተራኺብናያ ኣሎና፣ እዚ ኽኣ ነቲ ምስ ኣምላኽ ዘሎና ሕብረት ብቕጽበት ክልሑኽ ዝገብር እዩ። ዓለም እንታይ ምኻና ክንርኢ ኣዒንትና ኣምላኽ እባ እንተ ዝኽፍተልና! ክፉእ ነገራት ጥራይ ዘይኮነ ኮሎም እቶም በብቕሩብ ካብ ኣምላኽ ቀስ ገይሮም ዘርሕቹና ነገራት፣ ናይቲ ምስ ኣምላኽ ዝጻረር ስርዓት እዮም። ሓደ ብጽፈት ዝወዳእናዮ እተገብኤ ስራሕ ዘምጽኣልና ፍስሃን ዕግበትን ኣብ መንጉናን ኣምላኽን ኣትዩ ክፈልየና ተኽእሎ ኣለዎ። ምኽንያቱ እቲ

ኣሳልጦ ንኣምላኽ ዘነመስግን ዘይኮነ ንርእስና ክንውድስን ነነዕግብን እዩ ዘለዓዕለና፣ በዚ ኽኣ ንዓለም ከም ዝተንከናያ ንፈልጥ። ስለዚ ኑቲ ምስ ኣምላኽ ዘሎና ሕብረት ብዘይ ርስሓት ክንሕልም ብቀጻሊ ክንጽልን ክንነቕሕን ኣለና።

እሞ ካብዚ ድያብሎስ ንህዝቢ ኣምላኽ ክሕዘሉ ዘጻወዶ መፈንጠራ እነምልጠሉ መገዲ እንታይ እዩ? ቅድሚ ዅሉ ኣረጋጊጸ ክብሎ ዝደሊ እቲ ፍታሕ ዝርከብ ብምህዳም ከም ዘይኮነ እዩ። ብዙሓት ካብ ዓለም ንምምላጥ ዝከኣል፣ ገለ ከይጠዓምካ ርእስኻ ብምግታእ እዩ ይብሉ፣ እዚ ግን ዕሽነት እዩ። ካብቲ ናይ ዓለም ስርዓት ብናይ ዓለም ኣገባብትን ብልሓትን ጌርና ክነምልጥ ኣይከኣልን እዩ። የሱስ ኣብ ማቴ 11፡18-19 ዝብሎ ቃላት ከዘክረኩም እፈቱ «ዮሃንስ እማ መጸ፣ ኣይበልዕ ኣይሰቲ ጋኔን ኣለዎ ይብሉ። ወዲ ሰብ መጸ ይበልዕ ይሰቲ፣ እንሆ በላዕን ሰታይ ወይንን ዓርኪ ተገውትን ሓጥኣንን ይብሉ»። ገለ ሰባት ኣብነት ዮሃንስ መጥምቕ ካብ ዓለም እነምልጠሉ መምርሒ እዩ ይብሉ። ክርስትና ግን «ዘይምብላዕን ዘይምስታይን» ኣይኮነን። ክርስቶስ እናበልዐን እናሰተየን እዩ ዝመጸ፣ ንሱ እዩ ክርስትና። ሃዋርያ ጳውሎስ ኣብ ቈሎ 2፡20-21 ከም ዝብሎ እቲ ቁልዕነታዊ ምህሮ ዓለም «ኣይትሓዝ ኣይትጥዓም፣ ኣይትተንኪ» ዝብል እዩ። ስለዚ ርእስኻ ምኽልካል ዓለማዊ ኣገባብ እዩ፣ ካልእ ነገር የብሉን። ንዓለም ከኣ ብዓለማዊ መገዲ ጌርካ ክትሰዕራ ተሰፋ ዘለዎ ኣይኮነን። ግን ክንደይ ዕቱባት ኣመንቲ እዮም ዓለም ንእትህቦ ሓጕስ ብምግዳፍ ካብ ዓለም ክወጹ ተሰፋ ዝገብሩ? ኣብ ሓደ ርሑቕ ሰፍራ ካብ ዓለም ክትሃድመሉ ኢልካ ከም ባሕታዊ ኣብ ሓጅ በዓቲ ወይ ኣጕዶ እንተ ሰፈርካ'ውን ዓለም ባዕላ ደድሕሬኻ ክይዳ ክትሰዕበካ እያ። እንተ ተሓባእካ'ውን ኣሰር እግርኻ ተኽቲላ ኣብቲ ዘለኻዮ ክተርክበካ እያ።

እምበኣር ካብ ዓለም ክንናገፍ እንጅምር ነዚ ወይስ ነቲ ኣይገብርን እየ ብምባል ዘይኮነ ከምቲ ኣምላኽ ንዓለም ኣብ ትሕቲ ፍርዲ ሞት ከም ዘላ ገይሩ ዝርእያ ከምኡ ጌርና ክንርእያ ምስ እንጅምር እዩ። ከምቲ ዮሃንስ ኣብ ራእ 18፡2 «እታ ዓባይ ባቢሎን ወዲቓ ወዲቓ» ዝብላ ከምኡ ውድቕቲ ጌርና ክንርእያ እዩ ዘሎና። ንዘክር ግን ናይ ሞት ፍርዲ ዝውሰኖ ንሓደ ብሀይወቱ ዘሎ ሰብ ድኣምበር ንዝሞተ ኣይኮነን። ዓለም ከኣ ብሓደ ሽነኽ ዘላን ነቶም ዝግብሩላ ብዘይ ንሕሰያ ደድሕሪኣም እናሰዓበት እተናዲ ሓይሊ እያ። ሓቂ እዩ ናይ ሞት ፍርዲ ክውሰን ከሎ እቲ ሞት ሽው ሽው ዝፍጸም ዘይኮነስ ይጸንሕ እዩ ግን ምፍጻሙ ዘይተርፍ እዩ። ንሞት እተፈርዶ ሰብ ክንዮ እታ ተኣሊሩላ ዘሎ ጸባብ ሼላ ኣርሒቑ ዝኸይድ መጻኢ ትጽቢት የብሉን። ናይ ዓለም ነገር ከኣ

ከምኡ፣ ድሮ ዝተጠረሰን ዘብቕዐን ደኣ ኣይኹን እምበር ከም ትጥረስን ተብቕዕን ውዱእ ነገር እዩ። ነዚ ከምዚ ጌርና ምርድኡ ዓቢ ፍልልይ ዘምጽእ እዩ። ገለ ሰባት ርእስኻ ብምሕላእ ካብ ዓለም ምንጋፍ ዝረኸቡ ይመስለኦም እዩ፣ ከም ዮሃንስ መጥምቕ'ውን ዘይበልዉ ዘይሰትዩ ይኹኑ። እዚ ግን ቡዲዝም ደኣምበር ክርስትና ኣይኮነን። ከም ክርስትያን ንበልዕን ንሰትን ኢና፣ ግን እዚ እንገብር ምብላዕን ምስታይን ናይ ዓለም ነገራት ምኽንያትን ድሮ ከኣ ከም እተፈርዶምን ስለ ንፈልጥ ክማርኹና ኣይኽእሉን እዮም።

እስከ፣ እቲ እትሰርሓሉ ዘሎኻ ቤት ትምህርቲ በቶም ዝምልከቶም ኣካል ምምሕዳር ክዕጸን ሰርሑ ከቷርጽን ተወሲኑሉ ንበል። እዛ ወረ እዚኣ ካብ ዝበጽሓትካ እዋን ጀሚሩ ኣብቲ ቤት ትምህርቲ ምንም ዓይነት መጻኢ ተስፋ ከም ዘይብልካ ከኣ ተስተውዕል። ንውሰን እዋን ኣብኡ ኪድካ ምስራሕካ ትቕጽል ግን ንመጻኢ ዝዙሕ ተስፋ ኣይተንብረሉን ኢኻ። ኣመላኻኺነታኻ ካብታ ወረ ዝሰግዕካላ ዕለት ጀሚሩ ክልወጥ ይጅምር። ወይ ካልእ ኣብነት ክንወስድ፣ መንግስቲ ንሓደ ባንክ ክዓጽዎ ይውሰን ንበል ግን ነቲ ባንክ ካብ ምዕጻው ምእንቲ ክድሕኖ ብዙሕ ገንዘብ ኣብኡ ክይደ ክቕምጥ እየ ትብል ዲኻ? ኣይትብልን፣ ሳንቲም እኳ ኣብኡ ኣይተቕምጥን ኢኻ። ምኽንያቱ ከም ዝዕጸ ድሮ ሰሚዕካ ኽለኻ።

ልክዕ ከምኡ ኽኣ ዓለም ኣብ ትሕቲ ናይ ምዕጻው ኣዋጅ እየ ዘላ ክንብል ንኽእል ኢና። ባቢሎን ከኣ በቶም ጀጋኡኣ ገይራ ምስቲ ገንሸል ውግእ ዝጠማ ግን እቲ ጕይታ ጕይቶትን ንጉስ ነገስታትን ዝኸሪ ብሞቱን ብትንሳኤኡን ገይሩ ስለ ዝሰዓሮም ባቢሎን ወዲቕ (ራእ 17፡14)። ስለዚ ዓለም ተስፋ የብላን።

እምበኣር ኩሉ እቲ ናይ ዓለም ዘበለ ኣብ ትሕቲ ፍርዲ ሞት ምኽኑ እንፈልጠሉ ሓደ መገዲ በቲ ኣብ መስቀል ክርስቶስ እንረኽቦ ምግላጽ እዩ። ሓቂ እዩ ኣብ ዓለም ንነብር ኣሎና፣ ብናይ ዓለም ነገራት ከኣ ንጥቀም ኢና ግን ኣብኣ እንሃንጸን ንመጻኢ እንጽበዮን ነገር የብልናን። ምኽንያቱ እቲ መስቀል ጕይታና የሱስ ክርስቶስ ኑቲ ኣብ ዓለም ዝነበረና ትጽቢትን ተስፋን ሓሸምሸም ኣቢሉ ሰደሮም እዩ። መስቀል ኑቲ ኣብ ዓለም ዝነበረና ውጥን ኣፍሪስም እዩ፣ ስለዚ ኣብኣ ክንነብር ዝገብረና ምኽንያት የብልናን።

ካብ ዓለም ብሓቂ ክንድሕን እንተ ኾንና ካብ ከምዚ ዝመሰለ ምግላጽ ክንብገስ ክድልየና እዩ። ዓለም ካብኣ ብምህዳም ክሰምልጠላ ብዝሃቕንና መጠን እቲ ንዓኣ ዘሎና ናኽቮን ንሳ ድማ ከም ተፍቅረናን ዝደኣ

እናተጋህደ ክመጽእ እዩ። ኣብቲ ዘይትረኽበና እንተ ሃደምና እኳ ኣብኡ ክትጸንሓና እያ። ግን ዓለም ውድቕቲ ምኽና እንተ በረሁልና ብቕጽበት እቲ ኣብኣ ዘሎና ምግዳስ ከነጥፍእ ኢና፣ ንሳ ኽኣ ነቲ ዓትዒታ ሒዛትና ዝኸበረት ክትፍንም እያ። ነዚ ምርኣይ ማለት እምበኣር ካብቲ ናይ ሰይጣን ቁጠባ ብምሉኡ ብቕጽበት ምብታኽ ማለት እዩ።

ኣብቲ መወዳእታ ምዕራፍ ናይ ጳውሎስ ናብ ሰብ ገላትያ ዝጸሓፎ መልእኽቲ፣ እዚ ተነጺሩ ተቕሚጡ ኣሎ «... ስቲ መስቀል ጐይታና የሱስ ክርስቶስ፣ ዓለም ብእኡ ንዓይ እተሰቕለት ኣነውን ንዓለም እተሰቕለኩ እንተ ዘይኮይኑስ ትምክሕቲ ዘበለ ካባይ ይርሓቕ» ገላ 6፡14-15። እዛ ጥቕሲ ኣበይ ኮን ተንኪፉትካ ትኽውን? ዓለም ብዝምልከት እቲ መስቀል ዝሰርሖ ክልተ መዳያት ኣብ መወዳእታ ናይ ምዕራፍ 3 ተኣሚቱ ኣሎ። «ኣነውን ንዓለም እተሰቕለኩ» ዝብል ቃል ምስቲ ኣብ ሮሜ 6 ዘሎ ሓሳብ ዝሰማማዕ እዩ። ኣብዚ ሒዝናዮ ዘሎና ጽሑፍ ግን ፈልዩ «ዓለም ብእኡ ንኣይ እተሰቕለት» ይብል። እግዚኣብሄር ናይቲ እተወድኡ ዕዮ ክርስቶስ ምግላጽ ሒዙ ናባና ክመጽእ ከሎ ንርእስና ኣብቲ መስቀል ተሰቒልና ጥራይ ኣይኮነን ዘርእየና። ዓለምና'ውን ኣብቲ መስቀል ተሰቒላ የርእየና። ኣነን ንስኹምን ነቲ ፍርዲ መስቀል ከነምልጠሉ ካብ ዘይክኣልና ዓለሙውን ከተምልጠሉ ኣይትኽእልን እያ። ነዝስ ተረዲኡዮን ተገንዚበዮንዶ ኣለኹ? ንሱ እዩ እቲ ሕቶ። እንድሕሪ ተረዲኡዮ ኮይነ ሽዑ ነታ ዝፈትዋ ዓለም ኪዲ ርሓቕለይ ክብላ ኣየድልየንን እዩ፣ ምኽንያቱ እቲ መስቀል ኣርሒቑለይ እዩ። ካብታ ክትለግበኒ እትደሊ ዓለም ክሃድም ኣይፍትንን እየ ምኽንያቱ በቲ መስቀል ድሮ ክም ዘምለጥኩ እርኢ ኣለኹ።

ከምቲ ኣብ ብዙሕ መዳያት ህይወት ክርስትና ኮይኑ እንረኽቦ፣ እቲ ካብ ዓለም እነምልጠሉ መገዲ ምስቲ እንሓስቦን እተጸበናዮን ባህርያዊ ኣተሓሳስባ ዘይክይድ ስለ ዝኾነ የገርመና እዩ። ሰብ ካብቲ ሓደጋ ክስዕቡ ዝኽእል ሽግር ብኣካል ካብኡ ብምእላይ እዩ ንርእሱ ከድሕን ዝህቅን። ግን ብኣካል ምፍላይ ኮሉ ሳዕ ብመንፈስ ምፍላይ ኣየምጽእን እዩ። እቲ ዘረባ እንተ ገምጠልናዮ'ውን ሓቂ እዩ። ማለት ምስ ዓለም ብኣካል ምትንኻፍ ግድን ብመንፈስ ምምራኽ ኣየኽእትልን እዩ። ዓለም ብመንፈስ እትማርኽና መንፈሳዊ ዑረት እንተ ሃልዩና ጥራይ እዩ። ምንጋፍ እንረክብ ክኣ ክፉታት ኣጊንቲ እንተሎና ጥራይ እዩ። ምስኣ ዘሎና ግዳማዊ ምቅርራብ ብዘየገድስ ባህርያታ እንታይ ምኽኑ እንተድኣ ተረዲኡና ካብ ዓለም ክንናገፍ ኢና። ኣብቲ ውሽጣዊ ባህርያታ ሰይጣናዊት ምስ ኣምላኽ ኽኣ ጽልኢ ምኽና እንተ ኣስተውዒልና ክንናገፍ ኣየጸግመናን እዩ።

እስኪ ክሓተኩም ሰራሕኩም እንታይ እዩ? ኒጋዳይ? ሓኪም? ካብ ዕዮኹም ኣይተቋርጹ። ጥራይ ክምዚ ኢልኩም ጽሓፉ ወይ ተኣመኑ፣ ንግዲ ኣብ ትሕቲ ፍርዲ ሞት እዩ፣ ሕክምና ኣብ ትሕቲ ፍርዲ ሞት እዩ። ክምኡ ብሓቂ እንተ ጌርኩም ህይወትኩም ደጊም ዝተለወጠ ክኸውን እዩ። ብምኽንያት እቲ ንኣምላኽ ዘለዋ ጽልኢ ኣብ ማእከል እተፈርደት ዓለም እኳ እናሃለኽኩም ክመይ ንኣምላኽ እተፍቅሩን እትፈርሁን ኪንኩም ክም እትመላለሱ ክትፈልጡ ኢኹም።

– ምዕራፍ ሓሙሽተ –

እትፍለየለ መለለዩ

እስኪ ነቲ የሱስ ኣብ ዮሃ 8፡23 ንኣይሁድ ዝበለሎም ቃል ሓቢርና ንርኢ። «ንስኻትኩም ካብ ታሕቲ ኢኹም ኣነ ካብ ላዕሊ እየ። ንስኻትኩም ካብዛ (ናይዛ) ዓለም እዚኣ ኢኹም ኣነ ካብዛ (ናይዛ) ዓለም እዚኣ ኣይኮንኩን»። ብፍላይ ከኣ ኣጠቓቕማ ናይዘን 'ካብ (ናይ)' ወይ 'ካብዛ (ናይዛ)' ዝብላ ቃላት ከኣ ነስተብህል። ብግሪኽ ንኽልቲኤን እቲ 'ኤክ' ዝብል ትርጉሙ ከኣ 'ካብ' ኮይኑ፣ መበቁል እዩ ዘመልክት። 'ኤክ ቱ ኮዝሞስ' ክብል ከለሎ ኽኣ 'ካብ (ናይ) ወይ ካብ ውሽጢ ዓለም' ማለቱ እዩ ነይሩ። ብኽልኢ ቃላት፣ 'መበቁልኩም ካብ ታሕቲ እዩ ናተይ ግና ካብ ላዕሊ እዩ። ናትኩም መበቁል ዓለም እያ ናተይ መበቁል ግና ዓለም ኣይኮንትን' እዩ ዝብል ዘለሎ። እምበኣር እቲ ቀንዲ ክሕተት ዘለዎ ሕቶ ሕይዋይ ሰብ ዲኻ ሕሰም ዘይኮነ ካበይ እዩ መበቆልካ ዝብል እዩ። ንዝኾነ ነገር ኽኣ ቅኑዕ ድዩ ወይስ ግቡይ ጥራይ ምባል ኣኻሊ ኣይኮነን፣ ካበይ እዩ ምንጨኡ ኢልና ክንሓትት ኣለና። ኮሉ ዝውሰን በቲ ምንጪኡ ወይ መበቁሉ እዩ። «ካብ ስጋ እተወልደ ስጋ እዩ ካብ መንፈስ እተወልደ ኽኣ መንፈስ እዩ» ዮሃ 3፡6።

የሱስ ንደቀ መዛሙርቲ፡ ኣብ ዝተዛረቦም ቃል (ዮሃ 15፡19) ከኣ ነዚ 'ካብ' ዝብል መላግቦ–ቃላት መሊሱ ክጥቀመሉ ንርኢ። «ካብ ዓለም እንተ ትኾኑስ (ኤክ ቱ ኮዝሞስ) ዓለም ነቲ ናታ ዝኾነ ትፈትዎ እያ እሞ ምፈተወትኩም ነይረ። ኣነ ድኣ እየ ካብ ዓለም ዝሓረኽኹም እምበር ካብ ዓለም ኣይኮንኩምን ስለዚ ዓለም ትጸልኣኩም እያ»። ኣብዚ 'ካብ (ናይ) ዓለም ኣይኮንኩምን' ዝብል ሓረግ ጥራይ ዘይኮነ 'ካብ ዓለም ሓሪኽኹም' ዝብል ዝያዳ ገላጺ ቃል ንረክብ። ኣብዚ ጽሑፍ እቲ 'ካብ (ኤክ)' ዝብል ቃል ኣብቲ 'ሓሪኽኹም/ኢክለጉ' ዝብል ቃልውን ተደጊሙ ንረኽቦ። ስለዚ የሱስ ንደቀ መዛሙርቲ፡ 'ካብ ዓለም ተሓርዮም ዝወጹ' እዩ ዝብለሎም ዘለሎ።

እምበኣር ኣብ ህይወት ነፍሲ ወከፍ ኣማኒ ድርብ 'ካብ' ኣለሎ። ካብዚ ኣገዩ ሰፈሕ ዝኾነ ስርዓት ዓለም (ኮዝሞስ)፣ ካብዞም ኣብ ዓለም ዘለዉ ማእለያ ዘይብሉም ኣብኣ ዝነብሩ ሰባት ካብዚ ኮሉ፣ ኣምላኽ ጸዊዑ ኣውጺኡና እዩ። እቲ ቤተክርስትያን ዝብል ቃል ኤክሊዝያ – ተጸዊያም ዝወጹ እዩ ትርጉሙ። እወ ካብ ማእከል እቲ ዓብዪን ሰፈሕን ኮዝሞስ ኣምላኽ ነዝን ነትን ይጽውዕ። ነዶም ኮሉሎም ዝጽውያም ክወጹ እዩ ዝጽውያም። እምበኣር ጸውዓት ኣምላኽ ተባሂሉ ካብ ዓለም ክንወጽእ

ዘይጽውዕ ጸውዓት የለን። ቤተክርስትያን ተጸዊያም ብዝወጹ ዝተሃንጸት እያ።

ዝተጸዋዕካ እንተኾንካ ተጸዊዕካ ዝወጻእካ ኢኻ። ካብቲ መንፈስ ዓለም ወጺእካ ክትነብር ኢኻ ተጸዊዕካ። ንሕናውን ቀደምሲ መምለቕ ዘይብልና ኣብቲ ስርዓት ሰይጣን ተዓጺና ንነብር ዝነበርና ኢና። ግን ምስ ተጸዋዕና ካብኡ ወጺእና ኢና። እዚ ኣሉታዊ ደኣ ይምሰል እምበር ካልእ ኣዎንታዊ ጐድኒ ኣለዎ። ምኽንያቱ፡ ከም ቤተክርስትያን ብኣምላኽ ተጸዊዕና ዝወጻና ኢና፣ ግን ቡቲ ኣባና ዝዓዱ ሕጂ ዘሎ ህይወት ኣምላኽ ንሕና ኣብ ምድሪ ከለሩና ናይቲ ኣብ ሰማይ ዘሎ ክርስቶስ ሲጋን መግለጺኡን ኢና። ስለዚ ብመንጽር ሕርየት ኣምላኽ ካብ ዓለም ተጸዊዕና ዝወጻእና ኢና። ብመንጽር እቲ ዘሎና ሓድሽ ህይወት ግን ካብ ላዕሊ ኢና፣ ካብ ዓለም ኣይኮንናን። ብመንፈስ ከም ብሓድሽ ዝተወለድና ምስ ናይ ዓለም ስርዓት ምንም ዘራኽብ ዘይብልና ካብ ላዕሊ ኢና። ዮሃንስ ነታ ቅድስቲ ከተማ 'ካብ ሰማይ ካብ ኣምላኽ' ክትወርድ ከላ ርእይዋ ራእ 21፡10። ንሕና' ውን ከም ህዝቢ ኣምላኽ መወዳእታና ወይ ቤትና ጥራይ ዘይኮነ መበገሲና እዩ።

ኣባኹምን ኣባይን እምበኣር ሓደ ዘደንቕ ነገር ኣሎ፣ ንሱ ኽኣ ብሱሩ ናይዛ ምድሪ ዘይኮነ ነገር እዩ ዘሎሎ። ዓለም ዝደለየቶ ደረጃ ምዕባለ 'ውን በጺሓ ዘይተርከበን ዘይትረኽቦን ፍሉይ ነገር ኣሎሎ። ማለት እቲ ኣምላኽ ከም ህያብ ሂቡና ኣባና ዝዓዱ ዘሎ ህይወት ካብ ሰማይ ዝመጸ እዩ። ኣብ ዓለም 'ውን ፈጺሙ ኣይነበረን። ኣብ ዓለም ንእኡ ዝመሳሰሉ ዋላ ሓንቲ የለን፣ ምስቲ ኣብ ሰማይ ዘሎ ጥራይ እዩ ዝመሳሰል። መዓልቲ መዓልቲ ምስ ዓለም ክንዋሳእ ግድን 'ውን እንተኾነና ኣብኣ ክንነብር ፈጺሙ ዘየመንየና ነገር ኢና ረኺብና።

እስኪ ነዚ ኣብ ከም ብሓድሽ ዝተወልደ ኣማኒ ሓዲሩ ዘሎ ህያብ ኣምላኽ ዝኾነ ህይወት ክርስቶስ ሓንሳእ ነስተብህለሉ። ጳውሎስ ብዛዕባዚ ዝበሎ ብዙሕ ኣለዎ። ኣብቲ 1 ቈሪ 1፡30-31 ኣብ ክልተ ከፈልና ክንርእዮ እንኽእል ሓደ ዘገርም ቃል ተዛሪቡ ኣሎ። ቀዳማይ፡ ኣምላኽ ባዕሉ ኣብ ክርስቶስ ክንህሉ ገይሩና እዩ። ካልኣይ ከኣ፡ ክርስቶስ ካብ ኣምላኽ ንዓና ንጥበብን ንጽድቅን ንምቕዳስን ንምድሓንን ኮይኑልና እዩ፣ ዝብል እዩ። ኣብዚ፡ ኣምላኽ ብወዱ ገይሩ ንሰባት ዘድልዮም ዘበለ ከም ዘማልኣሎም ንርኢ። ኣብ ካልእ መጽሓፈይ (ዘ ናርማል ክሪሽችያን ላይፍ ገጽ 127 ርኢ)፡ ኣምላኽ ንጽድቅን ንቕድስናን በብቕሪጽ ከከም ኣድላይነቱ ከም ዘይህበና ገሊጸ ኣለኹ። ናይ ኮሉ ሕቶና መልሲ ገይሩ እዩ ንክርስቶስ ዝሃበና። እግዚኣብሄር ንወዱ ጽድቀይ ክኸውን ቅድስናይ

ክኸውን ካልእ ነዚ ዝመስልውን ኮሉ ክኹነኒ እዩ አብ ክርስቶስ ገይሩ ምስኡ ክሰቀልን ክትንስእን ዝገበረ።

ናብታ ምድሓን ትብል እምብኣር ከነተኩር። ምኽንያቱ ንዓለም ኣጸቢቹ ዝምልከት ጉዳይ ስለ ዝኾነ። አብ ዘጽኣት እግዚኣብሄር ንእስራኤላውያን ካብ ግብጺ ከመይ ከም ዘድሓኖም ንርኢ። ግብጺ ናይ ዓለም ተምሳል እያ። ከምቲ «እነ እግዚኣብሄር እየ ... ብዝርግሕቲ ቅልጽመይን ብዓበይቲ ፍርድታትን ከድሕነኩም እየ» (ዘጽ 6፡6) ዝበሎም ካብ ግብጺ አድሓኖም። ነቶም ከመልስዎም ዝሰዕብዎም ዝነበሩ ናይ ፈርኦን ሰራዊት ከኣ ከይቀርብዎም ዝፈላሊ ናይ ፍርዲ ሓጹር ገይሩ ኣሰነዮም። ሙሴ ኽኣ አብ ዘጽ 15፡13 «ነቲ እተበጀኻዮ ህዝቢ» ኢሉ ክዝምር ከሎ ንርኢ።

ካብዚ ሓሳብ እዚ ተበጊስና እምበኣር ናብቲ ጳውሎስ ዝበሎ ክንምለስ። ቀዳማይ፡ አምላኽ አብ ክርስቶስ ክንህሉ ካብ ገበረና ክርስቶስ ከኣ ካብ ዓለም ጨሪሹ ዝወጸ ካብ ዝኾነውን ንሕና ክምኡ ካብ ዓለም ጨሪሽና ወጺእና ኢና። እምበኣር ንሱ እዩ ክቢቡና ዘሎ። አብኡ ካብ ንህሉ ኽኣ ካብቲ ካልእ ሃዋህው ፈጺምና ወጺእና ኢና። «ንሱ ካብ ስልጣን ጸልማት ዘውጽኣና ናብታ መንግስቲ ፍቁር ወዱውን ኣእተወና፡ አብኡ ምድሓንና ... ዘሎና» ይብል ቁሎ 1፡13-14። እዚ ምስግጋርዚ ብሰፊሕ አብ ምዕራፋት ሰለስቱን ኣርባዕተን ርኢናዮ ኣሎና።

ካልኣይ፡ ክርስቶስ ንዓና ምድሓን ክኾነልና ካብ ተዋህበና፡ ዓለም ምእንቲ ከይተርክበና አምላኽ ንክርስቶስ ዝኾልክል ሓጹር ገይሩ አብ ውሽጥና ኣቐሚጥዎ ኣሎ። ብዙሓት መንእሰያት ኣመንቲ ንዓለም እናኸሓዱ ካብኣ ዝተፈልየ ህይወት ክመርሑ ዝሀቅኑ ኣጓኒፎምኒ ኣለዉ። ግን ኣዝዩ እዩ ዝኸብዶም። ከምቲ ዝበልናዮ እዚ ኾሉ ጻዕሪ ዘድሊ ኣይነበረን። ምኽንያቱ ክርስቶስ ድሮ 'ፍሉይን ካልእን' ብምኽኑ ንዓለም ባዕሉ ሓጹር ኮይኑልና እዩ፡ ክንዮኡ ከኣ ዘድልየና የለን። ከምቲ ደቂ እስራኤል ኢድ እግዚኣብሄር ንምድሓኖም ምስ ተዘርግሐት ዝኣመኑ ንሕናውን ምድሓንና ብዝምልከት ካብቲ ንሳቶም ዝገበርዎ ሓለፋ እንገብሮ ክህሉ አይግባእን። ክርስቶስ ንዓና ምድሓን ኮይኑልና እዩ። እምበኣር አብ መንኮይን አብ መንኮ ዓለምን ዝፈላሊ ሓደ ሓጹር አብ ልበይ ኣሎ። እዚ ሓጹር እዚ ኽኣ ብቀንዱ እቲ ናይ የሱስ ክርስቶስ ካልእ ዝዓይነቱ ህይወት እዩ። ነዚ ሓጹር ከኣ ኣምላኽ ባዕሉ እዩ ተኺልዎ። ስለዚ ክርስቶስ ስለ ዘሎ ዓለም ንዓይ ከተርክበኒ ኣይከኣላን እዩ።

እምበኣር ነዚ ናይዛ ዓለም ነገራት ክቃወሞን ካብኡ ክምልጥ ክቃለስን ኣየድልየንን እዩ። ምኽንያቱ ንዓለም ክሰዕረሉ ዝኽእል ነገራት አብ

ውሽጠይ ሃሰስ እንተ በልኩ እቲ ዝረኽቦ ኮሉ ነገረይ ንዓለም ዝደልያ ምኽኑ ጥራይ ኸኣ እዩ ዝረኽቦ። ካብኡ ክርሕቕ ዝገብሮ ቃልሲ ከኣ መሊሱ እዩ ናብኡ ዘቕርበኒ። ግን ክርስቶስ አብ ውሽጠይ ንምድሓን ከም ዝኾነለይ አብኡ ስለ ዘለኹ ኽኣ ንዓለም ፈጺመ ዘየለኹ ወይ ዝወጻእኩ ምኽኑይ እንተ ተረዲኤ፡ እታ መዓልቲ እቲኣ ናይ ኮሉ ቃልሰይ መወዳእታ እያ። ንኮይታ ኽኣ ብዛዕባ ዓለም ዝገብሮ ሓንቲ ነገር ከም ዘየልቦ የግዳስ ንሱ መድሓንየይ ስለ ዝኾነ ብምሉእ ልበይ ምምስጋን እንተ ዘይኮይኑ ካልእ ከም ዘይብለይ ጥራይ እየ ዝገልጸሉ።

ብምድግጋም ከየሰልከየኩም እምበር መሊሰ ሞራላዊ ባህርይ ዓለምን እቲ ብመንፈስ ቅዱስ ካብ አምላኽ ዝተማቐለን ፈጺሙ በበይኑን ዘይራኸብን እዩ ክብል እደሊ። ዓለም ንአና እትጸልኣና ቀንዲ ምኽንያት ከኣ፡ እቲ አምላኽ በይኑ ዝህቦ ሓድሽ ህይወት ስለ ዘሎና እያ። ብዝተረፈ ዓለም ነቲ ናታ ክትጸልኣ ኣይትኽእልን እያ። እዚ መሰረታዊ ፍልልይ ስለ ዘሎ ኽኣ ዓለም ምእንቲ ክተፍቅረና ክንገብሮ ንኽእል ዋላ ሓንቲ ነገር የለን። «ካብ ዓለም እንተ ትኾኑስ ዓለም ነቲ ናታ ዝኾነ ትፈትዎ እያ እሞ፡ ምፈተውትኩም ነይራ። ኣነ ደኣ እየ ካብ ዓለም ዝሓረኽኹም እምበር ካብ ዓለም ኣይኮንኩምን ስለዚ ዓለም ትጸልኣኩም እያ»። ዓለም፡ ኣባና ባህርያዊ ዝኾነ ቅንዕናን እሩም ጠባይን ክትረክብ ከላ ተመጉሰናን ትንእደናን እያ። ግቡእ ቦታን ኣኽብሮትን ክትህበና ኽኣ ድልውቲ እያ። ግን ነቲ ካባና ዘይኮነ ማለት አምላኻዊ ባህርይ ኣባና ምስ ትረክብ ግን ጽልኣ ብሓንሳእ ይብገስ። ንዓለም ፍረ ናይ ክርስትና እንተ ኣርኢናያ ተመጕሰና፡ ክርስትና እንተ ኣርኢናያ ግን ብሓይሊ ትቃወመና። ዓለም ብኹሉ ትምህርታን ፍልጠታን ጥበባን ሓደ ክርስትያን ከተፍሪ ኣይትኽእልን እያ። እወ፡ ንክርስትያናዊ ቅንዕናን ስነ ምግባርን ግብረ ሰናይን ክትቀድሕ ትኽእል እያ ግን ንሓደ ክርስትያን ከተፍሪ ኣይትሓልሞን እያ። ዓለም ነቲ ክርስትና ዘምጽኦ ምዕባለ ተኽብሮ እያ። ትጸወሮ ጥራይ ዘይኮነ ትጥቀመሉ'ውን እያ። ግን ንክርስትና ህይወት ማለት ነቲ አብ ውሽጢ ኣመንቲ ዘሎ ህይወት ክርስቶስ ትጸልኦ እያ። ክሳዕ ሞት እያ ኽኣ ትቃወሞ።

ክርስትያናዊ ሰልጣን፡ ውጽኢት ንዓለም ምስ ክርስትና ንምትዕራቕ ዝተገብረ ፈተነ እዩ። እዚ ግን አብ ብሉይ ኪዳን ተምሳል ናይ ሞኣብን ኣሞንን እዩ። እዚኣም ሳዕቤን ናይቲ ሎጥ ምስ ናብራ ሶዶም ዝነበሮ ምትእስሳርን ምቕርራብን እዮም። ክልቲኣም ከኣ ደሓር ኣንጻር እስራኤል ካብ ናይ ኣህዛብ ዘይውሕድ ጽልኢ ክም ዝነበሮም ተራእዩ። ክርስትያናዊ ስልጣን ኽኣ ምስ ዓለም ክትሓናፈጽ ጥራይ ዘይኮነ አብ ጊዜ ቅልውላው'ውን ናይ ዓለም ጸግዒ ኮይኑ ይቕርብ እዩ። ህይወት ክርስቶስ ግን እቲ

በይኑ ምስ ዓለም ክትሓናፈጽ ዘይኽእል ካብኡ ኽሉ ንዘልኣለም ዝተፈልየ እዩ። ተጻራራ ባህርያት ስለ ዘለዎም እዚኣም ፈጺሞም ክዕረቑ ዘይኽእሉ እዮም። አብ መንኮ እቲ ዓለም እተፍጥሮ ዝሓሸ ዝጠባዩ ሰብን አብ መንኮ እቲ ተራ ግናኽ ሓቀኛ ክርስትያንን ናይ ምውድዳር ተኽእሎ የለን። ምኽንያቱ ባህርያዊ ሕያውነት ካብ ትውልድናን ብጥዒኣ ርእስና ዘምጻእናዮን ክኽውን ክሎ እቲ ፍረ መንፈስ ዝኽሮ ሕያውነት ግና ብቃላት ዮሃንስ «ካብ አምላኽ ዝተወልደ» ጥራይ ዝረኽዐ እዩ።

አምላኽ ሓንቲ ማሕበር አብ ዓለም አቕሙ አሎ። አብ በቦትኡ ኽኣ ዝተኽለን ዘባውያን ማሕበራት አለውኡ። እዚ ኽኣ አምላኽ ዝገበሮ እዩ እብል አለኹ። ስለዚ እቲ ሃዲምካ እዩ ካብ ዓለም ዝናገፍ ዝብል አበሃህላ ቅኑዕ ክኽውን ኣይክእልን እዩ። ማሕበራት አብ በቦትኡ አብ ዙርያ ዓለም ፋሕ ኢለን ብምህላወን ግን ብዓለም ደኣ ተዋሒጠን ክደተርፋ ዝብል ስግኣት ይህሉ እዩ።

ግን እዚ፡ ነቲ ህያው አምላኽ ጸገም ኣይኮኖን እዩ። ምኽንያቱ እቲ መበቁል ካብ ዓለም ክሳዕ ዘይኮነ እዋን አብቲ ስድራ ቤት አምላኽ ክኣ ንዓለም ዝመሳሰል ነገር ፈጺሙ ስለ ዘየለ፡ ዓለም መሊሳ ነታ ማሕበር ፈጺማ ክትውሕጣ ተኽእሎ የብላን። እዚ ግን ብመንፍዓትና ዝተረኽበ ኣይኮነን። ንሕና ሰማያውያን ክንከውን ኣጸቢቕና ስለ ዝደለና ኣይኮነን ቤተክርስትያን ሰማያዊት ኮይና የግዳስ ካብ ሰማይ ስለ ዝተወለደና ደኣ። እምበኣር ብምኽንያት እቲ ዘሎና ሰማያዊ ዝኽሪ መበቁል ብጻዕርና ናብ ሰማይ ክንኣቱ ክም ዘየድልየና ክምኡ ኽኣ ካብ ዓለም ባዕልና ብኽእለትና ክንርሕቕ ኣየድልየናን እዩ።

ዓለም ምስ ዘይናታ ክትሕወስ ክመይ ኢሉ ይኽኾነላ? ምኽንያቱ ኮሉ እቲ ናይ ዓለም ዘበለ ሓመድን ሓመኽሽትን እዩ። እቲ ናይ አምላኽ ግን መለኮታዊ ህይወት ዘለዎ ትኣምራታዊ እዩ። ሓደ እዋን አብ ኩተማ ናንኪንግ ነቲ ብምኽንያት ደብዳብ ቦምብ ጃፓናውያን ዝዓነወ አባይቲ ነቲ ፍሩስ ንምጽራግን መሊስካ ንምህናጽን ሰባት ስራሕ በየን ንጅምር ኢሎም እናተዘራረቡ ክለዉ ብሃንደበት ካብቲ ፍራስ ሓደ ጣሕሸሽ ዝብል ድምጺ ተሰምዐ። ክይሓሰብዎ ክኣ ካብቲ ውና ሓደ ሓመድን ደሮናን ዝተኽድነ ሰብኣይ ቦሎኽ ኢሉ ወጸ። ስለዚ ህይወት ዘለዎ ምስ ህይወት ዘይብሉ ተሓዊሱ ክይነብር ሓደኺ ክሰግእ ኣይግብኦን እዩ።

አብቲ ጉይታ የሱስ ናብ አቦኡ ዝጸለዮ ጸለሎት፡ ዮሃንስ ክኣ አብ ወንጌሉ ምዕራፍ 17 መዝጊብዎ ዘሎ ሓደ ዓቢ ነጥቢ አሎ። ደጊሙ «ክምቲ እኳ አብ ዓለም ዘይኮንኩ፡ ንሳቶም'ውን ካብ ዓለም ኣይኮኑን እሞ ዓለም ጸልኣቶም» ምስ በለ አብ ቁ.15 «ካብቲ ክፋእ ክትሕልዎም እምበር ካብ ዓለም ክተውጽኦም ኣይኮንኩን ዝልምን ዘሎኹ» ይብል።

አብዚ አብቲ ዝቕጽል ምዕራፋት ብሰፊሑ ክም ንገልጾ፡ ሓደ አገዳሲ መምርሒ ንረክብ። ክርስትያን አብ ዓለም ሓደ ወሳኒ ሰፍራ እዩ ዘለዎም። ካብ ዓለምን ካብቲ እኩይን እኳ እንተ ደሓኑ ገና ግን ካብቲ ግዝኣቱ ኣይወጹን። ብዘይ ብእኣም ክዕየ ዘይክእል ዓቢ ተራ እዩ ዘለዎም። ክምቲ እቕዲምና ዝረአናዮ ናይ ሃይማኖት ሰባት ወይ ሃይማኖታውያን ንዓለም ካብኡ ብምውጻእ እዮም ክሰዕርዋ ዝፍትኑ። ንሕና ክም ክርስትያን ግን ክምኡ ዝብል ርድኢት የብልናን። ንዓለም አብኡ ኳንና ክንሰዕራ ኢና ተጸዊዕና። ካብ ዓለም ዝተፈለና ገይሩ ዳግም ስለ ዝፈጠረና ነቲ አምላኽ አብ ዓለም ክንኮኖ ሰሪዑልና ዘሎ ብሓንሶ ኢና ንቕበሎ። እቲ ፍሉይነትና ማለት ካብ አምላኽ ብክርስቶስ ክም ህያብ ዝተቕበልናዮ ንሱ በይኑ ክዕቕበና እዩ።

- ምዕራፍ ሽዱሽተ -

ብርሃናት ዓለም

ጐይታ የሱስ ሓደ እኳ ከመይ ኢልካ ከምኡ ትብል ክብለኒ ከይበለ አብ ዮሃ 8፡12 «አነ ብርሃን ዓለም እየ» ኢሉ። ከምኡ ምባሉ ብዙሕ ዘደንቕ ጉዳይ አይኮነን። እቲ ዘደንቕ ግን፡ ነቶም ደቀ መዛሙርቱ ብእኡም አቢሉ ኽኣ ንዓና «ንስኻትኩም ብርሃን ዓለም ኢኹም» ማቴ 5፡14 ምባሉ እዩ። ነስተውዕል ብርሃን ክንከውን አይኮነን ዘተባብዓና ዘሎ። ንሕና ብርሃን ዓለም ምኻንና እዩ አነጺሩ ዝብለና ዘሎ፡ እዚ ከኣ ነቲ ብርሃን ሰባት ምእንቲ ክርእይዎ አብ ዝርኢ ንግበሮ ወይ ከኣ ንሕብኦዮ ዘዘየገድስ፡ ብርሃን ኢና። እዚ አምላኽ አባና ተኺሊዎ ዘሎ ህይወት ንዓለም ከኣ ንና ዝኾነ፡ ንደቂ ሰብ እቲ ሓቀኛ ባህርይ እንታይ ከም ዝኾነ ምእንቲ ክብርህ፡ ዓለም ከኣ ኮለንትንኣ ጸልማት ምኻና ምእንቲ ክርኢ ኢሉ እዩ አባና ገይርዎ። የሱስ ዘረባኡ ብምቕጻል «ከምኡ ኽኣ ነቲ ጽቡቕ ግብርኹም ርእዮም፡ አብ ሰማያት ንዘለሙ አቦኹም ምእንቲ ክመስግንዎ ብርሃንኩም አብ ቅድሚ ሰብ ይብራህ» ኢሉ። ካብዚ ንርድኣ እንተልዩ፡ ሉሚ ንሕና ካብ ዓለም ርኢስና ክንፈሊ ኢልና እንተ ወጻእና ነቲ ክብርሃላ እተዋህባ እንኮ ብርሃን ንኽልኣ ኣሎና፡ በዚ ኽኣ አምላኽ ፈጺሙ አይክብርን እዩ። ነቲ አምላኽ አብ ልዕሊናን ደቂ ሰባትን ብሓፈሻ ዘለዎ መደብ ደኣ ዝሓናኹል እዩ።

ከምቲ ኣቐዲምና ዝረኣናዮ ናይ ዮሃንስ መጥምቕ ህይወት ፍልይ ዝበለ እዩ። ካብ ዓለም ርሒቕ አብ በረኻ ናብራ ባሕታዊ እዩ ዝመርሕ ነይሩ፡ ቀለቡ'ውን አንበጣን መዓርን ነበረ። ሰባትውን ናብቲ ንሱ ዝነበሮ እናኸዱ ይደልይዎ ነበሩ፡ ምኽንያቱ ዝነድድን ዝዘርህን ብርሃን ስለ ዝነበረ። ግን ንሱ 'እቲ ዝመጽእ ብርሃን' ከም ዘይነበረ እቲ ጽሑፍ የረድኣና። ብዛዕባ እቲ ብርሃን ክምስክር ጥራይ እዩ ዝመጸ። ምስክርነቱ ኽኣ ካብቲ ቅድሚኡ ዝተላእኩ ነብያት ዝተዛረብዎ ናይ መወዳእታን ዝዓበየን ነበረ። ምኽንያቱ ናብ የሱስ ብቕጥታ የመልክት ስለ ዝነበረ። 'እቲ ንነፍሲ ወከፍ ሰብ ዘብርህ ብርሃን ሓቂ ናብ ዓለም ይመጽእ ነበረ' ዝተባህለሉ ግና የሱስ በይኡ ነበረ። ንሱ ኽኣ «አብ ዓለም ነበረ» ደኣምበር ካብኣ ወጻእስ አይነበረን (ዮሃ 1፡9-10)። ክርስትና ኽኣ ካብኡ እዩ ዝመጸ። አምላኽ እምበኣር ብሓደ አብ በረኻ ዝሞድር ዮሃንስ ክጥቀም ይኽእል እዩ፡ ግን ማሕበሩ አብ በረኻ ካብ ሰብ ተገሊሎም ዝነብሩ ሓደት ርእሶም ዘሕሰኡ ባሕታውያን ክትከውን ፈጺሙ ደልዩ አይፈልጥን።

ኣቐዲምና እቲ አይትሓዝ አይትጥዓም አይትተንክኪ ዝብል መምርሒታት ሓደ ተወሳኺ ናይቲ ዓለማዊ ስርዓት ምኽኑ ከም ዘይጠቅምን ርኢና ኣርና (ቈሎ 2፡21)። ክንየዚ ግን ሓደ ደረጃ ክንከይድ የድልየና፡ ነዚ ኽኣ ሃዋርያ ጳውሎስ ገሊጹልና ኣሎ። አብ ሮሚ 14፡17 «መንግስቲ አምላኽ ብመንፈስ ቅዱስ ጽድቅን ሰላምን ሓጐስን እየ እምበር ብልዕን መስተን አይኮነትን...» ብምባሉ ህይወት ክርስትና ካብ አካታዒ ዝኾነ እዚ ግበር እቲ አይትግበር ዝብል ነገራት ፈጺሙ ዝተፈልየ ምኽኑ የብርሃልና። ጽድቅን ሰላምን ሓጐስን ምስ ብልዕን መስተን አብ ዘይራኸቡሉ ጽፍሕታት እዮም ዘለዉ። ስለዚ ናይቶም ክርስትያን ዝኾኑ ሰባት ህይወት ዝምራሕ ብሕግታትን ስርዓታትን ዘይኮነ ቤቲ አብ ውሽጢ ሰብ ብመንፈስ ቅዱስ ዝውሃብ ምርሒት እዩ።

ጽድቂ ሰላም ሓጐስ ብመንፈስ ቅዱስ ኢሉ። እስኪ ካብዝኤን ናብታ ካልኣይቲ ማለት ሰላም ክነተኩር። ምኽንያቱ ሰላም ነቲ ጐይታ አብ ዮሃ 17፡15 ዝጸለዮ ጸሎት፡ እግዚኣብሄር ምላሽ ዝሀበሉ ሓደ ካብቲ ዝሓየለ ብምኽኑ።

አብ አምላኽ እንተ ረእና ዘይናወጽን ዓሚቕን ዝኾነ ሰላም ኣለና። አብ ቅድሚ ብርቱዕ ዕግርግርን ህውከትን ግርጭትን ከይተረፈ ዘይርበሽን ዘይህወኽን ዝንብሮ እዚ ናይ ህድኣት መንፈስ ሰላም ስለ ዘለዎ እዩ። የሱስ'ውን ኢሉ «... አብ ዓለም ጸበላ ኣለኹም፡ ግናኽ ... ኣባይ ምእንቲ ሰላም ክትረኽቡ» ዮሃ 16፡33። ኣባና እንተ መጸና ግን ገለ ነገር እንተ ተባላሸወ ከመይ ብቕሊሉ ኢና ንርበሽ። ግን ኣብቲ እዋን ነውጺ፡ አምላኽ ልቡ ዘቕመጠሉ ዓብዪ መደቡን ዕላምኡን አብ ስፍረኡ ከም ዘሎ ደው ኢልናዶ ነስተውዕል ንኽውን? እቲ ብርሃን ዝኾነ አምላኽ ግን ዘልኣለማዊ ዝኾነ መደብ እዩ ነይርዎን ዘለዎን። ንሱ ኽኣ ኣብቲ ጸልማት ብርሃን ይብራህ ኢሉ ነዛ ዝፈጠራ ዓለም ዓውዲ እቲ ቅድሚ ምስራት ዓለም ዝመደቦ መደቡ ክትከውን ኣሳለዎ። ግን ከምቲ ንፈልጦ ሰይጣን ነቲ ዕላማ አምላኽ ክንግቶ አብ መንጐ ክኣቱ ንርኢ፡ ከም ሳዕቤኑ ኽኣ ሰባት ካብ ብርሃን ጸልማት ፈተዉ። ግን እዚ ኹሉ ዕንቅፋት ተረኺቡ ክነሱ አምላኽ ገና ነቲ ህዱእን ዘይርበሽን ናይ ሰላም መንፈሱ ዓቂቡ ኣሎ። እዚ ሰላም አምላኽ እዩ ኽኣ ንሓሳብናን ንልብናን ብክርስቶስ የሱስ ዝሕልዎ (ፊሊ 4፡7)።

ሓለዋ ወይ ምሕላው ግን እንታይ ማለት እዩ? ጸላኢ አባይ ቅድሚ ምብጽሑ አቐዲሙ ነቲ ብረቱ ዓጢቕ ነጂሑ ዝሕልወኒ ዘሎ ዓስክር ገጢሙ ክሓልፎ ኣለዎ ማለት እዩ። ኣነ ክተሓዝ እቲ መዓስክር ክትሓዝ ኣለዎ ማለት እዩ። ስለዚ ኣነ ኽኣ ከም አምላኽ ሰላም ዝዓስለኒ ክኸውን

ይተብዕየ ምኽንያቱ ሰላም አምላኽ ስለ ዝሕልወኒ። እዚ ዓለም ፈጺማ ዘይትፈልጦ ነገር እዩ። 'ሰላመይ እሓድግልኩም ሰላመይ ድማ እህበኩም አለኹኹ። እቲ አነ ዝህበኩም ዘለኹስ ከምቲ ዓለም እትህበኩም አይኮንን።' (ዮሃ 14፡27)።

ሰባት ንየሱስ ክርእይዎ ፈጺሙ አይተኻእሎምን። በዓንቶም፡ ንሱ ዝገበረ ኩሉ ግን ይ እዩ ነይሩ። ምኽንያቱ እቲ አብታቶም ዝሰበረ ብርሃን ጸልሚቱ ስለ ዝሰበረ። ሕሉፍ ሓሊፎም ነቲ አብሉ ዝሰበረ መንፈስ ብኢል ዘሙል በልዎ። በላዕን ዓርኪ ሰታዮትን እዩ ምስ በልዎ ኽአ ግብረ መልሱ «ዎ አቦይ ... ኢመስግነካ አለኹኹ» (ማቴ 11፡19,25) ዝብል ነበረ እምበር አይተናወጸን። ምኽንያቱ ኽአ አብ ሰላም አምላኽ ይነብር ስለ ዝሰበረ።

ካብ ድሮ እቲ ንኽሰተል ዝተታሕዘላ ምሽት ጀሚሩ ኩሉ ነገራት አንጻሩ ዝሰርሕ መሰለ። ሓደ ካብ ደቀ መዛሙርቲ ኣሕሊፉ ክህቦ ብለይቲ ወጸ፡ ሓደ ካልእ ክሕዝዎ ምስ መጹ ነዲሩ ሰይፉ አልዒሉ እዝኒ ሰብ ቈረጸ፡ ካልኦት ከአ ጠንጢኖሞ ሃደሙን ተሓብአን። እዚ ኩሉ እናኾነ የሰብ ነቶም ክሕዝዎ ዝመጹ «አነ እየ ንሱ» ኢሉ ከይተናወጸ ብሀድኣትን ብናጽም ሰላምን ምስ መለሰሎም ንሳቶን እዮም ተረቢሾም አድሓርሒርም ዝወደቹ። እዚ ተመሳኪሮ 'ዚ አብ ኩሉ እዋን ምእንቲ እምነቶም አብ ዝሓለፉ ሰማእታት ተደጊሙ እዩ። ንስቕያን ንምንዳድን እኳ ክወሃቡ ከለዉ በቲ አብአም ዝሰበረ ሰላምን ሀድኣትን እቶም ከቢዶም ዝዕዘብዎም ዝሰበሩ ሰባት ይማረሙ ነይሮም። እምበአር ጳውሎስ ነዚ ሰላም እዚ ክንዮ አእምሮን ምርዳእን እዩ ምባሉ አየገርምን እዩ።

ጐይታ የሰብ 'አብ ዓለም' ጸበባ ኣለኹም ኢሉ ክብቕዕ በንጻሩ ግን 'አባይ' ሰላም ክትረኽቡ ምባሉ አገዩ ዝትንክፍ እዩ። እምበአር አምላኽ አብቲ ጸቕጥን ሽግርን ዋጢጥን ዝመልእ እንተ አቕመጠና እኳ ምስዚ ኩሉ ግን ዘይንናወጽ ሀዱእት ክንከውን አብ ካልእ ክአ አቕሚጡና እዩ። ሓደ እዋን የሰብ 'መን እዩ ዝተንከፈኒ?' ኢሉ ክሓቶም ከለ። ንርኢ። ምኽንያቱ ካብቶም አብ ቅናርናሆም ዝደፋፍእም ዝነበሩ ህዝቢ ሓንቲ ብእምነት ዝተንከፈቶ፡ ናብቲ ናይ ድንጋጸ ልቡ ዝበጽሐት ሰበይቲ ነይራ። ናይቶም ብዙሓት ምድፋእን ምጽቃጥን ግን ፈጺሙ አይተንከዮንን። ምኽንያቱ ንኽልቲኦም ዘራኽባም ረጂሒ ብዙሕ አይነበረንን። «እቲ አነ ዝህበኩም ዘለኹስ ከምቲ ዓለም እትህበኩም አይኮንን» ኢሉ የሰብ። ህይወትና ህይወት ተራ ሰብ እንተ ኹይና ብዓለም ክትውሰድ እያ። በቲ ወሃብ ህይወት ዝኾነ መንፈስ ትነብር እንተልያ ግን ብጸቕጥታት ዓለም አይትናወጽን እያ።

እምበአር መንግስቲ አምላኽ ዘገድሶ 'ጽድቅን ሰላምን ሓጉስን' ንዕኡ ዝመስልን እዩ። ስለዚ ናብቲ አረጊት ግዝአት 'ብልዕን መስተን' ክንምለስ አይንሕሰብ፡ ምኽንያቱ እቲ ንዓና ዘገድሰና ናይ ከምዚአም ዝበለ ነገራት ምፍቕድ ወይ ምኽልካል ዘይኮነ ብሱሩ ካልእ ጉዳይ እዩ። ደጊም ናይ መንግስቲ አምላኽ ዘበልና ክንክልክል አየድልየናን እዩ። ንዓለም እንስዕራ ናይ ዓለም ዘበለ ኩሉ ብምግዳፍና ዘይኮነ ዘይ ከም ናይ ዓለም ብምኽንያና እዩ። ሰባት ብዙሕ ዝደልይዎ ግናኸ ዓለም ክትህዞ ዘይትኽእል ፍቕሪ ሓጉስ ሰላም እንውንን ኢና።

ስለዚ ነቲ ካብ ዓለም ምውጻእ ዝብል አተሓሳስባ አርሒቕና፡ እግዚአብሄር ንዓና አብ ዓለም ብምቕማጡ ከመይ ዕድለኛታት ምኻንና ክንሓስብ አለና። «ከምቲ አቦ ንዓይ ዝለእኸኒ፡ አነውን ከምኡ እልእከኩም አለኹ» እንታይ ዝበለ ቃልዩ። እምበአር በተክርስትያን ወራሲት የሰብ ክርስቶስ እያ፡ አምላኽ ባዕሉ አብ ውሽጢ ናይ ሰይጣን ግዝኣት ዝተኸላ እያ። ሰይጣን ፈጺሙ ክጻወራ ጥራይ ዘይኮነ ክምሕዋን ከልግሳን አይኽእልን እዩ። ካብ ሰማይ ዝኸኑት ንናይ ጸላኢ መራት ሒዛ ሰይጣን ምንም ክገብራ ዘይክእል ናይ ባዕዲ መግዛእቲ እያ። አብ ፊሊ 2፡15 ጳውሎስ «አብ ማእከል እዚ ቕናንን ጠዋይን ወለዶ እዚ መንቅብ ዘይብሉዎን ግሩሃትን ሕፍቲ ዘይብሉዎም ውሉድ አምላኽ ኪንኮኑም» ይብል። እምበአር አምላኽ ዓለም እቲ ሓቕኛ መንነታ ምእንቲ ክግለጽ ኮነ ኢሉ እዩ አብኡ አቕሚጡና።

ዕዮና ግን አብዚ ደው ዝብል አይኮነን። ንሰባት እንተደኣ ተመሊሶም፡ እቲ አብ ገጽ የሰብ ክርስቶስ ዘብርህ ብርሃን አምላኽ ካብቲ ናይ ዓለም ባዶነትን ከንቱነትን ሓራ አውጺኡ ናብቲ ናቱ ምልኣት ከም ዘእትዎም እቲ ዘሐንስ ዘና ነበስሮም ኢና። እዚ ድርብ ተልእኾዚ ከአ እዩ በተክርስትያን ብሰይጣን ተጻላኢት ዝገብራ። ሰይጣን ከም ናይ በተ ክርስትያን ምህላው ገይሩ ዝወግአ የብሉን። እዚ ዘቃልዕ ብርሃን ተኣልዩ ክርኢ ኽአ አገዩ እዩ ዝደሊ። በተክርስትያን ነቲ ጸላኢ አምላኽ ናይ ጐድኒ እሾኽ ኮይና ኩሉ ሳዕ እያ ትሳቐዮ። አብ ዓለም ብምህላውና ጥራይ ንሰይጣን ሕማም ርእሲ ንኹሮ ኢና። ስለዚ ስለምንታይ ንለቕቕ?

«ናብ ኩሉ ዓለም ኪዱ ንብዘሎ ፍጥረት ከአ ወንጌል ስበኹሉ» ይብል ማር 16፡15። እዚ ናይቲ ክርስትያን ዕጫ እዩ። ግዴትኡ ኽአ እዩ። እቶም ናታ ዘይኮንና ካብአ ክንወጽእ ዝገብረና ምኽንያት የለን። እቲ ምንታይ አብአ ክንከውን ስለ ዝግብአና።

ስለዚ እቲ ዓለማዊ ስራሕና ክንገድፍ አየድልን እዩ። ምኽንያቱ እቲ

እተጸዋዕናሉ ስፍራ ኣገልግሎት ንሱ እዩ። ህይወትና ምቕሉ ከም ክርስትያን ኣብ ቤተ ክርስትያን እቲ ዝተረፈ ከኣ ከም ዓለማውያን ፈጺሙ ዘይራኸብ ክፍልታት ጊርና ኣይንመርሕን ኢና። ካብቲ እንሰርሖ ዘሎና ስራሕ ገለኺ ክተርፍ እግዚኣብሄር ኣይደልን እዩ። ኮሎ እቲ እንሰርሖ ስራሕ ኣብ ሕርሻ ይኹን መጕዓዝያ፥ ኣብ ድኳን ይኹን ፋብሪካ፥ ክሽነ ይኹን ቤት ጽሕፈት፥ ቤት ትምህርቲ ይኹን ሕክምና ብመንጽር መንግስቲ ኣምላኽ ዋጋ ዘለዎ እዩ። ኮሎ ስፍራ ንጡይታ ክትሓዝ ኣለዎ። ሰይጣን እኳ ከም ድሌቱ እንተ ዝኸውሉ ንኸኮሉ ኣብያተ ስርሓት ሓደ ክርስትያን እኺ ዘይብሉ ክገብሮ ምፈተው ምኽንያቱ ንዕኡ ዕንቅፋት ስለ ዝፈጥረሉ። ስለዚ ሰይጣን ካብ ዓለም ክንወጸሉ የፈራርሃና፥ እንተ ዘይሰለጠ ከኣ ምስ ዓለም ክንጸናበር ናብቲ ስርዓታ ኣእትዩ ብመምህረታታ ክንከይድ ይጽዕር። ሓዲኡ እንተ ጊርናሉ ዓወት ረኺቡ ማለት እዩ። ግን ኣብ ዓለም እኳ እናሃለና፥ ኮሎ ተስፋናን ምግዳስናን መደባትናን ካብ ዓለም ወጻኢ ክንገብሮ እንተኽኢልና እዚ ንኣምላኽ ክብሪ ንሰይጣን ከኣ ውድቀት እዩ።

ብዛዕባ ናይ የሱስ ኣብ ዓለም ምህላዉ «... ጸልማት ግና ኣይሓዞን (ኣይሰዓሮን)» (ዮሃ 1፡5) ተባሂሉ ተጻሒፉሉ ኣሎ። ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ፥ ንሓጥያት ስዓርዎ ዝብል ፈጺሙ ኣይተጸሕፈን፥ የግዳስ ንዓለም ስዓርዋ እዩ ዝብለና። ካብ ሓጥያት ክንናገፍ፥ ንዓለም ግና ክንሰዕራ እዩ ዝድለየና።

ካብ ሓጥያት፥ ምንጋፍ ክንረክብ እዩ ዘሎና። ምኽንያቱ እግዚኣብሄር ምስ ሓጥያት ዘራኽብ ነገር ክህልወና ኣይደልን እዩ። ካብ ዓለም ግን ክንናገፍ ጥራይ ዘይኮነ ክንናገፍ ክንደሊ'ውን ኣይግብኣናን፥ ምኽንያቱ ምስኣ ክንራኸብ ፍቓዱ እዩ። ንዓለም ካብ ላዕሊ ስለ እተወለድና ግን ስዒርናያ ኢና። እቲ ንዓኣ እንሰዕረላ ስዕረት ከኣ ልክዕ ከምቲ ናይ ብርሃን ኣብ ልዕሊ ጸልማት እዩ።

«ካብ ኣምላኽ እተወልደ ዘበለ ኮሎ ንዓለም ይስዕራ፥ እታ ንዓለም እንሰዕረላ ስዕረት ከኣ ንሳ እምነትና እያ። ንዓለም ዝስዕራኽ፥ እቲ ንሱ ወዲ ኣምላኽ ምኻኑ ዝኣምኖ እንተ ዘይኮነይኑስ መን እዩ» ይብል 1ዮሃ 5፡4-5። እቲ ምስጢር ናይ ዓወት ኣብ ልዕሊ ዓለም እምበኣር ምስቲ ዝተዓወተ ወዲ ኣምላኽ ናይ እምነት ዝምድና ኮሎ ሳዕ ምስ ዝህልወና እዩ። «ግናኽ ኣጆኹም ኣነ ንዓለም ስዒረያ እየ» (ዮሃ 16፡33) ዝበለ የሱስ ጥራይ እዩ። ምኽንያቱ ኣቐዲሙ «ንዛኢ እዛ ዓለም እዚኣ ይመጽእ ኣሎ እሞ ኣባይ ሓንቲ እኳ የብሉን»(ዮሃ 14፡13) ክብል ስለ ዝኸኣለ። ኣብ ምድሪ ከምዚ ገይሩ ዝተዛረበ ሓደኺ የለን። ግን ንሱ ኢሉ ስዒሩ

ኸኣ። ንዛኢ እዛ ዓለም ስለ ዝሰዓሮ ከኣ ንሰባት ናብኡ ክስሕብ ጀሚሩ።

ከምቲ ንሱ ዝበለሙ ንሕና ኸኣ ከምኡ ክንብል ንደፍር ኢና። ብምኽንያት እቲ ዝረኽብክዎ ሓድሽ ልደት፥ ካብ ኣምላኽ ዝተወልደ ዘበለ ኮሎ ኸኣ ንዓለም ስለ ዝስዕራ፥ ከምቲ የሱስ ኣብ ዓለም ዝነበረ ግናኽ ናታ ዘይነበረ ኣነውን ከምኡ ኣብ ቀዋሚ ቀንዲል ዝተሰቕልኩ ንኸኮሉም ናብቲ ቤት ዝኣተዉ ዘብርህ ብርሃን እየ። «ከምቲ ንሱ ዘለዎ፥ ከምኡ ኣብዛ ዓለም እዚኣ ኢና ዘሎና» 1ዮሃ 4፡17። ቤተ ክርስትያን ንኣምላኽ እተኸብሮ ካብ ዓለም ብምውጻኣ ዘይኮነ ብርሃኑ ኣብ ዙርያኣ ብምብራህ እዩ። ሰማይ ንኣምላኽ እንመስግኑሉ እምበር እንኸብረሉ ስፍራ ኣይኮነን። ንእኡ እንኸብረሉ ስፍራ ኣብዛ ምድሪ እዩ።

– ምዕራፍ ሸውዓተ –

ርእስኻ ምእርናብ

በተ ክርስትያን ኣብ ጐድኒ ሰይጣን እሾኹ ኰይና ከም ትሳቐዮን ሰላም ከም ትኽልእን ከም ድልየቱ ከይንቀሳቐስ ከኣ ከም እትዕንቅርን ርኢና ኔርና። ኣብ ዓለም እኳ ክሳሪ ምስ ዓለም ኣይትተሓባበርን ጥራይ ዘይኰነስ ብቕጻሊ እያ ትፈርዳ። ግን ምንም እኳ በተ ክርስትያን ንዓለም ስቕቕታ እንተ ኾነት ማዕረኡ ኽኣ ዓለም ብግዲኣ ንበተ ክርስትያን ሕማም ርእሲ እያ። ናይ ዓለም ብልሓት ከኣ በብእዋኑ እንዳረቐቐ ይመጽእ ስለ ዘለዎ ንህዝቢ ኣምላኽ ንምጕሃይ ትጥቀመሉ ሓይሊ እናዓበየ ይመጽእ ኣለዎ። ሎሚ፡ እታ ማሕበር ክርስቶስ ብንእስነታ ክሳ ዘይነበረ ሓይሊ ዓለም ክትገጥመሉ ትግደድ ኣላ። ሽዑ፡ ዓለም ብስደት ብምእሳር ብምስንኒ ዝመስል ግዳማዊ መጥቃዕትታት እያ ንቅዱሳን ትቃወሞም ነይራ (ግብ 12 2ቈረ 11)። ሽዑ ምስ ዝርኢ ኣካል ዘለዎ ጸላኢ እዮም ዝገጥሙ ነይሮም። ሕጂ ግን እቲ ውግእ ምስቲ ብድሕርቲ ዝርኢን ዝሞቦጥን ዘለዎ ረቂቕን እኩይን ሓይሊ ኰይኑ ኣሎ። እዚ መንፈሳዊ ሓይልዚ ዘኽትሉ ዘለዎ ዕንወት ከኣ ካብቲ ናይ ቀደም ኣዝዩ ዝኸፍኣ ኰይኑ እዩ። እዚ ጥራይ ግን ኣይኰነን። ቀደም ዘይነበረ ሕጂ ግን ኣብዚ ናይ መወዳእታ ዝተጋህደ ሓይሊ ኣሎ።

ኣብ ራእይ 9፡ ነቲ ደራሲ ኣብ መጻኢ ዝፍጸም ዝመስል፡ ከምዚ ዝብል ጽሑፍ ኣሎ «እቲ ሓምሻይ መልኣኽ ድማ መለኽት ነፍሔ። ኰኾብ ከኣ ካብ ሰማይ ናብ ምድሪ ክወድቕ ከሎ ርኢኹ፡ መርሖ ዓሚቕ ዔላ ውን ተዋህበ። ነቲ ዓሚቕ ዔላ ድማ ከፈቶ። ካብቲ ዔላ ኽኣ ከም ትኪ ዓብዪ እቶን ዝመስል ትኪ ወጸ። ... ካብቲ ትኪ ድማ ኣንበጣ ናብ ምድሪ ወጸ፡ ከምቲ ዕንቅርቢታት ኣብ ምድሪ ስልጣን ዘለወን ከኣ ስልጣን ተዋህቦ። ንእኡውን፡ ነቶም ኣብ ግንባሮም ማሕተም ኣምላኽ ዘይብሎም ሰባት ጥራይ ደኣ እምበር፡ ኣብ ምድሪ ንዘለሰ ንሳዕሪ ወይ ለምለም ንዘበለ ወይስ ነእዋም ኣይትጕድኣዮም ተባህለሉ» (ራእ 9፡1-4)። እዚ ስእላዊ ቃንቃ ኰይኑ እቲ ካብ ሰማይ ዝወደቐ ኰኾብ፡ ሰይጣን እዩ። እቲ ዓሚቕ ዔላ ኽኣ መደበሩ ወይ መኽዘኑ ማለት እዩ። እምበኣር ኣብዚ ናይ መወዳእታ ዘበን እዞም ሓይልታት ከም ዝልቐቕን ንሰባት ድማ ቅድሚኡ ኣጋጢምዎም ዘይፈልጥ መኽተ ከም ዝኾኖም ንገንዘብ።

ብሓቂ ኽኣ እዚ ምስዚ ኣብ ዘበንና ዘለዎ ኵነታት ይገጥም እዩ። ኣብ ምውዳእ ናይ መዋእል፡ ሓጢኣትን ዓመጽን እናበዝሑ ከም ዝኽይድ ካብ ቃሉ ርዱእ እኳ እንተ ኾነ፡ እታ በተ ክርስትያን ክትምክቶ ዘለዋስ ካብቲ በብዕለት ዝርኢ ዝደዳ ዝረቐቐ ፈተናታት እዩ። «ከምቲ ብዘመን ኖህ ዝኾነ ብዘመን ወዲ ሰብውን ከምኡ ክኸውን እዩ። ክሳዕ እታ ኖህ ናብ መርከብ ዝኣተወላ መዓልቲ ይበልዑ ይሰትዩን የእትዉን የታኣታትዉን ነበሩ። ማይ ኣይሂ ድማ መጸ ንኹሉሞሙን ኣጥፍኤ። ብዘመን ሎጥ ድማ ከምኡ ኾነ፡ ይበልዑን ይሰትዩን ይሸጡን ይሻየጡን ይተኽሉን ይሃንጹን ነበሩ። በታ ሎጥ ካብ ሶዶም ዝወጸላ መዓልቲ ድማ ካብ ሰማይ ሓውን ዲንን ወረደ ንኹሉ ኽኣ ኣጥፍኤ» ይብል ሉቃ 17፡26-29። ኣብዚ ጐይታ፡ ብልዒ መርዓ ንግዲ ሕርሻ ህንጻ፡ ፍሉይ መግለጺታት ናይቲ ኖህን ሎጥን ዝነበርዎ ጊዚ ጥራይ ምንባሩ ዘይኰነስ ሕጂ ኣብዚ ዘለሩዮ ናይ መወዳእታ ዘመን ድማ ከምኡ ከም ዝኾነ እዩ ዝዛረብ ዘለዎ። «በታ ወዲ ሰብ ዝግለጸላ መዓልቲ ድማ ከምኡ ክኸውን እዩ» (ቁ.30)። እዚ እዩ እቲ ነጥቢ። ነስተውዕል እዞም ዝተባህሉ ብርእሶም ሓጢኣት ኣይኰኑን ግን ዓለማዊ ነገራት እዮም። ከም ሎሚ ጊርካዶ ብዛዕባ እቲ ጽቡቕ ናብራን ህይወትን ሓሲብካን ተገዲስካን ትፈልጥ? ሎሚ ምግብን ክዳንን ንደቂ እግዚኣብሄር ሓሳብን ጸገምን ይኹንዎም ኣለዉ። እንታይ ክንበልዕ ኢና? እንታይ ክንሰቲ ኢና? እንታይ ክንክደን ኢና? ንብዙሓት እዚ ቀንዲ ኣርእስቲ ዘረባን ዕላልን ኰይኑ ኣሎ። እዚ ኽኣ ሰቕ ኢሉ ዝኾነ ዘይኰነስ ብዛዕባዚ ነገራት ክትዛረብ ዝቕስበካ ሓይሊ ኣሎ ማለት እዩ። ክትነብር እንተኾይኑ ውን በዚ ነገራት ክትግደስ ግድን ክኾነካ እዩ።

እቲ ጽሑፍ ግና መንግስቲ ኣምላኽ ብልዕን መስተን ዘይኰነስ ጽድቅን ሰላምን ሓጕስን እያ ይብለና። ቅድም ንመንግስቲ ኣምላኽ ንጽድቁን እንተ ደሊና እዚ ኹሉ ከም ዝውሰኽልና እዩ ዝዛረብ። ብዛዕባ ናይ ብልዕን ክዳንን ኣይትጨነቹ ምኽንያቱ እቲ ነዕዋፍ ሰማይን ንዕምባባታት መሮርን ዝሓሊ ንዓና ነቶም ናቱ ኽኣ ኣይሓልንዶ እዩ ዝብለና። ግን በቲ እነርእዮ ሻቕለቱ ንዕአም እምበር ንዓና ዳርጋ ፈጺሙ ዘይግደሰልና ኢና እንመስል።

እቲ ከነተኩረሉ ዘሎና ነጥቢ እምብኣር ኣብዚ እንሆ። እዚ ዘሎ ናይ ነገራት ሃለዋት ዘይንኩር እዩ። እዚ ኣብ ብልዕን መስተን ዝርኢ ሕሉፍ ምግዳስ፡ ኣብቶም ድኻታት ይኹን ሃብታማት፡ ናይ ብዙሓት ኣመንቲ ውን መለለዩ ኰይኑ ዘሎ ካብ ንኡር ዝረሓቐ እዩ። ባህርያዊ ውን ኣይኰነን። እዚ ናይ ብልዕን መስተን ጥራይ ዘይኰነ ናይ ኢጋንንቲ ነገር እዩ። ሰይጣን እዩ ነቲ ናይ ዓለም ስርዓት ምሂዝዎን ሕጂውን ዝቆጻጸሮ ዘሎን። ብሓይሊ ኢጋንንቲ ገይሩ ውን ንዓና ናብኡ ክሰድዕ ዘዳለዎ እዩ። እዚ ሕጂ ዘሎ ሃለዋት በዚ እንተ ዘይኰይኑ ብኻልእ መግለጺ ክርከቦ ኣይክእልን። ኣየ እቶም ውሉድ ኣምላኽ ዘበልና ነዚ እንተ ነስተውዕሎ!

ቀደም፡ ንቅዱሳን ዝተፈላለየ ጸገማት ከነንፈም ከለሙ፡ ኣብቲ ሽግር ኩይኖም ኣምላኽ ፍታሕ ክሰደሎም ይኣምንሉ ነይሮም። በዚ ሎሚ ዘሎ ጸቕጥታት ግን ሕንፍሽፍሽ ሰለ ዝኣተዎም ንኣምላኽ ክእምንዎ ዘይክእሉ ኩይኖም ኣለዉ። እምበኣር ናይዚ ጸቕጥን ሕንፍሽፍሽን ሰይጣናዊ መበገሲ ከም ዘለዎ ንረዳእ።

ብዛዕባ ገዳይ መርዓን ሓዳርን ' ውን ከምኡ እዩ። ከም ሎሚ ገይሩ በዚ መዳይ ሽግራት ኣጋጢሙ ኣይፈልጥን። መንእሰያት ኑቲ ዝጸንሐ ባህልታት መርዓ ሰንድዮም፡ ግና'ኳ ንኽእል መተካእታ ሰለ ዘይረኸቡሉ፡ ኣብ ዝዙሕ ድንግርግራት ኣትዮም ኣለዉ። እዚ እምበኣር ባህርያዊ መግለጺ ዘለዎ ኣይኮነን። መርዓ ካብ ጥንቲ ንኩርን ቅቡልን ተግባር እዩ ግን ኣብዚ እዋን ዘይባህርያዊ ዝኾነ ነገር ኣትዩዎ ኣሎ።

ኣብ ምትካልን ምህናጽን ምልዋጥን ምግዛእንውን ከምኡ እዩ። ኮሉ እዚ ንጥፈታት ሕጋውን ጠቕምን እኳ ክነሱ ግን ሎሚ በቲ ብድሕሪት ኩይኑ ዝደፍአ ሓይሊ ሰባት ነዚ ሚዛን ኣጥፊኡም ብዙሕ ይደናገሩ እዮም። እዚ ኣብ ስርዓት ዓለም ዝዓዩ ዘሎ ክፋእ ሓይሊ ክልተ ዘይቀራረብ ሃለዋት ፈጢሩሉ። እቲ ሓደ ዝገበርካ እንተ ገበርካ፡ ነገራት ከይኣኽሉልካ ይተርፉ ይውሕደካ፡ እቲ ሓደ ኽእ ዓቕን ዘይብሉ ሃብቲ ምድላብ እዩ። ብሓደ ሸነኽ ሕሉፍ ድኽነት ዘጥቅየም ኣመንቲ ትርኢ፡ በቲ ሓደ ግን ካብ መጠን ንላዕሊ ክዘብትሙሉ ዝኽእሉ ደጊታት ዝተኸፈተሎም ኽእ ትረክብ። ክልቲኡ እዚ ኽእ ዘይንቡር እዩ።

እስኪ ኣብ ዝኾነ ገዛ ኣቲና ኑቲ ዝዕለል ዕላል ንስማዕ። እቲ እንሰምዖ ዘረባ «ዝሓለፈ ሰሙን እዝን እትን ኣቕኣሉት ዝኢ፡ ክንድዚ ኽእ ወዲኡለይ፡ ብሕሱር ረኺበዮ»፡ «ኣነስ ንዕኡ ዓሚ እየ ዓዲገዮ፡ ከምኡ እንተ ዘይገብር ሕጂ ብዙሕ ገንዘብ መውጸእክለ ነይረ»፡ «ምሻጥካ ዘይተርፈካ እንተ ኾይኑ ሕጂ እቲ ዕዳጋ ክበር ኣሎ» ወዘተ ዳርጋ ዝብል እዩ። ሰባት ክሸጡን ክልውጡን ክውሳንን ሽፈትፈት ይብሉ ከም ዘለዉ ትዕዘብዶ ' ሎ'ካ? ገለ ኣቕኣት ይኽዝኡ፡ ገለ ኣውጺኦም ይሸጡ፡ ገሊኦም ከኣ ፈጺሞም ገይሮሞ እኳ ዘይፈልጡ ክነሶም ኣብ ናይ ምሻጥን ምዕዳግን መሊስካ ምሻጥን ዘራጊቶ ኣትዮም ሓንኮለጦም ይናወጽ። እዚ ኮሉ ሃለዋት ዘይባህርያዊ ምኽኑዶ ኣይፈለጥናንን? ኣብዚ ንሰባት ዝማርኽ ሓይሊ ከም ዘሎዶ ኣይንርእን ኢና ዘሎና? ሰባት ምስ ኣእምሮኦም ኣይኮኑን ዘለዉ፡ ዓቢዶም እዮም። እቲ ሎሚ ዘሎ ናይ ምሻጥን ምዕዳግን ሃነፍነፍ ቅሩብ መኽሰብ ናይ ምርካብ ሕቶ ጥራይ ኣይኮነን። እቲ ሕቶ ነቲ ስርዓት ሰይጣን ምትንካፍ እዩ ኮይኑ ዘሎ። ኣብቲ ናይ መወዳእታ ዘበን፡ ንሰባት ብድልየቶም ኮነ ብዘይ ድልየቶም ክደፍኦም ሓደ ፍሉይ

ሓይሊ ኣብ ዝተፈነወሉ እዋን ኢና ንነብር ዘለና።

እምበኣር እቲ ሕቶ ሎሚ ናይ ሓጢኣት ዘይኮነስ ናይ ዓለማውነት እዩ ኮይኑ ዘሎ። ምብላዕን ምስታይንስ ጌጋ እዩ ክብል ዝደፍር መን ኣሎ? መንከ ንመርዓ ክካፍእ ይኽእል? ምልዋጥን ምዕዳግን መሰልካ ከም ዝኾነኽ መን ኣብ ሕቶ ክእቱ ይኽእል? ኮሎም እዞም ነገራት ብርእሶም ሓጎቲ ጌጋ የብሉምን። እቲ ጌጋስ ኣብቲ ብድሕሪኡም ዘሎ መንፈሳዊ ሓይሊ ብእኡም ገይሩ ኽእ ብዘይ ንሕሰይ ዝደፍኣና ዘሎ ደኣ እዩ። እዩ፡ እዞም ነገራት ተራን ምንም ዘይብሉምን እኳ ክነሶም ሰይጣን ብእኡም ተጠቒሙ ንህገፎ ኣምላኽ ናብቲ ናይ ሰይጣን መርበብ ኣእትዩ የፈንጥረና ከም ዘሎ እንተ ንፈልጥ!

«ግናኽ እታ መዓልቲ እቲኣ ኣብ ኮሉ ዝዓን ምድሪ ንዝነብሩ ዘበሉ ከም መፈንጥራ ክትብጽሖም እያ እሞ፡ ስስዔን ስኽራንን ሓልዮት ሓዳርን ንልብኹም ከይኽብድ፡ እታ መዓልቲ እቲኣ ብድንጋት ከይትመጸኩምሲ ንነፍስኹም ተጠንቀቑ» ሉቃ 21፡34። እቲ ሓልዮት 'ሓዳር' ተባሂሉ ተተርጕሙ ዘሎ ሓልዮት 'ናይዛ ህይወት' (cares of this life) ክብል እዩ ዝግባእ ነይሩ። ኣብቲ ናይ ግሪኽ ሓድሽ ኪዳን ነቲ ህይወት ዝብል ቃል ሰለስተ ዝተፈላለየ ቃላት እዩ ዝጥቀም፡ Zoe (ዞወ) – መንፈሳዊ ህይወት፡ Psuche (ሰዩኪ) – ስነ ልቦናዊ (ነፍሳዊ) ህይወት፡ ከምኡ ድማ Bios (ባዮስ) – ስነ ህይወታዊ ህይወት (ናይ ሰብ እንስሳ ኣታኽልቲ)። ካብዚኡን ከኣ እታ ሳልሰይቲ biotikos ወይ 'ናይዛ ህይወት እዚኣ' እዩ ተጠቒሙ። ጐይታ እምብኣር በቲ ዕለታዊ ህይወትና ዘድልየና ተራ ነገራት ከምእኒ ምግብን ክዳንን ልብና ብሓሳብ ካብቲ ዝግብኦ ንላዕሊ ከይኽብድ እዩ ዘጠንቅቕና። ኣዳምን ሄዋንን ብኽምዚ ዝበለ ቀሊል ነገር እዮም ወዲቖም። ገለ ኣመንቲውን ንንኣሽቱ ምድራዊ ነገራት ክስዕቡ ንቲ ሰማያዊ ጽውዓ ሸለል ይብልዎ እዮም። እቲ ዋና ነጥቢ እኳ እቲ ልቢ ኣበይ ኣሎ ዝብል እዩ። በዞም ነገራት ንጉድኣትና ልብና ከይኽብድን ከይጽዋንን እዩ ዝዛረብ ዘሎ። እዚ ማለት ከኣ ብዛዕባዞም ነገራት ክሳዕ ሓሳባትና ዝውሰድን ጸር ዝኾነናን ክንበጽሕ የብልናን። የግዳስ ካብቲ ኣብ ገዛ ይኹን ኣብ ግራት ዘሎና ንብረት (ሉቃ 17፡31) ብሓሳብና ዝተፈለና ክንከውን ኣሎና።

ምኽንያቱ መን ከም ዝኾነና ንዘክር። ንሕና፡ ማሕበር ክርስቶስ፡ ኣብቲ ጸልማት እንብርህ ብርሃን ዓለም ኢና። ስለዚ ከምቲ ዝኾንናዮ ከምኡ ኣብ ዓለም ንንበር።

እታ ማሕበር ክርስቶስ፡ ነታ ካብ ዓለም ዝቕርበላ ዝነበረ እትሕሰመሉ

ጊዝያት ነይሩ። ሕጂ ግን ትጥቀመሉ ጥራይ ዘይኮነ ንንድኣታ ትገሰሞን ተብዝሑን አላ። ርግጽ እዩ ንዓለም ክንጥቀመላ አለና ተድልየና እያ። ግን ፍቕራ ክሕዘና የብሉን፣ ክነናድያ የብልናን። ስለዚ የሱስ ወሲኹ «ስለዚ ካብዚ ዝመጽእ ኮሉ ነገር ንምምላኞኑን አብ ቅድሚ ወዲ ሰብ ደው ንምባልን ሓይሊ ምእንቲ ክትረኽቡስ ኮሉ ሳዕ እናጸለኹም ንቕሑ።» (ሉቃ 17፡31) ይብለና። አምላኽሲ፣ ነቒሕካ ክሕሉ ዘለዎ ተጻራሪ መንፈሳዊ ሓይሊ እንተዘይህሉ፡ዶ ንቕሑን ጸልዩን ደጋጊሙ ምበለና? ናብ ሰማይ ምእታውና ከም ዘይተርፍ ውዱእ ጌርና ክንዘናጋዕ አይግባእን። የግዳስ በቲ አብ ዓለም ዘሎ መንፈስና ዘይተሓላለኸ ሓራ ክኸውን ክንጥንቀቕ አለና። ርግጽዩ አብ ዓለም ንኸንነብር ብግዲ ዘድልዩና መሰረታዊያን ነገራት አለዉ። ብዛዕብኡም አመት ክንገብር ሕጋዊ እዩ፣ ግን ብእአም ክንሞነቕን ክንውሰድን ግን ዘይሕጋዊ እዩ። ካብቲ አምላኽ ንዓና ዘዳለዎ ኽእ ዘታርፈና ክኸውን ይኽእል እዩ።

አብ ራእይ ዮሃንስ፣ ሰይጣን ነታ ናይ ጸረ ክርስቶስ መንግስቲ አብቲ ናይ ፖለቲካ ዓለም (ምዕራፍ 13)፣ አብቲ ናይ ሃይማኖት ዓለም (ምዕራፍ 17)፣ ከምኡ ኽእ አብቲ ናይ ንግዲ ዓለም (ምዕራፍ 18)፣ ከም ዝተክል የመልክት። በዚ ሰለስተ መዳያት ማለት ናይ ፖለቲካን ሃይማኖትን ንግድን እቲ ግዝኣቱ ናይ መጨረሻ ዓማጺ ባህርዩ ክግለጽ፡ዩ። አብ ምዕራፍት 17ን 18ን እታ መንግስቲ ብሰም ባቢሎን ናይ ሰይጣን ፍልይቲ መሳርሒት ኮይና ክትግለጽ እያ። ባቢሎን ነቲ መገዱ ዝሰሓተ ሃይማኖት ክርስትና ምናልባሽ ናይ ሮማ ዝውክል ይመስል። ኣውራ ግን ባቢሎን እትፍረድ ብምኽንያት ንግዳዊ ንጥፈታታ እያ። ምዕራፍ 18 ብምሉኡ ብዛዕባ ሸቐጥን ንግድን እዩ ዝዛረብ። ውድቀት ናይታ ዓባይ ከተማ፣ ካብቲ ንጉስ ክሳዕ እቲ ናይ መርከብ መራሒ ዘጉሃዮም እሞ ዘልቀሱኡ፣ እቲ ብርቱዕ ንግዳ ብሓንሳእ ስለ ዘኽተመ እዩ። ባቢሎን ካብ ብፖለቲካን ብሃይማኖትን ንላዕሊ ብንግዳ እያ ኣዝያ ክብ ኢላ ዝዓበየትን ምስ ወደቐት ክእ ዝተለቐሰላን። ንጹህ ንግዲ ጌጋ እዩ እኳ ኢልና ክንድምድም እንተ ዘይክኣልና ብመሰረት ቃል አምላኽ አበጋግስኡ ምስ ሰይጣን (ህዝ 28)፣ አወዳድእኡ ኽእ ምስ ባቢሎን ዝተተሓሓዘ (ራእ 18) ምኽኑ ግሁድ እዩ። ካብ ተመኩሮ ከም እንግንዘቦ ኽእ ካብ ካልእ ኮኑ መዳያት ንላዕሊ ንግዲ እቲ «አብ ዓለም ብፍትወት ስጋ ካብ ዘለሙ ጥፍኣት» (2ጴጥ 1፡4) ዝዓየሉን ነቶም ጽኑዕ መትክል ዘለዎም ክርስትያን አመንቲ ከይተረፈ ዝፍትኖምን ጸጋ አምላኽ እንተ ዘይህሉ ብቐሊሉ ክሰዕሮም ዝኽእል ሓያልን ብርቱዕን እዩ።

ካብ ባቢሎን ንጥንቀቕ ዲና? ባቢሎን ምስ ወደቐት እቶም ነጋዶ አልቂሶምላ። ካብ ሰማይ ግን ሃሌሉያ ዝብል ደሃይ ተሰሚዑ

(ራእ 19፡1)። እቲ አብ ሓድሽ ኪዳን ተመዝጊቡ ዘሎ ሃለሉያታት እዚ አብ ቁ 1-6 ዘሎ ጥራይ እዩ። ንሕናኸ ነዚ ሃሌሉያ ነቃልሓዶ?

እምብኣር አብ ንግዲ ምውፋር አብ ሓዲጋ ዘለዎ መዳያት ምእታው ማለት እዩ። ግን እቲ ዝንባለና ናብኡ እንተ ኾይኑ፣ ብፍርሃትን ብምንቅጥቃጥን አብ ንጹህ ንግዲ እንተ ተዋፊርና ብደገፍ አምላኽ ካብ መፈንጠራ ሰይጣን ከሃምልጥ ንኽእል ኢና። ድፍረትን ርእሰ ምትእምማንን ዘጥቅዓና እንተ ኾይኑ ግን ካብቲ እቲ መዳይ ዝጽውየ ስሱዕን ግዲ ዘይብሉ ተግባራትን ክሃምልጥ አይንኽእልን ኢና። እምብኣር እቲ ሎሚ ካባና ዝድለ ዘሎ ካብ ምሻጥን ምልዋጥን፣ ምብላዕን ምስታይን፣ ቃል ኪዳን ምእታውን ምትእትታውን ክንዕቀብ ዘይኮነ ካብቲ ብድሕሪዚ ነገራት ዝንዩ ዘሎ ሓይሊ አባና ክይሰልጥን ክንሕሎ እዩ።

ነቲ ምድራዊ ነገራት፣ ከም እኒ ሃብቲ፣ ናብ ፍቕድ አምላኽ እነውዕሎሰ ክመይ ጌርና ኢና እንተ በልና እቲ ዘሎና ትሕዝቶ ንርእስና ኢልና እንዓቕሮ ዘይኮነ ንዕኡ አብቲ ንሱ ዝደልዮ እንዳውዓልና አብ ሰማይ መዝገብ ብምግባር እዩ። አነን ንስኹምን ካብቲ አሎኒ ንብሎ አብ ዝኹነ ደቒቕ ንምፍልላይ ቅሩባትን ድልዋትን ክንከውን አሎና። አብቲ ሕሳበይ ክልተ ሽሕ ድየ ገዲፈ ክልተ ቕርሺ ንሱ አይኮነን እቲ ዘገድስ። እቲ ዘገድስ ብዘይ ናይ ጣዕሳን ንሂን ስምዒት እቲ ክህቦ ዘሎኒ ምሃብ ምኽኣል እዩ።

እዚ ብምባለይ ነቲ ዘሎና ብሓንሳእ ሂብና ንወድኣዮ ማለተይ አይኮንኩን። ንሱ አይኮነን እቲ ነጥቢ። እቲ ነጥቢ ንሕና ከም ደቂ እግዚኣብሄር ነገራት ንርእስና ክንድልቦም አይግብኣናን እዩ። ሓደ ነገር ንኣይ እንተትረፍኩ አምላኽ ንልበይ ሰለ ዝተዛረቦ ክኸውን አለዎ። እንተ ሃብኩውን ከምኡ ሰለ ዝተዛረበኒ ክኸውን አለዎ። ንርእሰይ አብቲ ፍቕድ አምላኽ ሰለ ዘንብራ ክህብ እንተ ሓቲተኒ ከይፈራህኩ እየ ዝህብ። ንሓደ ነገር ዝዓኾሮ ሰለ ዘፍቕሮ አይኮንን፣ ፈንም ክብለኒ ክለሙ ኽእ ብዘይ ንሂ እለቶ። ንአምላኽ ሓራን እተፈለኻን ምኺን ማለት ከምዚ እዩ።

- ምዕራፍ ሸሞንተ -

ሓድሕዳዊ ሕዳሰ

አብ ወንጌል ዮሃንስ፡ ዮሃንስ ንሱ ጥራይ ዝመዝገቦ ሓደ ፍጻመ አለ። ዓቢ መለኮታዊ ትርጉም ዘለዎን አብ ዓለም ድማ ከመይ ኢልና ክንነብር ከም ዘለና ዘብርህን እዩ። ብዛዕባቲ አብ ምዕራፍ 13፡14-17 ዘሎ የሱስ ተዓጢቹ ከመይ ኣእጋር ደቀ መዛሙርቱ ከም ዝሓጸበ እየ ክዛረብ ደልየ። ካብዚ ብዙሕ ትምህርቲ ንረክብ ኢና። ኣነ ግን ናብ ሓንቲ ከተኩር እደሊ። ንሳ ኽሳ ሓጺቡ ምስ ወድኤ ዝሃቦም ትእዛዝ «ኣነ መምህርን ጐይታን ክነሰይ ኣእጋርኩም ካብ ሓጸብኩስ ከምቲ ኣነ ኣባኻትኩም ዝገበርክዎ ንስኻትኩምውን ክምኡ ክትገብሩ መርኣዩ ሂበኩም ኣሎኹ እሞ፡ ክምኡ ኣእጋር ሓድሕድኩም ክትሓጽቡ ይግብኣኩም እዩ» ትብል እያ። እዚ ሓድሕዳዊ ናይ ኣእጋር ምሕጻብ እንታይ እዩ? ኣነ ናይ ሓወይ፡ ሓወይ ክኣ ናተይ ኣእጋር ክሓጽብሲ እንታይ ማለት ኮን እዩ?

አብዚ እቲ ቀንዲ ትርጉም ምሕጻብ እግሪ ምሕዳስ እዩ ዘመልክት። ክም ደቂ እግዚኣብሄር ኣሕዋት ንሓድሕድና ብምግልጋል ክንተሓዳደስ አብ ቅድሚ ጐይታ ክቡር ዝኾነ ኣገልግሎት እዩ።

ብኣግኡ፡ እዚ ምዕራፍዚ ብዛዕባ ሓጥያት ይዛረብ ክም ዘየሎ ክገልጽ እፈቱ። ኮላትና ክም እንፈልጦ፡ ጥራይ እግርና ንኹን ወይ ሳንደል ወይ ውን ጫማ ዝገበርና ዶሮና ኮሉ ጊዜ ክትንክየና እዩ። ክነምልጠሉ ዝክኣል ነገር ኣይኮነን። ርግጽ እዩ ኣእጋርና ክረስኣ ግድን አብ መሬት ወዲቕና ክንንክባለል ኣየድልየናን እዩ። ተጠንቂቕና እናኸድና ውን ዶሮና አብ ኣእጋርና ምእካቡ ኣይተርፍን እዩ።

አብ መንፈሳዊ ጉዕዞና ምውዳቕን አብኡ ኽኣ ምንግርጋርን ኣቦኡ ዘፍለጠ ሓጥያት እዩ። ምእንቲ ምሕረት ክንረክብ ክኣ ክንንሳሕ ክድልየና እዩ። እዚ ግን ክም ዕንቅፋት እምበር ኔርካ ኔርካ ምውዳቕ ደሓን እዩ ዝብል አተሓሳስባ ግቡይ ምኻኑ ኮላትና ንፈልጥ ኢና።

ናይዚ ንብሎ ዘሎና ቀንዲ ሓሳብ እምብኣር፡ አብ ዓለም ክንመላለስ ከሎና ጥንቃቐ እኳ እናገበርና ክኸስና አብ እግርና ደሮና ክለግበና ግድን እዩ። ርግጽ እዩ መሬት እንተ ዘይረገጽና፡ ንኣብነት እንተ ድኣ ተሸኪሞምና ርስሓት ኣይለግበናን እዩ። ግን መሬት እንተ ረጊጽና ካብቲ ደሮናኡ ክለግበና ግድን እዩ። ሓደ እዋን ጐይታ የሱስ ነቲ ናብ ቤተ ዝዓደሞ ሰብኣይ «ንእግረይ እኳ ማይ ኣይሃብካንን» (ሉቃ 7፡44) ክብሎ

ከሎ ንርኢ። እምብኣር እዚ እግሪ ሓድሕድ ምሕጻብ ከምቲ ኣቐዲምና ዝበልናዮ ንሓጥያት ዝምልከት ኣይኮነን። ምስቲ አብ ዓለም ዝህልወና መዓልታዊ ጉዕዞና ዝተተሓሓዘ እዩ። ኮላትና ብገለ ንረስኣ ኢና። ግን የሱስ «ንስኻትኩም ኽኣ ንጹሃት ኢኹም» ወሲኹ ኽኣ «እቲ እትሓጽብ ... ምሕጻብ ኣየድልዮን» ብምባሉ እቲ ደም ስርሑ ክም ዝዘረረ ንርኢ። ግን አብቲ ግዝኣት ሰይጣን ዝኸነ ስርዓት ዓለም ተመላሊስና ገለ ክይለገበና ክንወጽእ ኣይንኽእልን ኢና። ክም ደሮና ዝበለ ድኹም ነገር አብ መንኮናን መንኮ ጐይታናን ኣትዩ ይሽፍነና እዩ። እዚ ኽኣ ነቲ አብ ዓለም ዘሎ ነገራትን ኣሰራርሓታትን ብምትንካፍና ዝመጽእ እዩ። እቲ ንግዲ እቲ ተድላታት እቲ ዘይቅሩዕ ሚዛን እቲ ዘይአምላኻዊ አመለኻኽታ እዚ ኾሉ የርስሓና እዩ። ነዚ እዩ ኽኣ ጐይታ «ብጀካ ኣእጋሩ ምሕጻብ» ዝበሎ።

እስኪ ነዚ ክመይ ጊርና ክም እንትግብሮ ሓቢርና ንርኢ። ገሌኹም ኣሓትን ኣሕዋትን አብ መዓልቲ ካብ 7 ክሳዕ 8 ሰዓታት አብ ኣብያተ ጽሕፈትን ሸቑጥን ትሰርሑ ኢኹም። ክምኡ ምግባርኩም ጌጋ ኣይኮነን። ምስራሕ ሓጥያት ኣይኮነን። ግን መዓልታዊ ስራሕኩም ወዲእኩም ንገዛኹም ምስ ተመለስኩም ብስጋ ኮነ ብነፍሲ ስለ ትደኽሙ ካብቲ መንፈሳዊ ነገራት ትመዛበሉ ኢኹም። ምስ ገለ ሓው እንተ ተራኸብኩም ክኣ ብቐሊሉ ብዛዕባ ኣምላኽን መንፈሳዊ ነገራትን ክትዛረቡ ኣይኮነልኩምን እዩ። ልክዕ ክምዚ ሓደ ረቂቕ ረሳሕ ጉልባብ ዝተገብረልኩም ኮይኑ ይስምዓኩም። ደጊመ ክብል፡ እዚ ግድን ብሓጥያት ዝመጸ ኣይኮነን እንታይ ድኣ እቲ አብ ዓለም ምውዓል እዩ ክምኡ ገይሩ ኣርኪሑኩም። እዚ ኣጸቢቹ ዝፍለጠ ነገር እዩ፡ ምኽንያቱ ምስ ጐይታ ብቕጽበት ክይትራኸብ ዝገብረካ እዩ። እቲ ንግሆ ጸሎትካ ጊርካ ክትወጽእ ክለ'ካ ዝሃበረካ ሕዳስ ሕጂ የለን። እዚ ንኽላትና ዝገጥመና ስለ ዝኾነ ንፈልጦ ኢና።

ንኣብነት፡ እስኪ ነዘን ኣዴታትና ወይ ኣሓትና አብ ዕዮ ገዛ ዝገጥመን ንርኢ። ሓንቲ ኣደ ምሳሕ ንኽትሰርሕ ጸሕላ አብ ሓዊ ሰኽቲታ ክላ ክይሓሰበቶ ብሓንሳእ ሀጻን ካብ ድቃሱ ተንሲኡ ይበኪ፡ ገዛ ይኹሕኽሕ፡ ጸባ ኽኣ ገንፈሉ ይፈስስ ንበል። ሽዑ ኣብዚ ጸኒሓ ናብቲ፡ የማን ጸኒሓ ጸጋም ትጸሩዕ፡ ንገሊኡ ተርክቦ ንገሊኡ ግን ኣይተርክቦን። ኮሉ ዝረበጸ ምስ ሃድኤ ኮኖ ትብል እሞ ብዛዕባ አምላኽ ንኽትሓስብ ንላዕሊ ሓፍ አቢሉ ዝድግፍ ሓይሊ ዘድልያ ኮይኑ ይስምዓ። ሓጥያት ዘይኮነ ግናኽ መንፈሳዊ ደሮና አብ መንገ ክም ዘሎ ይፍለጣ። እዚ ክልቲኡ ናይ ሓድሕድ እግሪ ምሕጻብ ኣድላዪ ምኽኑ የንጽረልና።

ብዙሕ ጊዜ እቲ ዕለታዊ ስራሕና የድክመናን ምስልካይ የስዕበልናን እዩ። ክንጽሊ ምስ ተንበርከኽና'ውን ሽው ንሽው ዘይኮነስ ምስ ኣምላኽ ክንተሓሓዝ ጊዜ ይወስደልና እዩ። ሓንሳእ 10 ወይ 20 ደቒቕ ንጽበ። ቃሉ ገንጺልና ከንነብብ እንተጀመርና'ውን ነቲ ዝዛረበና ከነድህበሉ ምእንቲ ንሓሳብና ክንጥርንፎ ምግዳል የድልየና እዩ። ግን እስከ ሓደ ምስ ጐይታ ክራኽብ ዝጸንሐ ሓው ጐፍ ኢሉና ብኢዱ ሰላም እናበለ «ሓወይ ክብሪ ንኣምላኽ ይኹን» ምስ በለና ምናልባሽ ንሱ ከይተፈለጠ፣ ከምዚ ብጨርቂ ጊርና ንደሮና ካብ ልዕሊ ሓደ ኣቕሓ እንነግር፣ ከምኡ ነቲ ዝነበረና ድኻምን ክብደትን ካባና ጸሪጉ ይሕድሰና እዩ። ምስ ኣምላኽ ዘለ'ና ሕብረት ከኣ ብቕጽበት ክሕደስ ይፍለጠና።

ሓደ ሓደ ጊዜ ኣብ ስራሕ ውዒልና ድኽም ኢሉና ናብ ናይ ጸሎት ኣኼባ ንኽይድ ኢና። ገለ ኣሕዋት በብተራ ተንሲኦም ጸልዮም ክነሶም ምንም ለውጢ ኣይስምዓናን። ግን ሓደ ካልእ ምስ ጸለየ ግን ካባና ገለ ነገር ክግፈፍን መንፈስና ክፍወስን ይፍለጠና። ንሕደስ ከኣ። እግርኻ ተሓጺብካ ማለት ከምዚ ማለት እዩ። ናብቲ ቅድም ማለት ካብ ህላውነት ኣምላኽ ክትወጽእ ከለ'ኻ ዘነበረካ ምሕዳስ ትምለስ ማለት እዩ።

ኣብ ግሊ ህይወተይ ዝፈልጦ ሓጥያት እኳ ዘይኮነ ክነሱ መንፈሰይ ብደሮና ዓለም ተኽዲኑ ታሒቲ ዝወርደሉ ግን ከኣ ብዛዕባ ሃለዋተይ ሓንቲ ነገር ዘይፈልጡ ኣሕዋት መጺኦም ሓንቲ ቃል ብምዝራብ ዘሐድሱኒ እዋናት ኣዝዩ ብዙሕ ጊዜ እዩ። እቲ ጸልማት ተገፊፉ ክልዓል ከኣ ይፍለጠካ። ብሓንሳእ ከኣ መስመርካ ምስ ኣምላኽ ተራኺቡ ቅም ናይ ቀደምካ ትኽውን፣ ክብሪ ንኣምላኽ ይኹን። እምበኣር ኣእጋር ኣሕዋትና ምሕጻብ ብክርስቶስ ክሕደሱ ምግባር ማለት እዩ። ንሓውኻ ናብ ህላውነት ኣምላኽ ክኣቱ ምግባር ማለት እዩ። ጐይታ ኣብ መንጐ ደቁ ክርእዮ ዝደሊ ኣገልግሎት ከኣ ከምዚ ዝበለ እዩ።

ምስ ኣምላኽ ጽቡቕ ንመላለስ እንተሊና፣ ነሕዋትና ምሕዳስ ኼንና ዘይንውዕለሉ መዓልቲ ኣይክህሉን እዩ። እዚ ኽኣ ካብቲ ዓበይቲ ኣገልግሎታት ሓደ እዩ። እዚ ኽኣ ሓንሳእ ብናይ ኢድ ሰላምታ፣ ሓንሳእ ሓደት ዘበራትዕ ቃላት ብምዝራብ፣ ሓንሳእ ኽኣ ብርሃን ሰማይ ዘንጸባርቕ ብሩህ ገጽና ክርኣዮም ብምግባር ክኽውን ይኽእል። ኣብ መንጐናን ኣምላኽናን ዝፈላሊ ደበና እንተ ዘየሎ ከይተፈለጠና ጐይታ ደጋጊሙ ክጥቀመልና እዩ። ከም ዝተጠቕመልና ካብ ምፍላጡ ኽኣ ዘይምፍላጡ ኣጸቢቕ ዝሓሸ ስለ ዝኽውን ክንፈልጦ ኢልና እንተ ዘይሃቀንና ጽቡቕ እዩ። ግን እቲ ኣብ ጸልማት ዘሎን ለጠቕ ዝበለን፣ ኣብ ልዑ ጾር ኣብ ኣዒንቱ ኽኣ ጉልባብ ዘለዎ ሰብ ክደልየና ክመጽእ እዩ። ምሳና ካብ

ሓደት ደቓይቕ ሓሊፉ ብዙሕ ጊዜ ኣይወስድን ይኽውን። ግን ጸጋ ካብ ኣምላኽ ተቐቢልካ ነዚ ሰብ ክትሕግዞ ድሉው ኩን። ብዙሕ ጊዜ ነዊሕ ስብዝት ኣቕሪብና ንብዙሓት ክንበጽሕ እቲ ዝሓሸ ኩይኑ ይስምዓና እዩ። ግን እቲ ክምኡ ዝበለ ህያብ ንሓደት ጥራይ እዩ ዘለዎም። ንሶም እዞም ሓደት'ውን ንኹሉ ክደበጽሕዎ ይተርፉ እዮም። ግን እዚ ልቢ ናይ ቅዱሳን ምሕዳስ ዕዮ ኩሉ ክንብርን ኣብ ኩሉ ክበጽሕን ዝኽእል ዓይነት ኣገልግሎት እዩ። ኣብ ዓይኒ ኣምላኽ ክኣ ኣዝዩ ክቡርን መዘና ዘይብሉ ዋጋን ዝወሃበ እዩ።

በዚ መገዲ ንኣሕዋትና ምእንቲ ክንገልግል ኣቕዲምና ነቲ ቕድመ ኩነት ክነማልእ የድልየና። ምስ ጐይታ ጽቡቕ ንጐዓዝ እንተሊና ንሱ ክም ዝጥቀመልና ዘተሓታትት ኣይኮነን፣ ምኽንያቱ ብእኡ ወገን ዝኽሎ ዓይነት ጸገም የለን። ንሕና ዘርስሓና ዘይብልና ልብና ብሰላሙን ብሓጐሱን መሊኡ ዓፈርፈር ዝብል እንተ ኽኾይኑ ወጺኡ ክፈስስ ናይ ግድን እዩ። እምበኣር እቲ ሕቶ፣ ንዓናን ንኣምላኽናን ዘከራኽረና እንታይ ነገር ኮን ይህሉ ዝብል እዩ። ፍሉይ ንሕና ኽኣ ንፈልጦ እንተ ዘየልዩ ንዘየሎ ሃሰው ምባል ኣየድልን እዩ። ምኽንያቱ እንተልዩ ኩይኑ ክረኽቦ እዩ። ጐይታ'ውን ሰቕ ኣይብሉናን እዩ። ነቲ ዕሸሸ ዝበልናዮ ከፍልጠና እንተ ደልዩ ግና በጻብዑ ኣብዚኣ ወይ ኣብቲኣ ኢሉ ክመልክተልና እዩ። ካብኡ ወጺእና መገዲ ምስ ንስሕት ኣብ ልብና ብርሃን ኣብረሁ ጊጋና ክርእየና ስርሑ እዩ። ስለዚ ብዙሕ ምድካምን ምፍሕታርን ኣይከድልየናን እዩ።

ሓደ ኣረጋጊጽና ክንብሉ ንኽእል ነገር ግን ኣሎ። ንሱ ኽኣ ምስ ኣምላኽ እትከራኽረሉ ነጥቢ እንተሎካ ኾኻልኦት ከተርስሑም እምበር እግሮም ክትሓጽብ ኣይትኽእልን ኢኻ። ደኒኖም እንተለዉ መሊስካ ክትደቕሶም ኢኻ፣ ከቢድዎም እንተሎ መሊስካ ክተኽብደሉም ኢኻ፣ ኣብ ክንዲ ምሕዳስ ናብ ዝዓመቜ ህጉም ክትደፍኦም ኢኻ። ምስ ኣምላኽ ምግርጫው ነቲ ኣብ ማሕበሩ ዝንዩ ዘሎ ሓይሉ ክም ምዝቕቕ ማለት እዩ። ብቕጻልነት ነሕዋትካ ክሕደሱ ምሕጋዝ ግን ሰማያዊ ምንጻህን ምትንሳእን ዘለዎ ዓብዪ ኣገልግሎት እዩ።

ጐይታ የሱስ ንደቀ መዛሙርቱ «ክምኡ ኣእጋር ሓድሕድኩም ክትተሓጻጸቡ ይግብኣኩም እዩ» ኢሉ ብግብሪ ኣርእዩ ትእዛዝ ሂብዎም። ምእንቲ ኣገዳስነቱ ንሓዋሩ ክሰኽሶሎም ክኣ ንሱ ባዕሉ ተዓጢቑ ኣርኣያ ኩይኑ ተዋሰኤ። ብእኡ ኽኣ «ነቶም ዘናቕሮም ኣብዛ ዓለም እዚኣ ዘለዉ ናቱ» (ቁ 1) ፍቕሩ ገሊጹሎም። ምግልጋል ማለት እንታይ ክም ዝኽኖ ባዕሉ ክርእዮም ሓረየ። ምግልጋል ናይ መድረኽ ስራሕ ዘይኮነ

ሸሓንን ሽጕማናን ሒዝካ ንሓድሕድካ ምሕጻብ ምኻኑ አርእደዎም። ንዝጠፍኡ ኣሕዋት ምምላስን፣ ብድኻም ኣብ ሓጥያት ንዝወደቹ ምትንላእን፣ ኩሉ ሳዕ ዘድሊ ኣገልግሎት እዩ። ግን ሎሚ ኣብ ቅዱሳን ልዕሊ ዅሉ ዝድለ ዘለ። ኣገልግሎት ናይ ሓድሕድ ሕዳስ እዩ። ናብቲ ካብ ኣምላኽ ዝኸሪ ኣምጺእና ክሕደሉ ክንገብሮም እዚ ሓይሊ እዩ። ጐይታ የሱስ ባዕሉ'ውን ነዚ ንኽገብር እዩ ካብ ላዕሊ ዝመጸ (ቁ 3)። ነዚ ክመይ ክም ትርድእዎ ኣይፈልጥን ግን ኣብ ቅድሚ ዓለም ካብ ኣምላኽ ዝተሓደስካ ኢንካ ክትርከብ ካብዚ ዝዓቢ ሓይሊ የለን። እዚ ገባዝየ ምግሃድ ናይቲ ኣምላኻዊ ህይወት ዶኽ ኣይኮነን? ኣብዛ ካብቲ ዓሚቕ ዒላ ብዝወጽእ ትኪ ተዓብሊኻ ዘላ ዓለም፣ ብናይ ሰማይ ጽሩይ ኣየር ተሓዲሶም ዝወጹ ኣሕዋት ክትረክብ ክንደይ ዘሕጉስ እዩ። እዚ ሕዳስዚ እዩ ንዓይን ንዓኻትኩምን ኣምላኻዊ ትንፋስ ህይወት ዘምጽኣልና።

መንእሰይ ክለኹ፣ ምስ ሓንቲ ሕልፍ ዝበለት ቅድስቲ ሓብቲ ዝነበረኒ ሊላ ክም ዓዚ ዕሜ ገይረ እየ ዝቕጽሮ። ምስኣ ናይ ብዙሕ ዓመታት ፍልጠት ነይሩና። ብዙሕ መንፈሳዊ ባህርያት ክኣ ነይርዋ ግን እቲ ናብኣ ምስ ቀረብካ ዝፍለጠካ ህላውነት ኣምላኽ በይኑ እዩ ነይሩ። ስለምንታይ ክምኡ ክም ዝኸውን ኣይፈልጥን፣ ግን ምስኣ ብዙሕ ክፍ ክይበልካ ኣብ ገዝኣ ብምእታውን ምስኣ ናይ ኢድ ሰላምታ ብምልዉዋጥን ጥራይ ህላውነት ኣምላኽ ኣባኻ ክወርድ ይስምዓካ። ክምኡ ዝስምዖ ኣነ ጥራይ ኣይነበርኩን ኩሉ ናብኣ ዝቐረበ ዝምስክሮ እዩ። ኣብቲ እዋን እቲ ብዙሕ ምቕራጽ ተሰፋ የጋጥመኒ ክም ዝነበረ ክእመን እደሊ። ክምኡ ኮይነ ናብቲ ንላ ዘላቶ ክፍሊ ይኣቱሞ ብቕጽበት ይውቀስ፣ ግን ክኣ ብቕጽበት ቀልጢፉ ይሕደስ ክም ዝነበርኩ ይዝክር። እዚ ንሒደት ሕሩያት ጥራይ ዝወሃብ ጸጋ ኣይኮነን። ጐይታስ ነፍሲ ወከፍና ነቶም ብደሮና ዓለም ንዝተደፍደፉ ኣሕዋትና ክሳሕድሶም እንኽእለሉ ሓይሊ ክህልወና እዩ ዝደሊ። ሓንሳብ ሓንሳብ ካብ ርኡይን ዝፍለጠናን ሓጥያት ንላዕሊ እዚ ዓለም ኣብ ልዕሊና ትዝርግሖ ሽፋን ነቲ ምስክርነትና ዝያዳ ዝጐድእ ኩይኑ ክም ዝርከብ ደፊረ ክብል እደሊ። ነሄርና ኮላትና ኣብ ሓጥያት ክንወድቕ ንኽእል ኢና፣ ግን ቀልጢፍና ክንንሳሕ ክም ዘሎና ይርድኣና እዩ። ግን ብዙሕ ጊዜ ብናይ ዓለም ጸለሎ ንሰዓታት ተኽዲንና ከለና ሓጥያት ብዘይ ምኽኑ ከይተገደስናሉ ሰኞ ንብል። ሽዑ እዩ ኽኣ እቲ ምስክርነትና ኣብ ዓለም ዝሃስስ። ኣብቲ እዋንቲ ግና ኣብ ጥቕና ሓደ ዝሕድሰና ሓው ወይ ሓብቲ ክንረክብ ክንደይ ዓቢ ነገር እዩ።

ምሕጻስ ክርከብ ኣቐዲምና ክልተ ረቒሒታት ምህላዉ ክሰተብህል ኣለና። ቀዳማይ፣ ክምቲ ዝረአናዮ ኣብ መንጐይን ኣብ መንጕ ኣምላኽን ክህሉ ዘይኽእል ዘየሰግምዕ ጉዳይ ክህሉ ኣይግባእን። እንተልዩ ነዚ ኣገልግሎት እዚ ዘይብቑዕ እየ። ነታ ማሕበር ክኣ ኣብ ክንዲ ዝረብሓ ወጽዓን ጸርን እየ ዝኸውና። ክበርክቶ ዝኽእል ሓንቲ ነገር የለን፣ ሽግር ጥራይ እየ ዝውስኽ። ኣብ ኩሉ ዝፍለጠኒ መዳይ፣ ጽሩይን ቅሉዕን እንተ ኽመይን ግን ነሕዋተይ ኣንጻር ዓለም ክቕመሉ ኣብ ዝኽእሉ ስፍራ ክስሕበምን ክደያበምን ይኽእል እየ። ካልኣይ፣ እቲ ምሕጻስ ሓድሕዳዊ እዩ። የሱስ «ኣእጋር ሓድሕድኩም ሕጸቡ» እዩ ኢሉ። እቲ ዘሕድስ ንሱ ኽኣ ብኽልእ ክሕደስ ክትሰፎ ኣለዎ። ብዙሕ ጊዜ ጐይታ ንኻልኦት ክትሕድስ ክጥቀመልካ ይኽእል እዩ፣ ግን ማዕራኹ ኽኣ ካልእ ሰብ ተጠቒሙ ክሓድሰካ ይኽእል እዩ። በይናም ኩሉ ሳዕ ንሳቶም ጥራይ 'ሓደስቲ' ዝብሃሉ ፍሉያት ሰባት የለዉን። ምኽንያቱ ኣብ ዓለም ምምልላስ ግድን ዘይኮኖም ሰባት ስለ ዘየለዉ።

ክም ጴጥሮስ «ንዘልኣለም ኣእጋሪይ ኣይትሓጽበንን» እዚ ማለት ኣነ ክንዮ እቲ ብዓለም ዘይረስሓሉ ነጥቢ እየ በጺሐ፣ ዘሕድስኒ ዘይብለይ ከገልግል እኽእል እየ ክንብል ኣይንኽእልን። ምሕጻስ ዘየድልዮም ብሉጻት ኣሕዋት ክህልዉ ኣይክእሉን። እዚ ንነፍሲ ወከፍ ባርያ ኣምላኽ ዘድልዮ እዩ። ኣብ ሰራሕ ናይ ዓለም፣ ቤት ሸቕጥ ይኹን ዕዮ ገዛ ምሉእ መዓልቲ ክዓዩ ዝውዕሉ ጥራይ ዘይኮነ እቶም መንፈሳዊ ዕዮ ኣብ ቤተክርስትያን እንሰርሕ'ውን ምሕጻብ የድልየና እዩ። ኣድላይነት ናይ ምሕጻስ ንኽኣላትና እዩ።

እምብኣር እቲ መምርሒ ሰጋ ክርስቶስ እናሓደስካ ተሓደስ ዝብል እዩ። ኣብ ጐይታ ኣጸቢቕና ኣብ ዝለገብናሉ እዋን ኣሕዋትና ዝያዳ ሸዑ ክድልዩና እዮም። ኣብዚ ኣገልግሎት እዚ ሓደኒ ካባና ኣየድልን እዩ ተባሂሉ ክንዓቕ ኣይግባእን። ጸለሎታይ እምብኣር ኣምላኽ ነቶም ዓለም ብተገንጓእ ዝኽደኑቶም ክሓድሶም ኣነ'ውን መንፈሰይ ክጋረድ ክለሎ ዝሕድሱኒ ኣሕዋት ክሰደለይ ዝብል እዩ። እዚ ናይ ክርስቶስ ኣገልግሎት እዩ።

እዚ ኽኡሉ ዝበልክም ኣብ ሓደ ሓሳብ ክንጥርንፎ እንተ ኻንና ዓለም ስሙር ማንባር ይሃልወና ዝብል እዩ። እዚ ንእሽቶ ነገር ኣይኮነን። ነዚ ኣሚንና እንተ ተጠቒምናሉ ንናይ ሰይጣን ዕርድታት ዘንቀጥቅጥ ሓይሊ ክም ዘለዎ ይኣምን እየ። የሱስ ኢሉ «ነዚ እትፈልጥዎ እንተ ኻንኩም እንተ ዝበርኩምዎስ ብጹኣን ኢኹም»።

– ምዕራፍ ትሽዓተ –

ትእዛዛተይ አብ ልቦም

አብ ዝቕደመ ምዕራፋት፡ ንዓለም ከም ቦታ ወይ ህዝቢ ወይ ኮሉ እቲ ግእዝ ዝርኢን ዝሎበጥን ዘይኮነት ከም ሓደ ዝተወደበት ሓለቓኣ ኽእ እቲ ጸላኢ አምላኽ ዝኾነ ስርዓት ኢና ከነቕርባ ጸኒሕና። ዓለም ናይ ሰይጣን ብሉጽ ውጽኢት ስራሕ (masterpiece) እያ። ንሱ ኽእ ኮሉ ጻዕሩን ተባላሕነቱን ዓለም ክትሰፍሓሉን ክትዕምብበሉን እዩ ዘውዕሎ። ዕላምኡ ኽእ ንሰባት ማሪኹ ናብኡ ክስሕቦምን አብ ልቢ እቶም አብ ዓለም ብምልእታ ዘለዉ ግዝኣቱ ክተክልን እዩ።

ምንም እኳ መንግስቱ ዕምራ ሓጺር ምኻኑ ኣጸቢቑ ዝፈልጥ እንተ ኾነ ዕላምኡ ግን ንሱ እዩ። መወዳእታ ናይ ዓለም እናቕረበ አብ ዝመጸሉ እዋን ከኣ ጻዕርታቱ ካብ ቅድም ንላዕሊ የዛይዶ ስለ ዘለዎ መከራ ህዝቢ አምላኽ ብኡ መጠን ይዓቢ እዩ። ምኽንያቱ ናይ ዓለም ከይኮኑ አብኣ ግን ኢጋይሽን መጻእተኛታትን ኮይኖም ክመላለሱ ዘይምሽእ ስለ ዝኾነ። ካብቲ ዘጋጥሞም መንፈሳዊ ውጥረት ወጺኦም ንሓዋሩ ክርሕቱ ኽእ ሃረርታኦም እዩ። ካብ ዓለም ፍጹም ተላቒቕካ ምስ ጐይታ ንሓዋሩ ክትነብር ክንደይ ዘሐጉስ ኮን ክኸውን እዩ!

ግና እቲ ፍቓዱ ከምኡ ኣይኮነን። ከምቲ ዝረአናዮ ካብቲ ኽፉእ ክትሕልዎም እምበር ካብ ዓለም ኩተውጽኦም ኣይኮንኩን ዝብል ዘለኹ ኢሉ እዩ የሱስ ናብ ኣቦኡ ዝጸለየ። ጳውሎስ'ውን ከምኡ ዝበለ አተሓሳስባ እዩ ዘለዎ። ኑቶም አብ ቈረንቶስ ዘለዉ ቅዱሳን ምስቲ ሓጢኣት ዝገበረ ሕብረት ከይንብሩ ምስ መዓዶም ኑቲ ዝብሉ ግን ብጊጋ ከይርድእዎ ቀልጢፉ እዩ እንታይ ማለቱ ከም ዝኾነ አብረሀሉዎም። ርእሶም ከግልሉ ኣይነበሮምን። ምስ አብ ዓለም ዘለዉ ሓጥኣን ኮነ ምስ አመንዝራታት ዝነበሮም ርክብ ክዘትኑ ከም ዘይኮነ፡ እንተ ዘየሉ ካብ ዓለም ፈጺሞም ክወጹ ከም ዘለዎም እዩ ሓቢርዎም። «ምስ አመንዝራታት አይትጸንበሩ ኢለ አብታ ደብዳበ ጽሒፈልኩም አሎኹ። ግናኸ ምስ አመንዝራታት እዛ ዓለም እዚኣ ወይስ ምስ ስስዓትን ዘረፋትን ወይስ ምስ መምለኽቲ ጣኦት ኢለ ግዳ ኣይኮንኩን ዝጸሓፍኩ እንተ ዘይኮነ ካብዛ ዓለም እዚኣ ክትወጹ ምተገብኣኩም ነይሩ» 1ቈረ 5፡9-10።

ስለዚ ካብዚ ጳውሎስ ዝበሎ ምስ ዓለም ክሳዕ ዝተወሰነ ደረጃ ክንሓብር ከም ዘድልየና አብረሀዎ እዩ። አምላኽከ ንዓለም ደይኮነን አፍቲርዋ? እቲ ዝዓበየ ሕቶ ግን እዚ እዩ፡ እቲ ዓቕንሲ ክሳዕ አበይ እዩ? ምስ ዓለም ዝሀልወና ሕብረት አበይ እዩ ክበጽሕ? ኮሳትና ንናይ ዓለም ነገራት ክንትንክፍ ግድን ይኹነና እዩ። ግን ደረት አለም። ነቲ ደረት እንተ ዘይሰጊርናዮ ደሓን ኢና፡ እንተ ሓሊፍናዮ ግን ምስ ሰይጣን ናይ ምርኻብ ሓደጋ አለ።

ነዚ ሸግር እዚ፡ ዘሎን ክጠንን ስለ ዝኾነ እኳንንዮ ዘሎና አይመስለንን። አይግዘር ብጽኑዕ እንተ ትሓሙ ቃንዛ'ውን እንተ ዝብርትዓኩም፡ ሓኪም ከአ ፈውሲ ቃንዛ ሂሮውን ወይ ሞርፊን (እዚ ካብ ሓደ አፕየም ጋ'ኒ ዝበሃል አብ ምብራቕ ዝበቀ፦ል ቆጽሊ ሓሺሽ ብምድንዛዝ ቃንዛኻ ዘጉድል አብቲ እዋንቲ ሓካይም ዝእዝዘዎ ዝነበሩ መድሃኒት እዩ) እንተገእገዘልኩም እሞ ደጋጊምኩም እንተ ትወስድዎ ናቱ ውሱፍ ወይ ግዙኣ ናይ ምኻን ሓደጋ ከንንፈኩም እዩ። ግን ካልእ ኣማራጺ ስለ ዘይብልኩም ቲቲ ሓይሉ ከይትተሓዙ እናፈራህኩምን እናጸለኹምን ክትወስድዎ ትግደዱ ኢኹም።

ልክዕ ከምኡ ኽእ ንዓለም ቲቲ አብኣ ዘሎ ነገራት ምስ እንትንክፋ፡ ደጋጊምና ክንትንክፋ ኽእ ግድነት ይኹነና እዩ፡ ከምቲ ሞርፊን ዝወስድ ሰብ ከይንፍንጠር የተሓሳስበና እዩ። ምኽንያቱ ብድሕሪ ኩሉ አብ ዓለም ዘሎ ኢጋንንቲ አለዉ። ግን ልክዕ ከምቲ ሓሺሽ ከም መድሃኒት ምስ ወሰድክዎ መዓስ አብ ትሕቲ ቁጽጽሩ አእትዩ ባርይኡ ከም ዝገብረኒ ዘይፈልጥ እቲ ዝትንክፎ ናይ ዓለም ነገራት'ውን ከምኡ እዩ። መዓስ ከም ዝገብኣኒ አይፈልጠን እየ። ሓደ ነገር ጥራይ እየ ዝፈልጥ ንሱ ኽእ ብድሕሪ ናይ ዓለም ነገራት ሓደ ሰይጣናዊ ሓይሊ ከም ዘሎ። ስለዚ እቲ ዝቕልዖ ሓደጋ ክሳዕ ክንደይ ክዉን ምኻኑ ምእንቲ ክፈልጥ እቲ አማኒ ክንደይ ናይ መንፈስ ቅዱስ ምግላጽ ዘየድልዮ።

ምናልባኽ ሕጅስ አብዚሕዮዶ ትብሉኒ ትህልዉ? ግን እንተድኣ ምግላጽ ረኺብኩም ኪንኩም ብድሕሪ ዓለም ልክዕ ከም ሓሺሽ ንኽማር'ኽን ንኽስድዕን ዝሓለነ ሓይሊ አለ። እቶም ብርግጽ ኣጊንቶም ተኽፈትሉም ነቲ ትኽክል ባዘርይ ናይ ዓለም ዝፈልጡ ግና ነቲ አብ ዓለም ክትንክፍዎ ዘለዎም ብፍርሃትን ምንቅጥቃጥን ናብኡ ብምጥማትን እዮም ዝገብርዎ። ንሳቶም ቲቲ ናይ ሰይጣን መርበብ አብ ዝኾነ እዋን ክትሓዙ ከም ዝኾእሉ ዝፈልጡ እዮም። ከምቲ ሞርፊን ንመጀመርያ ቃንዛ ከቕልል ተባሂሉ ከም መድሃኒት ዝውሰድ ዶክሮ ግን ባዕሉ ጠንቂ ዝኾውን ከምኡ ኽእ ነገራት ናይ ዓለም ብዝተገብኡን ብናይቕድ ጐይታን ተጠቒምናሉ ክነስና እንተ ዘየስተብሂልናሉ ንውድቀትና ምኽንያት ክኸውን ይኽእል እዩ። በዚ ዕሽሽ ዝብሉ ዓያኹ ጥራይ እዮም።

ከም ዮሃንስ *መጥምቕ* ናብ እሉይ ስፍራ ግልል ኢልና ነቲ ነገር ብቕሊሉ ክንሃድመሉ ምምናይና ዘገርም ኣይኮነን። ግን ንሕና ከምኡ ኣይኮንናን። ጕይታና ኣሰር ኣሰሩ 'እናበላዕናን እናሰተናን' ናብ ዓለም ክንከይድ እዩ ልኢኹና። ኣምላኽ ንዓለም ስለ ዘፍቀራ፣ ነቲ ብስራቱ ምእንቲ ክንነግራ ናብ ኩላ ዓለም ኪዱ ኢሉ ኣዘዙና ኣሎ፣ እዚ ኽእ ብቕዳምነት ኑቶም *መዋዕል*ትና ዝጥረንፍ እዩ።

እምበኣር ኣብዚ ሓደ ጸገም ኣሎ፣ ንሱ ኽእ ክሳዕ ኣበይ ዝብል እዩ? ኣምላኽ ሓደ *መ*ፍለዪ ሕንጻጽ፣ ክነጅኡ ደሓን ክንየኡ ግን ሓደጋ ዘኽትል፣ ክደገረ ኣይተርፍን እዩ። ግን ኣበይ እዩ ዘለ*ው* እዚ ሕንጻጽ? ክንበልዕን ክንሰትን ክንምርዖን ቁልዓ ክዕብን ክንሰርሕን ክንዕድግን ኣለ*ና*። ግን ነዚ ኽኡ ክይተመራሳሕና ክመይ ጊርና ክንገብሮ ንኽእል? ምስቶም ስለ ዘፍቀርም ሓደ ወዱ ዝሃቦም ኣብ ዓለም ዘለዉ ሰብኡትን ኣንስትን ሰባትን ውዒልካ ግን ክኣ ርእስኻ ብንጽህና እናሓለኻ ክመይ ኢልካ ኣብ *መ*ንጐኦም ክትመላለስ ትኽእል?

ጕይታ ኣብ ሓደ ወርሒ ክንገብኦን ክንሸጠን ዘሎ*ና* ክሳዕ እዚ እዩ ኢሉ ሓጊጉልና እንተ ዝኸውን ክነደይ ምቕላለ። ንኽኡ ክትገብሮ ርዱኣ ምኽኑ። ካብኡ ንላዕሊ ዝኸዱ ኣመንቲ፣ ዓለማውያን ኑቶም ካብኡ ዘይሓልፉ ኽእ *መ*ንፈሳውያን ምበልናዮም።

ጕይታ ግን ክሳዕ ክንደዚ ዝዋግኡ ኢሉ ሓደ ኣሃገ ስለ ዘይሃበና ብቕጻልነት ኣብኡ ካብ ምጥማትን ምውዳቕን ሓሊፍና ንገብሮ ኾብልና*ን*። እዚ ኽእ ብሕጋጋት ክንእሰር ዘይኮነ በቲ ህይወቱ ክንሕሳእን ኣብኡ ክንነብርን እምበር። ጕይታ ሕጋጋትን ትእዛዛትን ብዝርዝር ሂቡና ነይሩ እንተ ዝነብር ንዕኡን ክንሕሉ ዓቢ ጥንቃቐ *መ*ድለየና ነይሩ። ግን ነቲ *ዕ*ማምና ካብዚ ዝቕለለን ትኽ ዝበለን እዩ ንይርዎ። እዚ ኽእ ኣብኡ ኣብ ጕይታ ክንጸንዕ ጥራይ እዩ። ሽዑ ኽእ ነቲ ሕጊ ክንሕልዎ ንኽእል ኢና። ሕጂ ምስኡ ሕብረት ጥራይ ክህልወና እዩ ዝድለ። እቲ ዘሐጉስ ክእ ምስኡ ጠቢችና ንመላለስ እንተለ*ና* እቲ ኣብ ውሽጢ ልብና ዘሎ *መ*ንፈስ ቅዱስ ነቲ ደረት በጺሕካ እናበለ ኩሉ ሳዕ ክነግረና እዩ።

ቅድም ኢልና ብዛዕባ ድሕሪ ሓጺር እዋን እትግሃድ *መ*ንግስቲ ጸረ ክርስቶስ ተዛረብና*ና* ኣርና። ዮሃንስ ኣብ *መ*ልእኽቱ፣ ነቶም ደቀይ ዝብለ*ም* ብዛዕባ ዓለም ኣብ ዓለም ዘሎ ነገራት (1ዮሃ 2፡15) ምስ ጸሓፈሉ*ም* ከምዚ ኢሉ የጠንቅቖ*ም*። «... ከምቲ እቲ ጸረ ክርስቶስ ከም ዝመጽእ ዝሰማዕኩምዎ ካብ ሕጂ*ውን* ብዙሓት ኣጽራረ ክርስቶስ ተንሲኦም ኣለዉ ...» 1ዮሃ 2፡18። እዝን ምስቲ ኣብ 1ዮሃ 4፡3 «... እዚ ኽእ እቲ

ከም ዝመጽእ ሰሚዕኩምዎ ዘለ*ኹ*ም ናይ ጸረ ክርስቶስ *መ*ንፈስ እዩ፣ ሕጂ 'ውን ድሮ ኣብ ዓለም ኣለ*ው*» ዝብሉ ወሲ*ገ*ኦ እቶም ቅዱሳን እንታይ እዮም ክንብሩ? ከመይ ገይሮም እዮም ነቲ ሓቂ ካብቲ ሓሶት ክፈልይዎ? ነቲ ደሓን ካብቲ ጠባርን *መ*ስሓትን ክመ*ም*ይዎ?

እቲ ዮሃንስ ዝሃቦም *መ*ልሲ ኣዝዩ ቀሊል ብም*ኻ*ኑ ለ*ሚ* ንሕና ክንእምኖ ዘሸግር እዩ። «ንስ*ኻ*ትኩም ድማ ቅብኣት ካብቲ ቅዱስ ኣለ*ኩ*ም፣ ንኹሉ'ውን ትፈልጥዎ ኢ*ኹ*ም»፣ «ንስ*ኻ*ትኩ*ም*ስ ከም*ቲ* ቅብኣቱ ብዛዕባ ገሾሉ ዝም*ህ*ረኩም ዘለ*ው*፣ ሓቂውን እዩ፣ ሐሶት ኣይኮነን፣ እሞ ከም*ቲ* ንሱ ዝመሃረኩም ኼንኩም ኣብኡ ክትነብሩ ኢ*ኹ*ም። እምብኣርከ እቲ ካብኡ እተቐበልኩ*ም*ዎ ቅብኣት ኣባ*ኻ*ትኩ*ም* ይነብር ኣሎ እሞ፣ ሓደ እኳ ክም*ህ*ረኩ*ም* ኣየድልየኩ*ም*ን እዩ» 1ዮሃ 2፡20, 27። እዚ ኽእ ንኻልእ ዘይኮነ፣ ነቲ የሱስ ንደቂ *መ*ዛሙር*ት*፣ ከም ዝዘዎም ዘተሰፈዎ*ም* ንዓለም ብሓጢኣታ ዝረትዓን ንዕኦ*ም* ክእ ናብ ኩሉ ሓቂ ዝመ*ር*ሓ*ም*ን፣ ነቲ *መ*ንፈስ ሓቂ ዘመልክት እዩ (ዮሃ 16፡8, 13)።

ኣብ ዝኹ*ኑ* እዋን፣ ምእንቲ ደሓን ክኹ*ኑ*ልና፣ ክንሰግሮ*ም* ዘይግብኣና ኣምላኽ ዝፈልጦ*ም* ደረታት ክህልዉ ከም ዘለዎ*ም* ርዱኣ እዩ። እዚኣ*ም* ኣብ ባይታ ዝተሓንጸጹ ኣይኹ*ኑ* ደኣ*ም*በር እቲ *መ*ጸናንዒ ዝኹ*ኑ* *መ*ንፈስ ቅዱስ ከም ዝፈልጦ*ም* ርግጽ እዩ። ሰይጣን'ውን ክፈልጦ*ም* ይኽእል ይኸውን። ግን ነዚ *መ*ንፈስ ቅዱስ እዚ ክንኣ*ም*ኖዶ ኣይግብኣና*ን*? ኣብ ገለ *መ*ዳያት ነቲ ደረት ክንሰግሮ ክንደና*ን* ክለ*ና* ንሱ ኣብ ውሽጥና ኩይኑ ብቕጽበት ም*ስ* ዘክረና ኣብኡ ክንውከል*ዶ* ኣይግብኣና*ን*?

ኣብ 1ቈረ 7፡29-31 ሃዋርያ ጳውሎ*ስ* ብዛዕባዚ ኣርእስቲ ተወሳኺ *መ*ብርሂ ይህበና። «ኣሕዋተይ፣ እዚ ግና እነግር ኣለኹ፣ እቲ ዘመን ሓጺር እዩ፣ እቶም ኣንስቲ ዘለውኦ*ም* ድሕርዚ ከም ዘይብሉ*ም* ይኹኑ። እቶም ዝበኸዩ ከም ዘይብኸዩ፣ እቶም ዝሕጐሱ ክእ ከም ዘይሕጐሱ፣ እቶም ዝዕድገውን ከም ዘየጥረዩ ይኹኑ። ንብረት እዛ ዓለም እዚኣ ሓላፊ እዩ እሞ፣ እቶም በዛ ዓለም እዚኣ ዝጥቀሙ ከም ዘይተጠቕሙ ይኹኑ»። ጳውሎ*ስ* ኣብዚ ብዙሕ ጉዳይት እዩ ተንዚፉ ዘለ*ው*። ግን ንኹሉ *መ*እሰሪ ዝኹ*ነ* ሓሳብ እቲ «እቲ ዘመን ሓጺር እዩ» ዝብል ኩይኑ፣ እቲ ሃዋርያ፣ እቲ ዝነብረ እዋን ጸቕጥን ሃውክን ዝበገሐ ብም*ኻ*ኑ ንኽም*ዚ* ዝበለ ገዚ «እቶም ዘለዎ*ም* ... ከም ዘይብሉ*ም* ኩይኖ*ም* ይመላለሱ» *መ*ምርሒና ይኹን እዩ ዝብል ዘሎ*ው*።

ግን ጳውሎ*ስ* ምስቲ ኣብ ኤፌ 5 ዝበለ*ው* ይገራፎ ድዩ ዘሎ*ው*? ኣብኡ ሰብኡት ንንስቶ*ም* ከም*ቲ* ጕይታ ንማሕበሩ ገይሩ ዘፍቀራ፣ ገለ ከየጉደሉ፣

ከምኡ ገይሮም ነንስቶም ከፍቅሩ ይእገዘም። ሕጂ ግና አብዚ፡ ሰብኡት አንስቲ ከለዋእም ከም ዘይብሉም ኮይኖም ይመላለሱ ምባሉ ክልቲኡ ሓሳባት ከመይ ገይሩ ይተዓረቕ?

ግን ነዚ ክትእምኖ ዘሸግር ሀይወት ክነብሩ ዝኽእሉ እቶም ሰዓብቲ ክርስቶስ ዘበሉ ጥራይ እዮም። እቲ 'ከም ዘይብሉም' ዝብል ሓረግ፡ እቲ ጉዳይ ውሽጣዊ ናይ ልቢ ተኣማንነት ምኻኑ ይሕብረና። አብ ክርስቶስ ክንመጽእ ከሎና ብእኡ ንኣምላኽ ዝኽውን ውሽጣዊ ሓርነት ድማ እምበር ግዳማዊ ናይ ጠባይ ለውጢ ጥራይ አይኮነንን እናርኪ። ስለዚ ሰብኡት፡ አንስቲ ስለ ዘለውኣም ብመሰረት መልእኽቲ ኤፈሶን ተሓጉሶም የፍቅርወን። ግን በቲ ዘለዎም ዝውሰዱ ዘይኮኑስ፡ ከምቲ አብ 1ቈረ 7 ዝብለሙ ኽእ፡ ከለውኣም ከም ዘይብሉም ኮይኖም ይመላለሱ እየም። እቲ ዘለዎም ብዘየገድስ ካብቲ አብ ዓለም ዘሎ ዓትዓቲ መንፈስ ተላቒቆም፡ ብሓሳብ ከም ዘይብሉም ኮይኖም ክነብሩ ይኽእሉ እዮም።

እቲ ባህርያዊ ሰብ ሀይወቱ ወይ ግብ ወይ ክብ እዩ። እዚ ማለት ክእ ወይ በቲ ዘለዎ ጨረሽ ዝዝረፍ ወይ ክእ፡ ብፍላይ ሃይማኖታዊ እንተ ኾይኑ፡ ነቲ ዘለዎ ካብኡ ስለ ዘርሕቐ ገለ ዘይብሉን ብእኡ ዘይግደስን ይኽውን። እቲ ክርስትያናዊ መገዲ ግን ካብዚ ፈጺሙ ዝተፈልየ እዩ፡ እዚ ኽእ ነቲ ነገር ምውጋድ ወይ ብእኡ ፈጺምካ ምውሳድ ዘይኮነስ፡ እቲ ልቢ በቲ ነገር ከይተሓዝ ብምግባር እዩ ነቲ ሽግር ዘፈትሕ። ስለዚ ነታ ሰበይቲ ምፍናዋ አየድልን እዩ፡ እቲ ዝምስጥ ፍቕራውን አብ ቦትኡ እዩ፡ ግን ሰብኣይ ኮነ ሰበይቲ ካብ ማእሰርቲ እዚ መሰጢ ፍቕሪ'ዚ ሓራ ዝወጹ እየም። ስለዚ እቲ ሓጕስ ኮነ እቲ ሓዘን፡ እቲ ምሻጥ ኮነ እቲ ምግዛእ ከም ቀደሙ ክህሉ እዩ፡ ግን እቲ ልቢ ካብዚ ኵሉ ተላቒቑ እዩ። ኵሉ ከለና ግና'ኸ ነቲ ዘሎና ከም ዘይብልና ጌርና ንርእዮ።

ከምቲ ዮሃንስ አብ ቀዳማይ መልእኽቲ 1፡1-2 ዝብሎ ንሕና'ውን ምስክር የሱስ አባና ክጸንዕ እሞ ክንዛረበሉ ንደሊ ኢና። ንዘክር ግን እቲ ምስክርነት አብቲ ንሕና ብዛዕባ እዚ ወይ እቲ እንብሎ ዝስረት ዘይኮነ አብቲ ሰይጣን ብዛዕባና ዝብሎ ዝስረት እዩ። አምላኽ እዩ አብዛ ዓለም ዘቕመጠና። ብዙሕ እዋን'ውን ብጽንኩር ኮነታት ክንሓልፍ ከለና በቶም ረሲኣን ክንቀንእ ንፍተን ኢና። እዚ ኽእ አመንቲ አብዛ ዓለም ኢጋይሽን መጻእተኛታትን ብምኽንና እዩ። ሓደ አብ ውሽጢ ባሕረ ዝጥሕል ሓምባሊ ፍሉይ ልብስን ምስ አየር ዘራኽዐ መተንፈስን ዕጥቕን ከይሓዘ ናብቲ ማይ አይወርድን እዩ። አብቲ ማይ ዝጸንሕ ከአ ክሳዕ እቲ አየር ዘለዎ እዩ። ስርሑ እንተ ወዲኡ ቀልጢፉ እዩ ናብ ላዕሊ ናብቲ ባህርያዊ ቦትኡ ዝወጽእ እምበር ምስቲ ማይ ጉዳይ የብሉን።

እምበኣር እቲ ምስ ዓለም ዘሎና ርክብ ግዳማዊ ለውጢ ጥራይ ክንፈትሖ ዘይክኣል እዩ። ንኣብነት ገለ ኣሕዋት አብ ከምዚ ዘለናዮ እዋን እኳ እናሃለዉ ንመጻኢ ዝኹን ይኹን ምድላዋት ምግባር አየድልን ይብሉ። ነዚ ኽእ ከም ሓደ ምልክት መንፈሳውነት ይቕጽርዎ። ግን እዚ መንፈሳውነት ዘይኮነ ዕሽነት እዩ። እንታይ ዓይነት ምድላዋት ክንገብር ከም ዘሎና አብቲ ናይ መወዳእታ ምዕራፍ ክንርእዮ ኢና። ግን ከምቲ ቃል አምላኽ አብሪሁ ዝገልጸልና ንዓለም ክንጥቀመላ እዩ ዘሎና። ክንበልዕን ክንሰትን ክንነግድን ክንተክልን ክንሕንጽን፡ አድላዪ ኮይኑ ምስ ዝርከብ ከአ እወ ክንጉሂ፡ ግን ከአ በዚ ኮሉ ጨሪሽና ዘይንውሰድ ክንከውን እዩ ዝድለ ዘሎ። ምስ ዓለም ብዝሀልወና ርክብ አየናይ መዳያት ሀይወትና ንሓደጋ ክጋለጽ ከም ዝኽእል ድሮ ተማሂርና አሎና። ናይቲ ብሩኽ መጸናንዒ መንፈስ ቅዱስ ሀዱእ አመራርሓ እናድሃብና ብጥንቃቐ ክንስጕም ከም ዘሎና ምምሃርና'ውን ዘደንቕ አይኮነን።

የሱስ ካብ ላዕሊ እዩ መጺኡ። ከይፈርሀ ኽአ «ገዛኢ እዛ ዓለም እዚኣ ይመጽእ አሎ» እሞ አባይ ሓንቲ እኳ የብሉን» ክብል ክኢሉ። እቲ መናለዪ ደረት አብ ጥቓ እግሩ አብ መሬት ዘይኮነስ አብ ልቡ እዩ ተሓንጺጹ። ኵሉ ካብ ላዕሊ ዝኽነ አብዛ ዓለም ዘሎ ንዓና ከም የሱስ ሓላል እዩ። ልክዕ ከምቲ ነቲ ሓምባሲ ብቱቦ ካብ ላዕሊ አየር ሀይወት ዝመጸ ንዓና'ውን ካብ ላዕሊ ካብ አምላኽ ክመጸና ተዘርጊሑልና እዩ። እታ ካብ ላዕሊ ዝኽነት ሀይወት አብዚ ታሕቲ አብ ምድሪ ብእኡ እያ እትነብርን ዝሕለየላን። ስለዚ ሓደ ነገር መንፈሳዊን ካብ አምላኽ ዝኽነን እንተ ኾይኑ ብእኡ ስለ ዝነብር ቀጻልነት ዘይብሉ ከይኽውን ዘሰክፍ አይኮነን። «መንግስተይ ካብዛ ዓለም እዚኣ እንተ ትኽውንሲ ... ገላዎይ ምተዋግኡለይ ነይሮም» ኢሉ፡ ግን ክዋግኡሉ አድላዪ ኮይኑ አይተረኽበን።

አምላኽ ብዛዕባና ሻቕሎት የብሉን ምኽንያቱ ብቅዱስ መንፈሱ ስለ ዝተኣማመን። ትሑት ዝዓያነቱ መንፈሳዊ ሀይወት ክህሉ አይክእልን፡ ምኽንያቱ እቲ መንፈሳዊ ሀይወት ብርግጽ ካብ አምላኽ እንተ ኾይኑ ድኹም ክኽውን አይክእልን። መንፈሳዊ ሀይወት ክሰዓር ዝኽእል አምላኽ እንተ ተሳዒሩ ጥራይ እዩ። በዚ እግዚኣብሄር አይካታዕን እዩ፡ ነዚ አባና ክዉን ክገብሮ ንመንፈስ ቅዱስ አማዕቀኑብዎ እዩ። «አቱም ደቀይ፡ ንስኻትኩም ካብ አምላኽ ኢኹም ካብቲ አብ ዓለም ዘሎስ እቲ አባኻትኩም ዘሎ ዝዓቢ ስለ ዝኹን፡ ንስኻትኩም ስዒርኩምዎም አለኹም» 1ዮሃ4፡4። አብ 1ዮሃ 5:19 ድማ ምንም እኳ ብዘላ ዓለም በቲ እኩይ ተታሒዛ እንተላ ንሕና ካብ አምላኽ ምኽንና ደጊሙ የረጋገጸልና። ካብ አምላኽ ኢና። ካብዚ ዝዓቢ ጭብጢ አበይ ክንረክብ ንኽእል። ንሕና

ብስም የሰብ እንአምን ዘበለና «ካብ ደም ወይ ካብ ፍቓድ ሲጋ ወይ ካብ ፍቓድ ሰብአይ...» (ዮሃ 1፡13) ዘይተወለድና ኢና። ስሙ ዝተመስገ ይኹን። ካብ አምላኽ ስለ ዝተወለድና ኽአ እቲ እኩይ አይትንክየናን እዩ።

ብቕልል ዝበለ ክነቕምጠ እምበኣር ሓይሊ ሰይጣን አብ ብዘላ ዓለም እዩ ዘሎ። ይኹን እምበር ሓይሉ አብቶም ብመንፈስ እናተመርሑን ቅብኣቱ እናስተውዓሉን ዝመላለሱ ሰባት ዝመኽነ እዩ። ሓይሊ ሰይጣን ክንዮኡ ሰጊሩ ክሰርሓሉ ዘይኽእል አምላኽ ዝሓንጸጸ መስመር አሎ። ኩሉ እቲ ስፍራ ንአምላኽ እንተ አግዚእናዮ ሽው እቲ እኩይ ዝሓድረሉ ስፍራ ኣበይ ክረክብ እዩ?

እሞ ኩላትና ናይ አምላኽ ዲና? ሰይጣንከ ብዛዕባይን ብዛዕባኻን «ኣነ ነዚ ሰብዚ ከፈንጥሮ አይክኣልኩን» ኢሉ ይምስክር ድዩ?

- ምዕራፍ ዓሰርተ -
ሓይሊ እታ እትመጽእ ዓለም

ጸሓፊ ናይ እብራውያን ብዛዕባና «... ሓይሊ እታ እትመጽእ ዓለም ዝጠዓሙ ...» (እብ 6፡5) ክብል ከሎ እንታይ ማለቱ እዩ? ኩላትና ከም እንሰማምዓሉ ዓቢ መጻኢ ይጽበየና ኣሎ። እዛ ሕጂ ብመንፈስ አምላኽ ዓበይቲ ግብርታት አብ ማእከልና እናገበረት ትዓዪ ዘላ መንግስቲ ብዝርኢ ንኹሉ ስዒራ ትግሃደሉ እዋን ክመጽእ እዩ። ሽው «... መንግስቲ ዓለም ናይ አምላኽናን ናይቲ ቐቡኡን ኮይና ...» (ራእ 11፡15) ዝብል ቃል ክፍጸም እዩ። ግን እዚ ሕጂ ቁሪስና ክንጥዕሞ እምበር በሊዕና ዘይንጸግቦ 'ሓይሊ' ደኣ እንታይ ኮን ይኽውን ኢልና ንግረም ኢና። እታ ጽሑፍ 'ዝጠዓሙ' ስለ ዝብል፣ እዚ በእምሮኻ ጥራይ እትመራመሮን እትፈልጠን ትምህርቲ ክኽውን ኣይክእልን፣ የግዳስ አብ ግሊ ህይወትካ እትሙክሮን እትለማመዶን እምበር።

ቅዱስ ጽሑፍ አብ መጻኢ ክፍጸሙ እዮም ካብ ዝብሎም ቅሩብ ክንዝርገር ንኽእል ኢና። አብ መወዳእታ ዘመን ዝገሃድ ምድሓን ኣሎ (1ጴጥ 1፡5)፣ ፍሉይነት ዘለዎ ናይ ዘለኣለም ህይወት አብታ እትመጽእ ዓለም ክህሉ እዩ (ሉቃ 18፡30)። ንህዝቢ አምላኽ ዕረፍቲ ተሪፋትሎም ኣላ (እብ 4፡9)፣ መዋቲ ሲጋና ድማ ክትንስእን ክሕደስን እዩ (ሮሜ 8፡23 1ቆሪ 15፡14)፣ ዕንቅፋት ዘበለ ኽእ ክልዓል እዩ (ኤር 31፡9 ኢሳ 62፡10)። ካብ ንእሽቶ ክሳዕ ዓቢ ንእግዚኣብሄር ክፈልጥዎ እዮም (ኤር 31፡34 እብ 8፡11) ምድሪውን ብፍልጠት እግዚኣብሄር ክትመልእ እያ (ኢሳ 11፡9 እንባ 2፡14)። ካብዚ ዝኾነ ዝተባህለ ብክርስቶስ ንእሽቶ ምቃል ጥዒምና ኢና ግን እቲ ምልኣት ገና ኣይረኽብናዮን።

ምስዚ ዝሓዝናዮ ኣርእስቲ ዝያዳ ዘገድሰና ገለ ነጥብታት ክንርኢ። ጸሓፊ እብራውያን ካብ መዝሙር ዳዊት ወሲዱ ብዛዕባ የሰብ ክርስቶስ «ንኹሉ ውን ኣብ ትሕቲ እግሩ ኣግዛእካዮ» (እብ 2፡8) ድሕሪ ምባል፣ ተመኩሮ ብቀሊሉ ሓቅነቱ ከም ዘረጋግጽ፣ «ግናኸ ኩሉ ከም ዝግዛእ ንሕና ገና ሎሚ ኣይንርእዮን ኢና ዘሎና» ቀጺሉ ይብል። አብ መንጉ እዘን ክልተ ጥቕስታት ከኣ ነቲ የሰብ ንደቀ መዛሙርቱ አብ ሉቃ 10፡19 «... ኩሉ ሓይሊ ጸላኢ ክትረግጹ ስልጣን ሂበኩም ኣለኹ» ዝበሎ ቃል ኣመናጺርና ከነቕምጠ ኣሎና። ብርግጽ እዚ ተሰፋ ናይቲ ዝመጽእ ገና

ዘይተጋህደ ሕጂ ቅሩብ ኣብዚ የጥዕመና። ቀዲሙ'ውን ኣብቲ ዝሓዝናዮ ክፍሊ ጽሑፍ «ሰይጣን ከም መብረቕ ካብ ሰማይ ክወድቕ ከለ∘ ርኢኹም» ኢሉ ኣለ∘። ግን ከኣ ነዚ ዮሃንስ ኣብ ራእ 12፡9 ብድሕሪ ሕጂ ከም ዝፍጸም ብዝመስል ገይሩ ኣቕሚጥዎ ኣለ∘። ግን ካብቲ የሱስ ዝበለ እዚ ፍጻመ ንታ እትምስክር ቤተ ክርስትያን ብሓደ ሽንኻ ድሮ ዝተፈጸመን ዝዓየየን ምኻኑ እዩ። መሊሱ ዮሃንስ ሰይጣን ንሽሕ ዓመት ዝእሰረሉ እዋን ከም ዝመጽእ ይዛረብ (ራእ 20፡1-4) ግን ከኣ የሱስ ባዕሉ እቲ ሓያል ድሮ ሰለ ዝተኣሰረ ናብ ቤቱ ኣቲና ክንብዝብዝ ከም እንኽእል ዘስምዕ ቃላት ይዛረብ (ማቴ 12፡29)።

እዚ ኹሉ ቃላት እምበኣር ኣገዳስነቱ ዓቢ እዩ። ብርግጽ ከኣ ምድሓንን ዘልኣለማዊ ህይወትን ዘለ∘ና እንተ ኾንና እዚ ካብታ ትመጽእ ዓለም ዝግለጽ ሓይልታት ብንእሽቶ ዝጠዓምና ንኽውን ኢና። ኣብ ኮሎ ደኣ ኣይግሃድ እምበር ፍረ ናይቲ መስቀልን ትንሳኤ ክርስቶስን ብምኻኖም ብውሑዱ ብመትከል ደረጃ፣ ህሉው ሃብቲ እታ ማሕበር ክርስቶስ እዮም።

ናይ እግዚኣብሄር ዘልኣለማዊ መደብ ምስ ሰብ ዝተኣሳሰረ እዩ። ብመልክዕና ከም ምስልና ሰብ ንባበር ይግዝኡ ኽኣ እዩ ዝበለ። እምበኣር እግዚኣብሄር ንሰብ ኣብ ልዕሊ ብዘላ ምድርን እንስሳታትን ክገዝእ እዩ ፈጢርዎ። ንሰብ ምእንቲ ከድሕኖ ኣይኮነን ፈጢርዎ፡ ምኽንያቱ ሰብ ንኽጠፍእ ዘይኮነ ንኽወድቕ'ውን ትጽቢት ኣይነበረን። ዘፍ 3 ዝገልጾልና ታሪኽ ሰብ ደኣምበር ዝተፈጥረሉ ዕላማ ኣይኮነን። ነዳቕይ ካብ ሓምሻይ ደርቢ ናይ ሓደ ዝሰራሕ ዘሎ ህንጻ ክወድቕ ይኽእል እዩ። ግን እዚ ሓደጋ እምበር ኣብቲ ንድፊ ናይቲ መሃንዲስ ዝነበረ ክኽውን ፈጺሙ ኣይክእልን።

ኣይፋሉን መደብ ኣምላኽ ሰብ ንኽገዝእ እዩ፣ ብፍላይ ከምቲ ኣብ ዘፍ 1፡26 ዝብሎ ኽኣ 'ንብዘላ ምድሪ' ምግዛእ እዩ። ኣብ ሰማይ ጸገም ዝበሃል የለን፡ እቲ ጸገም ኣብ ምድሪ እዩ። 'ንምድሪ ምለኽዋ' (ዘፍ 1፡28) ዝብል ትእዛዝ ክምለኽ ዘለዎ እንተ ዘይሁኑ ንምንታይ ምተዋህበ? ኣብ ዘፍ 2፡15 ኣዳም ንገነት ኤደን 'ክሕልዋ' ዝተባህሎ ነቒሕካ ክሕሎ ዘለዎ ጸላኢ ምንባሩ ዘመልክት'ዶ ኣይኮነን።

እቲ ምግዛእ ኣብ ልዕሊ ብዘላ ምድሪ ጥራይ ዘይኮነ ኣብ ልዕሊ ኵሎም እንስሳታትን ለመም ዝብል ኮሎ ለመምታን ምንባሩ ምስትውዓል ብዙሕ ዘገድስ እዩ። ግን ውድቀት ሰብ ብለመም ዝብል ፍጡር እዩ ክመጽእ ክኢሉ። በዚ ኽኣ ሰይጣን ኣብ ልዕሊ ምድሪ ክገዝእ ሕጋዊ መሰል ብመገዲ ሰብ ኣቢሉ ረኺበ። ኮሎ ዘበን ህይወቱ መራት ክበልዕ ክኣ

ተዋህቦ (ዘፍ 3፡14)። መራት ግን እንታይ እዩ? ኣዳም ካብ መራት ከም ዝተሰርሐ ግሉጽ እዩ። ስለዚ ስጋዊ ሰብ ብሞራል ግዙእ ሰይጣን እዩ። እምበኣር እቲ ጸላኢ ኣምላኽ ኣብቲ ባህርያዊ ሰብን ዘለዎ ኮሎን ንጹር ዝኾነ ዋንነት ከጥሪ ክኢሉ እዩ። ንሰይጣን ኣብ ምድሪ ንኽንቕሳቐስ መርገጺ እግርን ሓይልን ዝኾኖ ኽኣ ንሱ እዩ። ነዚ ሰይጣን ኣብ ሰብ ረኺብዎ ዘሎ መሰል ክኣ እግዚኣብሄር'ውን እንተኾነ ክማገቶ ኣይክእልን እዩ። ብምኽንያት ውድቀት ኣዳም ኣብቲ ኣረጊት ፍጥረት ምሉእ ዋንነት ረኺቡ እዩ።

ሰይጣን ኣባና ዘለዎ ንጥፈታቱ ክቋርጽ እንተ ኾይኑ ኽኣ፣ ኣባና ዘለዎ ባይታ ክክደግ ኣለዎ። ነዚ ኽኣ እግዚኣብሄር ቀጥታዊ ብዘይኮነ መገዲ፡ ብምድሓን ገይሩ ናይቲ ኣረጊት ፍጥረት ዘበለ ኮሎ፡ እቲ ኣረጊት ሰብ ምስ ዓለሙ ብምእላይ ንሰይጣን ካብቲ ዝነበሮ ሕጋዊ ባይታ ብሞት የሱስ ገይሩ ኣልቒቕዎ እዩ። ሮሜ 6፡6 «... እዚ ደጊም ንሓጥያት ከይግዛእ፡ እቲ ናይ ሓጥያት ስጋ ምእንቲ ክጠፍእ፡ እቲ ኣረጊት ሰብና ምስኡ ከም እተሰቕለ ፈሊጥና ኣሎ∘ና» ይብል።

ኣምላኽ ዝተመስገነ ይኹን፡ ደጊም ሰይጣን ኣባና ገለ መሰል የብሉን። ግን እዚ ሓደ ኣሉታዊ ክዉንነት ጥራይ እዩ። ብተወሳኺ ሓደ ኣዎንታዊ ክዉንነት ኣሎ∘። እግዚኣብሄር ነቲ ኣብቲ ኣረጊት ፍጥረት ምስቲ ዘልኣለማዊ ምኽሩ ዝጻረር ዘበለ ኮሎ ጥራይ ኣይኮነን ኣልዩ፣ ነቲ መደቡ ምእንቲ ክፍጽም ዘድሊ ዘበለ ኮሎ ቤቲ ሓድሽ ሰብ ገይሩ ሓድሽ ፍጥረት ኣምጺኡ። ሮሜ 6፡9 «እቲ ካብ ምውታት ዝተንስኤ ክርስቶስ መሊሱ ከም ዘይመውት፡ ሞትውን ኣብኡ ከም ዘይመልኽ ፈሊጥና ...» ይብል። እምበኣር እቲ ኣብ ዘፍጥረት ምዕራፍ 1 ዘሎ ዕላማ ምፍጣር ሰብ ኣብ ዘፍጥረት ምዕራፍ 3 ከኣ ዝጠፍኤ፡ ንሓዋሩ ኣይጠፍኤን። እግዚኣብሄር ካብቲ ቀዳማይ ሰብ ክረኽቦ ዘይከኣለ ካብቲ ካልኣይ ሰብ ረኺብዎ እዩ። እቲ ካልኣይ ሰብ ኣብቲ ዝሩን እዩ ዘሎ∘። እዚ ኣብ ሓድሽ ኪዳን ዘሎ∘ ጸሓፊ (እብ 2፡6-9)፡ ናይቲ ጥዑም ዘማሪ ቃላት (መዝ 8፡4-6) ምድጋሙ ዘገርም ኣይኮነን «እቲ ንሰኻ እትዝክሮ ሰብ፡ እቲ እትሓልየሉ ወዲ ሰብሲ እንታይ እዩ? ካብ መላእኽቲ ቕሩብ ኣንኣስካዮ ብኽብርን ጌጽን ከኣ ኽለልካዮ። ኣብ ልዕሊ ግብሪ ኣእዳውካ ሸምካዮ፡ ንኹሉ ኣብ ትሕቲ ኣእጋሩ ጌርካዮ» ምስ በለ ብምቕጻል፡ «የሱስ ግና ... ኣኽሊል ክብርን ግርማን ተኽሊሉ ንርእዮ ኣሎ∘ና» ይብል። እምበኣር ኣምላኽ ንሰብ ዝፈጠሮ ምእንቲ ባህጉ እንተ ነይሩ፡ ሕጂ እታ ባህጊ እቲኣ ተማሊኣ እያ። ኣምላኽ ደጊም ናቱ ሰብ ንሱ ኽኣ የሱስ ክርስቶስ ረኺቡ እዩ።

እምበኣር ዘፍጥረት 1ን መዝሙር 8ን እብራውያን 2ን ብፍሉይ መግዲ ተተሓሒዘን እየን። መዝሙር 8 ብቕኔ መልክዕ፣ መደብ ኣምላኽ ንሰባት እንታይ ምኻኑ ትገምር፣ ግን ውድቀት እኳ ኣጋጢሙ ክሰው ከይተዛነፈ ኣብቲ ናይ መጀመርታ 'ሽምካዮ' ዝብል መደብ ኣምላኽ ይጸንዕ። ብተወሳኺ መዝሙሩ «ስምካስ ኩን ኣብ ብዘላ ምድሪ ክንደይ ግሩም እዩ» ኢሉ ጀሚሩ ብእኡ ይውድእ።

ንሰኻ ወይ እነ ነዛ መዝሙር ደሪስናያ እንተ ንኽውን፣ ነቲ ጸላኢ ዝገበሮ ዕንወትን ሰብ ንኣምላኹ ክሳዕ ዝንዕቕ ምብጽሑን ብምዝካር፣ ኣብታ ናይ መወዳእታ 9ይቲ ጥቕሲ ምስ በጸሐና 'እቲ ዘሕዝን ግን ሰብ ወዲቑ፣ ኮሉ ኽኣ ጠፊኡ' ምበልና። እቲ ዘማሪ ግን ከምኡ ኣይበለን። ውድቀት ከም ዘጋጠመ ፈጺሙ ዝረስዖ ይመስል፣ ብሒደት'ውን ኣይኣመተሉን። ነቲ ዛንታ ምድሓን ብሓሳቡ ኸው ኢሉ ሓሊፉ 'ክንደይ ግሩም እዩ' ኢሉ መሊሱ ይጭድር። እወ ኣዳምን ሄዋንን ክወድቁ ከኢሎም፣ ግን ነቲ ብሰብ ጊርካ ንሓይሊ ሰይጣን ምስዓር ዝብል መደብ ኣምላኽ ክልውጥዎ ኣይክኣሉን። መደቡ ኣይተለወጠን፣ እቲ ግሩም ሰሙን ኣሰራርሕኡን ከኣ ኣብ ብዘሎ ምድሪ ክፍለጥ እዩ።

እዚ መደብ እዚ ኣብቲ ወዲ ሰብ ጥራይ ዝፍጸም ዘይኮነስ ኣብቶም ብዙሓት ናብ ክብሪ ዘእትዎም ዘለዉ ውሉድ ደቂ ሰባት ድማ እዩ። ነዚ ክሰምረሉ እቲ ዘማሪ ዝተጸገመ ይመስል። ሰይጣን ኮሉ እቲ ዝክኣሎ እከይ ገይሩኳ ክነሱ፣ ብምኽንያት እቲ ውድቀት ዝረኽቦ መሰል ግን መሊሱ ዘይሕደግ ኣይነበረን። ካብ ደቂ ሰባት ክትንክፎም ዘይኽእል ሰባት ኣለዉ፣ «ምእንቲ ተቓወምትኻ፣ ነቲ ጸላእን ፈዳይ ሕነን ሰኞ ከተብሎ፣ ካብ ኣፍ ቁልዑን ዝጠብዉን ሓይሊ ኣዳሎኻ»ይብል ጥ 2። እግዚኣብሄር ንተቓወምቲ ሰኞ ክብል ብዓበይቲ ኣዘዝቲ ሰራዊትን ጀነራላትን ኣይጥቀምን እዩ፣ ንኣሽቱ ቁልዑን ዝጠብዉ ህጻናትን ይኣኽልዎ እዮም።

ከምቲ ዝረኣናዮ ኣብ 2 ክንዮ መዝሙር 8 ዝኽይድ እዩ። መደብን ዕላማን እግዚኣብሄር ኣብ ፍጥረት እንታይ ምንባሩ መሊሱ ምስ ኣረጋገጸ ክንዮኡ ይኽይድ። ንድሕሪት ተመሊሱ እቲ ጸሊም ታሪኽ ውድቀትን ሳዕቤኑን ገምጊሙ። መደብ ኣምላኽ ኣብ ምድሓንን ምሕዳስን ናብ ሓደ ዕላማ ዝኣንፈቱ ምኻኑ የነጽር። እቲ ውድቀት ኣድላይነት ምድሓን ኣምጽኤ እምበር፣ እቲ መደብ ገና ኣይተለወጠን። እግዚኣብሄር ንዕላምኡ ኣይሓደገን። ጸሓፊ እብራውያን፣ ክንዮ እቲ ኣብ መስቀል ዝተረኽበ ዓወት ሓሊፉ ናይቲ ዘማሪ መግለጺ እምነት ብምትእምማን ይጭርሖ። ስለዚ፣ ኮሉ ኣይጠፍኡን ጥራይ ዘይኮነ፣ ብክርስቶስ እቲ ፍጻመ ድሮ ውሕስነት ዘለዎ ኮይኑ እዩ።

«ንኾሉ ኽግዝኣሉ ከለ፣ ንእኡ ዘየግዝኦ ሓንቲ እኳ ኣይሓደገን ...» ይብል ጥ 8። ግን ብግዳም ርእኻ እዚ ዝኹነ ኣይመስልን፣ የግዳስ «... ግናኽ ኮሉ ከም ዝግዝኦ፣ ንሕና ገና ሎሚ ኣይንርእዮን ኢና ዘሎና»። ግን እዚ ብዘየገድስ እቲ ጸሓፊ «ነቲ ብምኽንያት ስቅያት ሞቱ ካብ መላእኽቲ ገለ ቅሩብ እተታሕተ የሱስ ግና፣ ብጸጋ ኣምላኽ ኣብ ክንዲ ኮሉ ሰብ ሞት ምእንቲ ክጥዕምሲ፣ ኣኽሊል ክብርን ግርማን ተኽሊሉ ንርእዮ ኣሎና» (ጥ 9) ምስ በለ ብዓወት ኣብ ጥ 14 «... ብሞቱ፣ ነቲ ሓይሊ ሞት ኣብ ኢዱ ዝሓዘ ምእንቲ ክሰዕር/ክጥፍእ...» ይብል።

እምበኣር እቲ ሰብ ኣብ ምድሪ ንእግዚኣብሄር ክኸኑሉን ክንብረሉን ዘይክኣለ፣ ጉይታና የሱስ ኽዮኑሉን ገይሩሉን እዩ። ከምቲ ኣብቲ መበቆላዊ ናይ ግሪኽ ጽሑፍ ዝብሉ፣ ንሱ ኣብ ክንዲ ኾሉ ሞት ጥዒሙ፣ እዩ ዝብል እምበር ኣብ ክንዲ ኾሉ ሰብ ጥራይ ኣይኮነን ዝብል። እዚ ኽኣ ንሱ ዝሞተ ንምድሓን ናይ ሰብ ጥራይ ዘይኮነ ንብዘሎ እቲ ፍጥረት እዩ። ነቲ ናይ መጀመርታ መደብ ኣቦ ንኽምልስ ምእንቲ እዩ ነቲ ሰይጣናዊ ዝኹነ ስርዓት ዓለም ዝገልበጠ።

ስለዚ ሎሚ ቤተ ክርስትያን እቲ ክርስቶስ ዝተጐናጸፎ ዓወት ኣብ ግዝኣት ናይ ዲያብሎስ ከተመዝግቦ ንጹር ሓላፍነት ኣለዋ። ነቶም ሕልቅነታትን ስልጣናትን ምስክርነት ክወሃብ እንተ ኾይኑ፣ ብመስቀሉ ዝተረኽበ ናይ ክርስቶስ ሉኣላዊ ንግስነት ኣብቲ መንፈሳዊ ጽፍሒ ክምዝገብ እንተ ኾይኑ፣ ነቲ ጸላኢ ኣብ ልብና ሒዝዎ ዝነበረ ሕጋዊ ባይታ በቲ መስቀል ክእለን ክሕደግን ኣለዎ። ምኽንያቱ መደብ ኣምላኽ ሕጂውን ሰብ ንኽገዝእ እዩ። ተልእኾና ነቲ ኣብ ዘፍጥረት 3 ዘሎ ሳዕቤን ውድቀት ንምሕዋይ ዝዓለመ ወንጌል ክንሰብኽ ጥራይ ዘይኮነ፣ ናብቲ ኣብ ዘፍጥረት 1 ዘሎ ዕላማ ምብጻሕ እዩ። እግዚኣብሄር ነቲ ኣብ ልዕሊ ጸላኢ ክህልወና ዝተደልየ ሞራላዊ ጸብለልታ ከነምልሶን ምድሪ ድማ ብምልእታ ኣብ ትሕቲ እቲ ዋንኣ ክንገብራ እዩ ዝደልየና። በዚ ምኽንያትዚ እዩ ኽኣ ጳውሎስ «ፍጥረት ብሃሪርታ ነቲ ምግላጽ ደቂ ኣምላኽ ይጽበዮ ኣሎ ... » (ሮሜ 8፡18-19) ዝብለና።

እቲ ናይ ምድሓን ወንጌል ንድልየት ሰብ ከማልእ ኣጸቢቑ ዘድልን ዘገድስን እዩ። ግን ከም ኣገልገልቲ ኣምላኽ ምእንቲ ሰባት ጥራይ ንጽዕር እንተሊና ነቲ እግዚኣብሄር ንኽፈጥር ዝገበሮ ቀዳማይ ዕላማ ንስሕቶ ኣሎና። እግዚኣብሄር ንኽፈጥር ዝገበሮ ብቐዳምነት ምእንቲ ናይ ሰብ ዘይኮነ ከምቲ ኣቐዲምና ዝበልናዮ ምእንቲ ናይ ርእሱ ድልየት ኢሉ እዩ። እምበኣር ሎሚ ድልየቱ ከነማልኣሉ እንተ ኼንና ንሰይጣን ሓይሉ

ክንሰርቆ፡ ካብ ዝሓዘ ባይታ ክነባርሮ፡ ንኣቕሑቱ ማሪኽና ኑዱም ምሩኻት ሓራ ክንገብሮም፡ እዚ ኹሉ ስለ እግዚኣብሄር ክንገብር ይግብኣና። እቲ ሕቶ፡ ነፍሳት ኣብ ምድሓን እንታይ ንገብር ኣሎና ዝብል ጥራይ ኣይኮነን፡ የግዳስ ንሕልቅነታትን ንስልጣናትን እንታይ ንገብርም ኣሎና ዝብል ድማ እዩ። እዚ ግን ዋጋ ምኽፋል ዝሓትት እዩ።

መብዛሕትኡ ጊዜ ንሰባት ክነናቓንቐም ዝከኣል እዩ። ንሰይጣን ግን ምንቅ ክተብሎ ዳርጋ ዘይከኣል እዩ። ክምኡ ዝኹነ ክኣ ካብ ነፍሳት ክድሕኑ ምግባር፡ ንሰይጣን ምጭርጋፍ፡ ዝዓበየ ዋጋ ስለ ዝሓትት እዩ። እዚ ኽኣ ብመንፈስ፡ ንኣምላኽ ብፍጹም ተወፋይነት ብምቕራብን ሰይጣን ኣሸነ ክሳዕ ቦታ ዘይብሉ ዝኽውን ብምግባርን ዝርከብ እዩ። እዚ ዓቢ ዋጋ ዝሓትት እዩ። ኣምላኽ ምእንቲ እቲ ንጥፉኣት ዘለዎ ምሕረትን ፍቕርን ክብል፡ ኣብ ኣገልገልቲ ወንጌል ርኡይ ጉድለት ሓንሳእ ሓንሳእውን ውድቀት እናሃለወ ክሳዕ፡ ብእኡም ተጠቒሙ ክድሕኑ ይገብር እዩ። እዚ ኣብ ምድሓን ነፍሳት ክኽውን ዝኽእል ጉዳይ ኮይኑ ምስ ሰይጣን ኣብ ዝግበር ግጥም ግን ካልእ ጉዳይ እዩ።

እኩያት መናፍስቲ ንምስክርነት ሰብ ብንጹር ክፈልጡ ዝኽእሉ እዮም። እቲ ልቢ ተመቓቒሉ እንተልዩ ወይ ክኣ ኣብቲ ህይወት ኣምሰሉነት እንተልዩ ይፈልጡ እዮም። ኣብቲ ምኽፋል ዋጋ ገለ ኣትሪፍና እንተኾንና ይፈልጡ እዮም። ርእዮም ንመን ብዘይ ጸገም ክስተሓፍርዎን ክንዕቅዎን ከም ዝኽእሉ፡ በንጻሩ ኽኣ፡ ነቲ ገለ ነገር ክገብርዎ ዘይኽእሉ ሰብ ኣጸቢቕም ይፈልጡ እዮም። «ንየሱስ እፈልጦ፡ ንጳውሎስውን እፈለጥ እየ፡ ንስኻትኩምክ እንታዮት ኢኹም» (ግብ 19፡15) ይብሉ እዮም። ስለ ዝኣምኑ መኣስ ከም ዘንቀጥቅጡ ይፈልጡ እዮም። ስለዚ እቲ ዝዓበየ ዕማምና ንዕኦም ንምዕናው ስለ ዝኽኑ ካብ ናእዳ ሰባት ምስክርነት ኣጋንንቲ ዝያዳ ክገድስና ይግብኦ እዩ።

ግን ደጊመ እብል ኣሎኹ፡ ምስክርነት ኣጋንንቲ ክርከብ ክኽፈል ዝሕተት ዋጋ ፍጹም ተወፋይነትን ተኣማንነትን ንኣምላኽ እዩ። ንናይ ገዛእ ርእስና ኣተሓሳስባታትን ትምኒታትን ምእንጋድ፡ ናትና ምርጫታትን ስጉምትታትን ምውሳድ፡ ነቲ ጸላኢ ዕድል ምሃብ ጥራይ እዩ። ብሓጺሩ ኢድካ ምሃብ እዩ። ኣብ ገለ መዳያት ግን እዚኳ ክብል ኣይክእልን እየ፡ ምናልባሽ ንጥቕምና ወይ ንረብሓ ገዛእ ርእስና ዓዪና ብዙሕ መንፈሳዊ ክሳራ ዘየጋጥመና ክህሉ ይኽእል ይኽውን። ኣብዚ ንዛረበሉ ነጥቢ ግን ፍጹም ዘይሕሰብ እዩ። ስለዚ ብዘይ እዚ ንኣምላኽ ፍጹም ዝኽኑ ልቢ ክሳለጥ ዝኽእል ነገር የልቦን። እዚ እንተ ዘየልዩ ንኣምላኽ ኣንጻር ጸላኢኡ ሓይሊ ከይረክብ ከም ምእሳር ማለት እዩ።

መሊሰ እብል ኣለኹ፡ እቲ ዝሕተት ዋጋ ልዑል እዩ። ንስኻትኩምን ኣነን ኣብዛ ምድሪ ክንነብር ከለናስ፡ ንኣምላኽ ፈጺምናዶ ተወፊናን ተዋሂብናን ኣሎና? ሓይሊ ናይታ እትመጽእ ዓለምክ ንጥዕምዶ ኣሎና? ካብዚ ናይዛ ዓለም ገዛኢ ዝኽኑ ሰይጣን ክኣ ገለ መራት መንዚዕና ናብቲ ዋንኡዶ ንመልስ ኣሎና?

– ምዕራፍ ዓሰርተ ሓደ –

ነቲ ሰራቒ ምምንዛዕ

«ክርስቶስ የሱስ ንሓጥኣን ክድሕን እዩ ናብ ዓለም ዝመጸ»። ኣብቲ ዘልኣለማዊ መደብ ኣምላኽ ንኽገዝኤ ዝተመደበ ሰብ'ምበር ካልእ ፍጡር ስለ ዘይኮነ ኮሉ ጸዕርናን ድንጋጸናን ናብ ሰብ ዝዓለመ ክኸውን ግቡእን ባህርያውን እዩ። ኣብዚ ሓጺር ናይ ጹጋ ዘመን ሰይጣን ነቲ ዝማረኾ ክንብገዝዎ ንኽእል ቀንዲ መገዲ፡ ነብሳት ካብ ኢዱ መንዚዕና ናብ ጐይታ ምስ እንምጽኤን እዩ። ሓቂ እዩ ዝሓዝናዮ ኣርእስቲ 'ሰብ' ዝምልከት እንተ ዝኸውን ነቲ ጉዳይ ምድሓን ነብሳት ሰፊሕ ቦታ ምሃብናዮ።

ግን ብዛዕባ ምድሓን ነብሳት ኣብ ካልእ እዋን ብሰፊሑ ተዘራሪብናሉ ስለ ዘሎና (what shall this man do ዝብል መጽሓፍ ምዕራፍ 3 ተወከስ) ነዚ ሒዝናዮ ዘሎና 'ዓለም' ዝብል ኣርእስትና ዝያዳ ዝቐርብ ጉዳይ ኣልዒልና ክንዛዝሞ። እዚ ኽኣ ጉዳይ ገንዘብ እዩ። ገንዘብ ሰይጣን ዝቆጻጸሮ ማተርያላዊ ነገር ኮይኑ ግን ከኣ ከመይ ጌርና ክንብዝብዎ ከምን ኽእል ክንርኢ ኢና።

ገንዘብ ምስ ኣምላኽ ተጻይ እዩ። ቃል ኣምላኽ ገንዘብ ዓማጺ ኢሉ እዩ ዝጠቕሶ (ሉቃ 16፡9)። የሱስ '... ብገንዘብ ዓመጻ ንርእስኹም ኣዕሩኽ ግበሩ፡ እብለኩም ኣለኹ' ምባሉ፡ ነቲ ብዘይ ግቡእ ዓሚጽና ዝረኽብናዮ ገንዘብ ማለቱ ዘይኮነ ገንዘብ ብቀንዱ ዘይቅዱስ ዘይቅኑዕ ዘይሓላል እዩ ዝብል ዘሎ። ስለዚ ኣብዚ ጐይታ ገንዘብ ከመይ ብዘይ ቅኑዕ ኣገባብ ከም እንምጽእን ኣብ ዘይቅኑዕ መዓላ ከም እነውዕሎን ዘይኮነ ገንዘብ ንባዕሉ ናይ ዓመጻ ባህርይ ዘለዎ ምኽኑ እዩ ዘረድኣና ዘሎ ገንዘብ ብሱሩ ክፋእ እዩ። ሓቂዩ ንሕና ክንዛረብ ከለና 'ንጹህ ገንዘብ' 'ረሳሕ ገንዘብ' ኢልና ክፋፈልና ንዛረብ ኢና፡ ግን ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ኮሉ ገንዘብ ረሳሕ እዩ። እቲ ንኣምላኽ ዝፈልጥ ሰብ፡ ባህርይ ገንዘብ ክፋእ ምኽኑ ይፈልጥ እዩ።

ንባህርይ ዝኽኖ ነገር ንምፍላጥ፡ እቲ ነገር ናብ ኣምላኽ ድዩ ዘቕርበና ወይሲ ዘርሕቖና ኢልና ምሕታት ጥራይ እዩ ዘድልየና። ገንዘብ ከኣ ዳርጋ ብዘይ ኣፈላላይ ካብ ኣምላኽ ዘርሕቖና እዩ። ኣብ ጥቕሲ 13 ጐይታ የሱስ ንኣምላኽን ንገንዘብን ክንግዛእ ከም ዘይንኽእል ኣብሪሁ ተዛሪቡ ኣሎ። ምስዚ ኽኣ ዳርጋ መብዛሕትና ንሰማምዓሉ ጉዳይ እዩ፡ ምኽንያቱ

ካብ ተመኩሮ ከም እንፈልጦ፡ ኣምላኽን ገንዘብን ብሓደ ወጊኖም ኣይፈልጡን እዮም፡ ገንዘብ ኮሉ ሳዕ ኣንጻር ኣምላኽ እዩ።

ነቲ ገንዘብ ዝብል ሓሳብ፡ ኣስናሕ ኣቢልና ኮሉ እቲ ብሓፈሻ ንኣምላኽ ዝጻረር ዘበለ ከም ዝውክል ጌርና ክንቕርቦ ዝከኣል እዩ። ግን ሃዋርያ ጳውሎስ ኣብ 1ጢሞ 6፡9-10 ከም ዝገለጾ ዓለም ንዓና ካብ ኣምላኽ ክተርሕቕና ብቑሊሉ እትጥቀመሉ ሜላ ብገንዘብ ምኽኑ ፈልዩ ኣመልኪቱ ኣሎ። «እቶም ክህብትሙ ዝደልዩ ግና ኣብ ፈተናን መፈንጠራን፡ ኣብ ብዙሕ ንሰብ ኣብ ምብራስን ጥፍኣትን ዘስጥሞ ናይ ዕሽነትን ጉድኣትን ትምኒት እዮም ዝወድቁ። እቲ ፍቕሪ ገንዘብሲ ሱር ኮሉ ክፍኣት እዩ እሞ ገሊኣም ንእኡ እናተመባጠሩ ካብ እምነት ዘምበሉ፡ ናብ ርእሶም 'ውን ብዙሕ ስቓይ ኣምጽኡ»። ካብዚ ከም እንርድኣ ካብ ኣምላኽ ክፈልየና ዝኽእል እንተልዩ ንሱ ገንዘብ እዩ።

ዓለም ክንብል ከለና ገንዘብ ማለትና እዩ። ገንዘብ ክንትንክፍ ከለና ንዓለም ንትንክፍ ኣሎና። ሕጂ እምበኣር እቲ ሕቶ፡ ናይ ዓለም ዝኽኑ ነገር ተንኪናስ በቲ ናይ ዓለም ስርዓት ከይተተሓዝና ክመይ ኢልና ክንተርፍ ንኽእል ዝብል እዩ። ኣብ ዓለም ካብ ዘሎ ኮሉ ዝያዳ ዓለማዊ ገንዘብ እዩ፡ እሞ ንዕኡ ሒዝና ወይ ብእኡ ነጊድናስ ናይ ሰይጣን ተሓባበርቲ ክይኮንና ክንተርፍ ክመይ ኢሉ ይክኣል? ሎሚ ገንዘብ ክይክፈልካ ዝኹነ ነገር ክትግብር ኣብ ዘይክኣለሉ እዋንኡ፡ ነቲ ቀንዲ መህንጺ መንግስቲ ጸረ ክርስቶስ ኮይኑ ዘሎ ገንዘብ ናብ ምህናጽ መንግስቲ ኣምላኽ ንምውዓል ብኽመይ ይክኣል?

እታ ኣብ ማር 12 ዘላ መበለት ሰበይቲ ዘለዋ ሳንቲም ኣብቲ ናይ ቤት መቕደስ ሳጹን ምጽዋት ብምውዳቓ ካብ ጐይታ የሱስ ፍሉይ ናእዳ ረኽበት። እቲ ክትንእድ ዝገበራ ኽኣ ካብቲ መንግስቲ ሰይጣን ገለ ኣውጺኣ ናብ መንግስቲ ኣምላኽ ብምብርካታ እዩ ነይሩ። እዚ ምስግጋር እዚ ከመይ ጌርካ ክፍጸም ይክኣል? ብሱሩ ዓመጻ ዝኽኖ ገንዘብ ከመይ ኢሉ ኣብ ምህናጽ መንግስቲ ኣምላኽ ክውዕል ይኽኣል? እቲ ኣብ ጁባኻ ዘሎ ገንዘብ ምስ ዓለም ዘራኽቦ ነገር ዘይብሉ ምኽኑ ብኽመይ ተረጋግጹ? እቲ ኣብ ኢድካ ዘሎ ገንዘብን ንብረትን ኣብ ናይ ሰይጣን ደብተር ሕሳብ ከም ዘይርኤ ደፊርካዶ ክትብል ትኽእል?

ኮሉ ናይ ሮማውያን ዲናር ምስሊ ቄሳር ዘለዎ እዩ ነይሩ። የሱስ ከም ዝበሎ ኮሉ ምስሊ ቄሳር ዘለዎ ገንዘብ ንቄሳር እዩ። ከምቲ ዝበልናዮ ገንዘብ ናይ ዓለም ነገር እዩ። ስርዓት ዓለም ብቀንዱ ዝንቀሳቐስ ብገንዘብ እዩ። ሕጅስ ኣብ መንኮ ቄሳርን እቲ ዲናርን ዘሎ ምትሕሓዝ ብኽመይ

ይብተኽ? እቲ ዓለም ናብይ እዩ ትብሉ ገንዘብ ከመይ ኢሉ ኣምላኽ
ክጥቀመሉ ክውዳ ይክኣል?

ኣብ እዋን ብሉይ ኪዳን ንኣምላኽ ክውፈ እንደልዮ ነገር ብትርር ዝበለ
መምርሒ ክሓልፍ ኣለዎ። «ሰብ ንእግዚኣብሄር ዝሓረሞ ኵሉ ሕሩም
ነገር ካብ ዝኽኦ ገንዘቡ፡ ሰብ ኵነ እንስሳ ኵነ ወይ ግራት ርስቱ
ዝኽኦነት፡ ኣይሸየጥ ኣይብጀዎ ድማ። እተሓርመ ዘበለ፡ ንሱ ንእግዚኣብሄር
ቅዱስ እዩ። እተሓርመ ዘበለ ሕሩም ሰብ ሞት ይሙት እምበር
ኣይብጀዎ» ይብል ዘሌ 27፡28-29። እዚ ማለት ንኣምላኽ ዝተወፈየ
ዘበለ ኵሉ ክሰዋእ ክመውት ኣለዎ። ንኣብነት ሓንቲ በጊዕ ንኣምላኽ እንተ
ተወፍያ፡ ንመስዋእቲ ክትሕረድ ኣለዋ እምበር ኣብቲ ቤት መቅደስ
ብሀይወታ ተኣሊራ ክትበልዕን ዕያውቲ ክትወልድን ኣይትነብርን እያ።
ክትቅተል ኣለዋ ሽዑ እያ ቅብልቲ ትኽውን።

እምበኣር ኵሉ ንኣምላኽ ዝውፈ ገንዘብ ከኣ በዚ መምርሒ ክሓልፍ
ኣለዎ። ብዓለም ኮነ በቲ ወሃቢ ክሳዕ ዘይርከብ ዝተቐብጸን ከም ዘየለን
ክሕሰብ ኣለዎ። ጐይታ ነታ መበለት ክንእዳ ከሎ «ኵሉም ካብ
ተረፎም እዮም ዘውደቹ እሞ እዚኣ ግና ካብ ድኽነታ ዘለዋ ዘበለ ኵሉ
ምግባ እያ ዝሃበት በሉም» (ማር 12፡44) በለ። ኣብቲ ግሪኽ እቲ
'ምግባ' ዝብል ቃል 'ባዮስ' ህይወት ወይ ናብራ እዩ ዝብል። ብዙሓት
ሰባት ገንዘቦም ጥራይ ኣብ ናይ ምጽዋት ሳጹን የእትዉ እዮም፡ እዛ
ሰበይቲ ግና ምስ ገንዘባ ህይወታ ድማ እያ ሂባ። እተን ክልተ ሰናቲም
ብምሃብ ዘለዋ ኵሉ እያ ሂባ።

ገንዘብ ካብ ዓለም ክወጽእ እንተ ኾይኑ ህይወትካ ድማ ምስኡ ካብ
ዓለም ክወጽእ ኣለዎ። ንርእስካ ከይወፈኻ ንኣምላኽ ክትገብረሉ ትኽእል
ዓቢ ኣበርክቶ ዳርጋ የለን። ገንዘብካ ጥራይ በይኑ ካብ ዓለም ክወጽእ
ክትልእኮ ኣይትኽእልን ኢኻ፡ ንስኻ ባዕልኻ ሒዝኮ ክትመጽእን
ክትወጽእን ኣለካ።

ስለዚ ገንዘብካ ካብቲ ግዝኣት ሰይጣን ናብቲ ግዝኣት ኣምላኽ
ክተመሓላልፎ ቀሊል ጉዳይ ኣይኮነን፡ ጻዕረ ኣለዎ። ካብ ገንዘብ ናብ
ኣምላኽ፡ ነብሳት ካብ ሰይጣን ክተምጽኣ ይቐልል። ብጸጋ ኣምላኽ ንሕና
ንኣምላኽ ብምልኣት ክይተወፈና ክለሙ'ውን ንሰባት ናብ ጐይታ
ክነምጽኦም ንኽእል ኢና። ገንዘብ ግን ክምኡ ኣይኮነን። ኣቕራሽና ናብ
ኣምላኽ ለዊጥና ክነምጽኦ ዝዓበየ መንፈሳዊ ሓይሊ ዝሓትት እዩ። ገንዘብ
ክም ሰብ ምልዋጥ ዘድልዮ እዩ። እዚ ምልዋጥ እዚ ግን ዘለሙ ገንዘብ
ናብ ቤት ኣምላኽ ብምምጻእካ ጥራይ ዝኽውን ጉዳይ ኣይኮነን። ገንዘብካ

ክትህብ ክለሙኻ ህይወትካ ድማ ምስኡ ክትወሃብ ኣለዋ፡ ሽዑ ጥራይ እዩ
ገንዘብና ካብ ናይ ሰይጣን ግዝኣት ተፈቲሑ ናብ ናይ ኣምላኽ
ዝመሓላለፍ። ናይ ኣገልግሎትና መንፈሳዊ ኣሳልጦ ብመጠን እቲ ካብቲ
ስርዓት ዓለም ሓራ ዝወጸ ኣብ ኢደና ዘሎ ገንዘብ እዩ ዝዕቀን። ኣነ ሕጂ
እሓተካ ኣለኹ፡ ገንዘብካ ሓራ ወጺኡ ድዩ? ኣብ ኢድካ ዘሎ ገንዘብ ኵሉ
ካብ ዓለም ሓራ ዝወጸ እዩ ክትብል ትኽእልዶ? ንኣምላኽ «ንኹሉ እቲ
ሰሪሐ ዘምጻእክዎ ድዩ ብህያብ መልክዕ ዝተቐበልክዎ፡ ናትካ ክኸውን
ክልውጦ እየ» ክትብሉ ፍቕደኛ ዲኻ?

ንጳውሎስ እዚ ንጹር እዩ ነይሩ። ናትኩም ዘይኮነስ ንዓኹም ኢና
ንደሊ ይብል ነበረ። ኣብ 2ቆሮ 8፡5 ኽኣ ነቶም ድኻታት እኳ ክነሶም
ኣዕዚዞም ዝሃቡ ማሕበራት መቂዶንያ ኣመልኪቱ «ብፍቕድ ኣምላኽ
ቅድም ንጐይታ ድሕሪኡ ኽኣ ንሕና ርእሶም ወፈዩ» ይብል። ጳውሎስ
ብሉይ ኪዳን ተማሂሩ ዝዓበየ ስለ ዝነበረ፡ ምውፋይ ወይ ምቕዳስ እቲ
ናብ እግዚኣብሄር ዝቕርብ ህያው ኵሉ ሳዕ ምስ ምውፋይ ወይ ምቕዳስ
እቲ ዘቕርቦ ሰብ ዝተተሓሓዘ ምኻኑ ኣጸቢቑ ዝፈልጥ እዩ። እዚ
ኣበሃህልኡ ኽኣ ካብኡ ክይተበገሰ ኣይተርፍን።

ኣምላኽ ዝተወሰነ ቀረብ ገንዘብ ጥራይ ክህልም ከለ ሰይጣን ግን
ዘይተኣደነ ቀረብ ገንዘብ እዩ ዘለዎ። እዚ ንብዙሓት ምስቲ ወርቅን
ብሩርን ናብቲ እዩ፡ ዝበሉ ቃል ኣነጻጺሮም ክድነቑ ይገብሮም ይኽውን።
ግን የሱስ ባዕሉ'ውን፡ ብዛዕባ ገንዘብ፡ ናይ ኣምላኽን ናይ ቁሳርን ክም
ዘሎ ተዛሪቡ ኣሎ። ዘርና ዘርና ኵሉ ማተርያል ዘበለ ናይቲ ፈጣሪ
ኾኑ ዝኽኦ ኣምላኽ ክም ዝኽኦ ዘካትዕ እኳ እንተ ዘይኮነ፡ ሕጂ ግን
እቲ ኣምላኽ ኣብ መኽዘኡ ዘለዎ ንዋይ ብመጠን እቶም ንእኡ ዝኽኦ
እተወፈዩ ሰባት እተደረተ እዩ።

ኣብ ዘመን ብሉይ ኪዳን እቲ ኣብ ቤት መቕደስ ክህሉ ዝግብኦ ገንዘብ
ኣምላኽ፡ ብቐሊሉ ብሕሳብ ክፍለዋ ዝከኣል እዩ። ብመሰረት ዘጽ 30፡11-
16 ነፍሲ ወከፍ እተቐጽረ እስራኤላዊ በኻ ነፍሱ ፍርቂ ሲቃል ብሩር፡
ብመሰረት ዘሁ 3፡39-51 ከኣ በኻ ነፍሲ ወከፍ በኽሪ ደቂ እስራኤል
ካብ ቁጽሪ ሌዋውያን ምስ ዝበዝሑ ሓሓሙሽተ ሲቃል ብሩር ኣታዊ
ይኽውን። ነዚ ክልቲኡ ኽኣ ብመሰረት ዘሌ 27፡1-8 ክከምቲ ሰብ ናይ
ፍታው መብጽዓ ዝኽፈል ይድመሮ። እምበኣር ብዝሒ ኣብ ቤት ኣምላኽ
ዘሎ ገንዘብ ብቁጽሪ እቲ ህዝቢ ኣምላኽን ፈትዮም ብዝገብርዎን መብጽዓን
እዩ ዝውሰን።

ናባና ተመሊስና ንርእስና ክንሓቶ ዝግብአና ሕቶ ኣሎ። ንሱ ኸኣ እዚ
ኣነ ዝሕሰ ዘለኹ ገንዘብሲ ተምሳል ናይቲ ኣብ ቤት መቕደስ ዝኣቱ
ሊቃል ድዩ ወይስ ገንዘብ ዓመጻ? እምብኣር ሓንቲ ቅርሺ'ውን ትኹን
ምስ ዝቕበል ወይ ዘእቱ ካብ ገንዘብ ዓለም ናብ ገንዘብ እቲ ቤት
መቕደስ ዝተለወጠት ምኻና ጊዚ ከይወሰድኩ ከረጋግጽ ይግብኣኒ። ገንዘብ
መጥፍኢና ወይ ከኣ መዕቆቢና ክኸውን ይኸእል እዩ። ንገንዘብ
ኣይትንዓቕ እቲ ምንታይ ዋጋኡ ዝነዓቕ ስለ ዘይኮነ። ንእግዚኣብሄር ከኣ
ዓቢ ረብሓ ክኸውን ይኸእል እዩ። ካብ ዓለም ልብኻን ነፍስኻን ሒዝካ
ወጺእካ እንተ ኼንካ ብፍቕድ ኣምላኽ ምሳኻ ብዙሕ ክቡር ነገራት ካብ
ዓለም ኣውጺእካ ኣሎኻ። ደቂ እስራኤል ካብ ግብጺ ክወጹ ከለዉ ምስኦም
ብዙሕ ወርቂ ሒዞም እዮም ወጺኦም። ደሓር እዚ ንመስርሒ ቤት
መቕደስ ውዒሉ። ርግጽዩ ገለ ካብኡ ንመስርሒ ሓደ ናይ ምራኽ ጣእት
ስለ ዝገበርዎ ንሱ ኣምላኽ ኣይከሰቦንን። ግን ኮሉ እቲ ንመስርሒ እቲ
ቤት መቕደስ ዝወዓለ ወርቂ ብሩር ነሓስ ከምኡ ድማ ኣጭዮቕቲ ካብ
ግብጺ ዝወጸ እዩ ነይሩ።

እምብኣር እዚ ክውንነት እዚ ኣብ ብሉይ ካብ ነበረ ከመይ ደኣ ሕጂ
ኣብ ሓድሽ ኪዳን እቲ ትምህርቲ ጸብለል ዘይብል? ገንዘብ ብዝምልከት፣
ትምህርቲ ሓድሽ ኪዳን ንርእስኻ ኢልካ እተጥርዮ ዘይብልካ ምኻን ኣብ
ዝብል ሓሳብ ዝተጠርነፈ እዩ። ጉይታ ኣብ ሉቃ 6:38 «ሃቡ ክወሃበኩም
እዩ» በለ እምበር «ቈጥብ-ሞ ሽዑ ክትህብትሙ ኢኹም» ኣይበለን።
ስለዚ እቲ ምስጢር ኣምላኻዊ በረኽትን ምውሳኽን ኣብ ምሃብ እምበር
ኣብ ምዕቋር ኣይኮነን ዘሎ። ኣምላኽ ካብ ነፍሲ ወከፍና፣ ብመጠን እቲ
ዘሎና፣ ብስሩዕ መገዲ ክንህብ እምበር ካብ ናይ ጊዚኡ ስምዒት ተበጊስና
ክንህብ ኣይደልየናን እዩ። ምስኡ ዘሎና ኪዳን ተረዲእና ብቐጻልነት
ክንህብ ይደልየና።

እምብኣር እቲ ንሰይጣን እንብገብዘሉ ፍቱን መገዲ ብውልቅና ንኣምላኽ
ዝተወፈና ምስ እንኸውን እዩ። ካብ ኣምላኽ ድሒንና ኢና ኢልና
ንኣምላኽ ፈጺምና ዘይተወሃብና ክንከውን ከኣ ዘይክኣል እዩ። 1ቈሪ 6፡
19-20 «ብዋጋ ተዓዲግኩም ኢኹም እሞ፡... ናይ ርእስኹም'ውን
ኣይኮንኩምን ...» ይብል። ኣብ ንግዲ ንዋፈር ወይ ኣብ ስብከት
ኣየገድስን እዩ። ኮላትና ምስክሩ ኢና፣ ኮላትና ኸኣ ንዕኡ ብማዕርነት
ዝተወፈና ኢና። ንግዲ ርኹስ እዩ፣ መንፈሳዊ ዕዮ ግና ንጹህ እዩ ዝብል
ኣበሃህላ ቅኑዕ ኣይኮነን። እቲ ኣውራ ዘገድስ፣ ኣምላኽሲ ህይወትና ድዩ
ዝብል እምበር እንታይ ዓይነት ስራሕ ኣሎና ዝብል ኣይኮነን።

«ንዓለም ወይ ነቲ ኣብ ዓለም ዘሎ ኣይትፍተዉ» ይብለና። ካብቲ

ቅዱስ ቅብኣት ኣለካ። እምበኣር ብእኡ ክትነብር ንኣምላኽ ርእስካ ሃብ፣
ብፍጽምናን ብምልኣትን ንእኡ ንበር። ኣብቲ ክትገብሮ ዝበኣለካ ኮሉ ነቲ
ኣብ ዓለም ዘሎ ካብ ናይ ሰይጣን ኣውጺእካ ኣብቲ ናይ ኣምላኽ ሕሳብ
ክተስግሮ ኣስተብህል። ምኽንያቱ «ዓለም ትሓልፍ እያ፣ ፍትወታ ኸኣ፣
እቲ ንፍቕድ ኣምላኽ ዝገብር ግና ንዘልኣለም ይነብር»።